

ክፍሊ 5

ማዓልቲ ኣውስትራሊያ

ማዓልቲ ኣውስትራሊያ

ኣብዚ ክፍሊ፡ ብዛዕባ ናይ ኣውስትራሊያ ባህሊ፣ (ሓደስትን ናይ ምምሕያሸን) ሓሳባትን ተግባራትን ኣንቀልቲን፣ ሃገራዊ መንነትን፡ ክትምሃሩ ኢኹም። ኣውስትራሊያ ርስንቲ ናይ ቢዝነስን ንግድን (ዲናሚካዊት) ማሓዛን፣ ከምኡውን ዝትሓፍረት ዓለም-ለኻዊ/ ግሎባዊ ዜጋ ኢያ። ኣውትራሊያውያን፡ ነቲ ሓደስቲ ማይግራንት ኣብ ናይ ሃገር ቀጻሊ ዕብየትን ሕዳሰን ዝገብርዎ ኣበርክቶ የኽብሩ።

እታ ምድሪ

ኣውስትራሊያ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለም ዝገደማ ግዙፍ ምድሪታት ኢያ። እታ ሻዱሸይቲ ዝዓበየት ሃገር ኣብ ዓለም፣ ከምኡውን እታ ዝዓበየት ደሴት ሃገር ኢያ። እታ ዝጸፍሐትን ዝደረቐት ሰብ ዝቕመጣ ግዙፍ ምድሪ እውን ኢያ። ሰፊሕ ክፍሊ ኣውስትራሊያ፡ ድኻ መሬትን ትሑት ዝናብን ዘለዎ ኢያ፤ ሕርሻ ንምክያድ ከቢድ ዝገብሮ። እቶም ደረቐ ማእከላይ ክፍልታት፡ ካብቲ ገማግም ባሕሪ ርሑቐ - ዘኣውትባከ (‘the outback’) ብዝብል ስም ኢዮም ዝጽውዑ፤ ብፍሉይ ካኣ፡ ገጠርን ሕሱም ከባቢያዊ-ዙርያታትን ኢዮም። ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ማይ ብጣዕሚ ብርቃዊ ንብረት ኢዩ።

ዓባይ ሃገር ብምኽና፡ ኣውስትራሊያ ዝተፈላለዩ ጠባያት ኣየር ዘሎዎም ክፍልታት ኣሎውዋ። ኣውስትራሊያ፡ ትሮፒካዊ ክፍልታት ብሰሜንን ምድረ-በዳታት ኣብ ማእከልን ኣሎዉዋ። ብደቡብ፡ ሙቐት ካብ ዝሑል ክራማት ምስ በረድ/ ውርጪ ጐቦታት፡ ኣብ ጊዜ ሓጋይ ካኣ ናብ ደረቐ ናይ ሙቐት-ማዕበላት ክቀያየር ይኽእል።

ኣብ ርእሲ እተን 6 ክፍለ-ሃገራትን 2 ቀንዲ-ምድሪ ንኡስ ክፍለ-ሃገራትን፡ እቲ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ነዘን ዝስዕባ ንኡስ ክፍለ-ሃገራት እውን የምሓድር ኢዩ፡

- ኣሸሞር አንድ ካርቴር ኣይላንድስ
- ክሪስትማስ ኣይላንድ
- ዘ ኮኮስ (ከአሊንግ) ኣይላንድስ
- ጀርቪስ በይ ተሪቶሪ
- ዘ ኮራል ኣይላንድስ
- ሂርድ ኣይላንድ አንድ መክዶናልድ ኣይላንድስ ኣብቲ ኣውስትራሊያን ኣንታርክቲክ ተሪቶሪ
- ኖርፎልክ ኣይላንድስ

ናይ ዓለም ቅርስታት ቦታታት

እዘን ዝስዕባ ኣውስትራሊያዊ ቦታታት ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትምህርታዊ፣ ስነ-ፍልጠታዊን ባህላዊን ውድብ (UNESCO) ናይ ዓለም ቅርስታት ዝርዝር ምዝገባት ኢየን።

ባህላዊ

- ኣውስትራሊያዊ ኮንቪክት ቦታታት
- ቡድጅ ቢም ባህላዊ መልክኣ-ምድሪ
- ሮያል ኤዝሂቢሽን ቢዩልዲንግ አንድ ካርልቶን ጋርደንስ ኣብ መልቦርን
- ሲድነይ ኦፐራ ሃውስ



ሲድነይ ኦፐራ ሃውስ

ባህርያዊ

- ኣውስትራሊያን ፎሲል ማማል ኣብ ሳውዝ ኣውስትራሊያን ኪንስላንድን (ሪቨርስለይህ/ ናራኮአርት)
- ክጋሪ/K'gari (ቀደም ሲል ፍራሰር ደሴት/formerly Fraser Island)
- ጎንዱዋና ረይንፎረስትስ ኣብ ኣውስትራሊያ
- ግረይት ባርየር ሪፍ
- ግረይተር ብሉ ማውንተይንስ ኤርያ
- ሂርድ ኣንድ መክዶናልድስ ኣይላንድስ
- ሎርድ ሆወ ኣይላንድስ ግሩፕ
- ማክኳርየ ኣይላንድስ
- ኒንጋሉ ኮስት
- ፑርኑሉሉ/Purnululu ብሄራዊ መናፈሻ ቦታ
- ሻርክ በይ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ
- ወት ትሮፒችስ ኦፍ ኪንስላንድ።

ሕውስዋስ

- ካካዱ ሃገራዊ ፓርክ
- ታዝማንያን ሃገራዊ ፓርክ
- ኡሉሩ-ካታ ትጁታ ሃገራዊ ፓርክ
- ዊልላንድራ ለይክስ ረጂዮን።




ናይ ማዕበል ቅርጺ ስርሓት ኣብ እማሪ ናይ ኣየርስ ከውሒ ኣብ ኡሉሩ-ካታ ትጁታ ሃገራዊ ፓርክ

ኣብ ርእሲ'ቲ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ምዕራባዊ ምስሊ-ንድፊን (iconography) ባህርያዊ ድንቅታትን፡ ንኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ፡ ኣሽሓት ቅዱሳት ቦታታት ኣብ ምሉእ ሃገር ኣሎዉ። እዞም ቦታታት እዚኣቶም፡ ኣደደስቲ ክፍሊ ናይ ኣውስትራሊያ ባህላዊ ፋብሪካ ኢዮም። ቅዱሳት ቦታታት መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ምስ ዛንታታት ናይ ጥንታዊ ፍጥረታትን ግደኣም ኣብ ምፍጣር እቲ ሰፊሕ መልክዓ-ምድርን፣ ባህላዊ ክብርታት ምስኳዕን፣ ናይ ቤተ-ሰብ ዝምድናታትን ማሕበራዊ ስነ-ስርዓትን ዝተኣሳሰሩ ኢዮም።

ሰፊሕ ሃገር

ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ምስዛ ምድሪ ፍሉይ ዝምድና ኣሎዎም። ርኽክብ ምስ ጐረባብቶም ኩሉ ጊዜ ክብሪ ምስ ሃብዎ ኢዩ፤ ንኽራኸቡ ክሳብ ነዊሕ ርሕቐት ይጉዓዙ። እቲ 'መስመራት-መዝሙር/ ደርፊ' ('song-lines')፡ ናይ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ዛንታታት ኢዮም - እቶም ዝተፈላለዩ ባህላዊን ናይ ቋንቋ ጉጅለታትን ሰንጢቑም ናብ ምሉእ ኣውስትራሊያ፡ ልምዳዊ ሕጊ፣ ታሪኽን ባህልን ምስ ጂኦግራፊ (እታ ምድሪ) ዘተኣሳስሩ። እዚኣቶም ንኣሽሓት ዓመታት ተዓቂቦምን ክዝውተሩ ዝጸንሑ ኢዮም።

ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ናይ ኣውስትራሊያ፡ ሰባት ንናይ ትምህርቲ፣ ጥዕና ኣገልግሎታትን ዱካናትን - እቲ ካልኦት ኣውስትራሊያውያን ከም ውሁብ ዝወስዱዎ - ውሱን ዕድል ኣሎዎም፤ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾነ ማሕበረሰባት ንዝነብሩ ሰባት ንምድጋፍ ብሓባር ንሰርሕ። ዓበይቲ/ ውሩያት ኣውስትራሊያውያን ሽግራት ናይ ርሕቐት ንምፍታሕ ብተባላሕነትን ጥበብን ብምስራሕ ሓጊዞም።



ታዝማንያን ጸምጸም በረኻ



እታ ብመርገጺ ራድዮ (ፐዳል ራድዮ)

ብ1929 ዓ.ም ኣልፍረድ ትረየጋር ዝብሃል ኤንጂነር፡ ካብ ኣደለይድ፡ እታ ቀዳመይቲ ብእግሪ ረኺጽካ ትምላእ ርራዲዮ ሰሪሑ/ ቀሪጹ። ተጠቀምቲ በእጋሮም ረኺጾም ከስርሑዎ ዝኽእሉ፡ ብክልተ-ኣገባብ ራዲዮ ክህልዎም ይክኣል ነይሩ። ናይ ጽምዋ ገዛውቲ፡ ርሑቕ ናይ ሚስዮናዊያን ጣብያታትን ኣቦሪጂናዊን ናይ ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ማሕበረሰባትን ኩሎም ካብዚ ምህዞ/ዚ ጥበባት ተጠቂሞም። እታ ብመርገጺ ራድዮ፡ ክልተ ዓበይቲ ኣውስትራሊያዊያን ትካላት፡ ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎትን (the Royal Flying Doctor Service) ቤት ትምህርቲ ብኣየር/ ብራዲዮን (the School of the Air) ንምምስራት ሓጊዛ።

እታ ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎት

ቀሺ/ ካህን ጆንፍሊን ኣብ ርሑቕ ቦታታት ምስ ዝነብሩ ማሕበረሰባት ተቐሚጡን ሰሪሑን/ ኣገልጊሉን። ንሱ ኣብቲ ርሑቕ/ ርሱዕ ቦታታት (ካብቲ ገማግም ባሕሪ ርሑቕ) ንዝነብሩ ሕሙማት ንምሕካም ብዝተኻእለ መጠን ብዝቐልጠፈ ብነፋሪት ዶክቶራት ንምምጻእ ሓሳብ ነይቱዎ። ነዚ ከውን ንምግባር፡ ካብቲ መንግስቲ፣ ካብ ኮታስ ኣየር መንገዲን (Qantas) ካብ ናይ ረዲኣት ማሕበራትን ሓገዝ ተቐቢሊ/ ረኺቡ። እታ ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎት ብ1928 ዓ.ም ጀሚራ፤ ይኹን'ምበር፡ ጌና ነቲ ኣገልግሎት ክጽውዑ ዘይክእሉ ሰባት ኣብ ርሑቕ ቦታታት ዝነብሩ ነይሮም። እቲ ምትእትታው/ ምጅማር ናይ 'ብመርገጺ ራድዮ'፡ ብጣዕሚ ንጹል ኣብ ዝኾነ ቦታታት ዝነብሩ ማሕበረሰባት ብዝተኻእለ መጠን ብዝቐልጠፈ ዶክቶር ክጽውዑ ከም ዝኽእሉ ርጉጽ ገይሩ ኢዩ።

ቤት ትምህርቲ ብኣየር/ ብራዲዮ

ክሳብ 1950'ታት፡ ኣብ ንጹል ቦታታት ዝነብሩ ቈልዑ፡ ኣብ ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ክሳተፉ ወይ ትምህርቶም ብደብዳቤ ክውድኡ ነይሩዎም። ኣደላይድ ሚየትከ (Adelaide Miethke)፡ ኣብ ሳውዝ ኣውስትራሊያ ምክትል ፕረሲደንት ናይታ ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎት፡ እታ በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎት ንቈልዑ ኣብ ገዝኣም፡ ምስ መምሃራኖም ክዛረቡ እውን ክትሕግዝ ከም እትኽእል ተገንዚቡ። ዘ ኣሊስ ስፕሪንግስ (The Alice Springs) ኣገልግሎት ብ1948 ዓ.ም፡ ክልተ-መገዲ ትምህርቲ ምቕላሕ/ ምሃብ ጀሚራ። እታ ቤት ትምህርቲ ብኣየር/ ብራዲዮ፡ ብወግዒ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ኢያ ተመስሪታ። ናይ ኣውስትራሊያ ተመኩሮ፡ ንብዙሓት ካልኦት ሃገራት ነናተን ተመሳሳሊ ፕሮግራማት ንምቋም ሓጊዙወን።

እታ ገዲም ብመርገጺ ራድዮ፡ ብ ላዕሊ-ሞገድ/ ፍሪኩንሲ ራድዮ ተቐባሊ/ ረሲቨርስ ተተክኣት፤ ሎሚ ድማ ብኢንተርነት ዝተተክአ ኢዩ። እታ ናይ ኣውስትራሊያ ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎትን፡ እታ ቤት ትምህርቲ ብኣየርን/ ብራዲዮ፡ ነቲ ኣብ ርሑቕ ቦታታት ናይ ኣውስትራሊያ ዝነበር ማሕበረሰባት ምግልጋልን ከረብሕ ምሕጋዝን ቀጺለን።

ናይ ኣውስትራሊያ መንነት

ናይ ኣውስትራሊያ መንነት ብብዙሓት ረቒሒታት፡ ጥንታዊ ውርሻታትናን ባህልታትናን፣ ናይ ብሪቲሽ መሰረታትናን፣ እቲ ናይ ህዝብና ብዙሕነት፣ ታሪኽና፣ እቶም ማዓልታዊ ህይወት ዝመርሑ ክብርታት፣ ኣነባብራናን በቶም ንሕና እነድንቐም ኣውስትራሊያውያንን ዘጠቓልል፡ ዝተቐርጸ ኢዩ።

ክፍሊ 6፡ ኣውስትራሊያዊ ዛንታና፡ ኣብቲ ታሪኽና ይጥምት፤ ዛንታና፡ ብዝበለጸ ኣብ ናይ ኣውስትራሊያ መግዛእታዊ ሕሉፍን፣ ናይ ኣቦሪጂናዊን ናይ ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ናይ ቀረባን ህልው ኩነታትን ዝትኣሳሰሩ ነገራት የትክል። እቲ ዛንታ፡ መበቆልን ባህርይን ናይ ኣውስትራሊያ ኣብዛሓ፣ ሕብረባህላዊ ሕብረተሰብ፣ ከምኡውን እቶም ከም ሃገር ብሓባር ዝገጠምናዮም መኽተታት - ከም ኩናታት ዝኣመሰሉ - እውን የጠቓልል።

እቲ ዝተረፈ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ፡ ናብ ገለ ናይቲ ንሕና እንኽተሎ ኣነባብራታትን ንሕና እነድንቐ ህዝብን ይጥምት።

ስፖርትን ምዝንጋዓትን

ብዙሓት ኣውስትራሊያዊያን ስፖርት ይፈትዉ፤ ስፖርተኛታት ኣውስትራሊያዊያን ድማ ኣብ ኣህጉራዊ ደረጃ ዝምስጥ ውጽኢታት ኣመዝጊቦም ኢዮም።

ኣብ ምሉእ ታሪኽና፡ ስፖርት ንኣውስትራሊያዊ ህዝቢ ብፍሉይ መንነት መልሚሉዎን የሕቢሩዎን ኢዩ። ካብ ፈለማ ምቕማጥ ጀሚሩ፡ ስፖርት ካብቲ ከውንነት ናይ ሕሱም ናብራ መህደሚ ፈጢሩ/ ኮይኑ። ዋላ'ውን ኣብ ጊዜ ኩናት፡ ኣባላት ናይቲ ኣውስታሊያዊ ናይ ምክልኻል ሓይሊ ነቲ ጭንቀት ናይ ዓውደኩናት ንምፍኻስ ከሕግዞም ናይ ስፖርት ውድድራት ይውድቡ ነይሮም።

ስፖርት፡ ንተጻወትን ተዓዘብትን ንኽልቲኦም ተሳታፊነት ከስምዖም ዕድል ዝህብን፣ ናይ ሓባር ባይታ ዝፈጥርን እውን ኢዩ። እዚ ንኣውስትራሊያዊ ማሕበረሰብ ኣገዳሲ ዝኾነ ክፋል ናይ ሓደ ነገር ኢዩ። ኣቦሪጂናዊን ናይ ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ስደተኛታት ኣውስትራሊያውያንን ካብቶም ናይዛ ሃገር ኣዝዮም ዕዉታት ስፖርታዊያን ኢዮም።

ብዙሓት ኣውስትራሊያውያን ኣብ ከም ክሪከት፣ ባስኬትቦል፣ ኩዕሶ ሰኪዐትን ሻኩን ዝኣመሰሉ ናይ ሓባራዊ/ ቲም ስፖርትታት ይሳተፉ። እቲ ናይ ኩዕሶ እግሪ ኮዳት፣ ራግቢ ሊግ፣ ራግቢ ዩኒዮንን፣ እቲ ብፍሉይ ኣውስትራሊያዊ ጸዋታ ናይ ኣውስትራሊያዊ ሕግታት ኩዕሶ እግሪ ('Aussie Rules')፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ክትጻወቶምን ክትዕዘቦምን ብጣዕሚ ፍቱዋት ስፖርትታት ኢዮም። ምሕምባስ፣ ተኒስ፣ ኣትለቲክስ፣ ጎልፍ፣ ሳይክሊንግ፣ ቡሽዎኪንግ፣ ሰርፊንግን ስኪዩንግ እውን ፍቱዋት ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት ኢዮም።

ኣውስትራሊያ፡ ብምኽንያት ኣህጉራዊ ዓወታ ብጸዋታ ክሪከት፡ ብፍሉይ ኩርዕቲ ኢያ። ኣውስትራሊያዊን ኢንግሊዛዊ ክሪከት ቲማት፡ ካብ ዳሕረዋይ መበል 19ኛ ክፍለ-ዘመን ንድሓር ብርቱዓት ተወዳድርቲ ጋንታታት ኢየን።

እቲ መልቦርን ዋንጫ፡ 'እቲ ነታ ሃገር ደው ዘበለ ቅድድም' ('the race that stops the nation') ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ናይ ፈረስ ቅድድም ኣብ ዓለም ኢዩ። እቲ ቀዳማይ መልቦርን ዋንጫ፡ ብ1861 ዓ.ም ተገይሩ። እቲ መልቦርን ዋንጫ፡ ኣብ 1ይ ሰሉስ ናይ ሕዳር ኢዩ ዝውዕል፤ ካብ 1877 ዓ.ም ኣትሒዙ ድማ ኣብ ቪክቶርያ ህዝባዊ ባዓል ኮይኑ።

ሰር ዶናልድ ብራድማን (1908 ዓ.ም–2001 ዓ.ም)

ሰር ዶናልድ ብራድማን፡ እቲ ዝተወርየ ክሪከት ባትስመን ናይ ኩሉ-ጊዜ፡ ኣውስትራሊያዊ ብስፖርት ስሙይ ኢዩ። ኣብ ቦውራል፡ ኒው ሳውዝ ወልስ ኢዩ ዓብዩ፤ ብ1928 ዓ.ም ናይ መጀመርያ ጸዋታ ናይ ክሪከት ንናይ ኣውስትራሊያዊ ቲም ተጻዊቱ።

ኣካላቱ ዝምእዘዞ፡ ብዘደንቕ ንጡፍ ነይሩ። ብ1930 ዓ.ም፡ ኣብ ናይ መጀመሪያ ጉዕዞኡ ናብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ዳርጋ ነቲ ዝጸንሐ ናይ ባቲንግ ብልጫታት ኩሉ ሰይሩዎ/ ሓሊፉዎ። ዕድሚኡ ወዲ 21 ምስ ኮነ፡ ድሮ ኣውስትራሊያዊ ስሙይ ሰብ ነይሩ። ኣብ ናይ መወዳእታ ጉዕዞኡ ብ1948 ዓ.ም፡ ቲሙ 'እቶም ዘይስዓሩ' ብዝብል ትፍለጥ ነበረት፤ ምኽንያቱ፡ ምስ ኢንግሊዝ ካብ ዝገበሩዎ ጸዋታታት ዋላ ኣብ ሓንቲ ግጥሚያ ኣይተሳዕሩን



ኣርትስ

ኣውስትራሊያ፡ ናይታ ሃገር ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደን ህዝብታት ባህላዊ ልምድታት ዘጠቓለለ፡ ድሙቕ ናይ ኣርትስ ቦታ ኣሎዋ። ኣውስትራሊያውያን ርእየታዊን ምርኢታዊን ኣርቲስታውያን፡ ኣብ ፊልም፣ ኣርት፣ ትያትር፣ ሙዚቃን ስዕስዒትን፣ ብሰፊሑ ኣብ ኣውስትራሊያን ኣብ ወጻኢን ዝንኣዱን ኣድናቕት ዘትረፉን ኢዮም።

ስነ-ጽሑፍ

ኣብ ስነ-ጽሑፍ ኣውስትራሊያ ሓያል ልምዲ ኣሎዋ። እዚ፡ ብናይ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደን ህዝብታት ዛንታ ምንጋር ጀሚሩ፡ በቲ ኣፋዊ ዛንታ ናይቶም ኣብ መወዳእታ 18ኛ ክፍለ-ዘመን ዝኣቶዉ በደለኛታት ቀጺሉ።

ብዙሕ ካብ ናይ ኣውስትራሊያ ናይ ፈለማ ጽሑፍ፡ ብዛዕባ'ቲ ጫካን ሽግራት ናይ ህይወትን ኣብ ከምቲ ዝበለ ሕሱም ከባቢያዊ-ዙርያ ኢዩ። ከምሄንሪ ላውሰንን ሚልስ ፍራንክሊንን ዝበሉ ጸሓፍቲ፡ ብዛዕባ'ቲ ጫካን ኣውስትራሊያዊ ኣነባብራ ህይወትን፡ ግጥምታትን ዛንታታትን ጽሒፉ።

ፓትሪክ ዋይት፡ ኣውስትራሊያዊ ናይ ልቢ-ወለድ ደራሲ፡ ብ1973 ዓ.ም ብስነ-ጽሑፍ ኖበል ብልጫ (Nobel Prize) ተሰለመ/ ተቐበለ። ካልኦት ውሩያት ኣውስትራሊያውያን ጸሓፍቲ፡ ፐተር ካረይ፣ ኮሊን መክኩሎውፍ፣ ሳሊ ሞርጋን፣ ቲም ዊንቶን፣ ቶም ኪንሊይን ብርይስ ኮውርትነይን የጠቓልል።

ዩዲዝ ራይት (1915 ዓ.ም–2000 ዓ.ም)

ዩዲዝ ራይት፡ ብልጽቲ ገጣሚት፣ ተጣባቒት ባህሪያዊ-ዕቀባን፣ ንመሰል ኣቦሪጅናዊ ህዝብታት ጐስጓስ ኣካያዲትን ነይሩ። ኣብ ግጥማ፡ ንኣውስትራሊያን ህዝባን ዘሎዋ ፍቕሪ ገሊጻ። ብዙሕ ስልማት፡ ከም ዘ እንሳይክሎፐዲያ ብሪታኒካ ብልጫ (the Encyclopaedia Britannica Prize) ብስነ-ጽሑፍን ዘ ኩንስ ወርቂ መዳልያ (the Queen's Gold Medal) ብግጥሚን ተዋሂባ። ከምኡውን ኣባል ናይቲ ኣውስትራሊያን ኮንሰርቫቲኦን ኮሚቲን ዘ ኣቦሪጂናል ትሪቲ ኮሚቲን ነይራ።

ዩዲዝ ራይት፡ ብክእለታ ከም ገጣሚትን፣ ብኣበርክቶኣ ኣብ ምምዕባል ኣውስትራሊያዊ ስነ-ጽሑፍን ማሕበራዊን ከባቢያዊ-ዙርያ ጽገናን ኢያ እትዝከር።



ትያትርን ፊልምን

ኣውስትራሊያዊ ተዋስኦታት፣ ፊልምታትን ፊልም ሰራሕትን ኣብ ኣውስትራሊያን ኣብ ወጻኢን ልሉያት/ ፍሉጣት ኢዮም። ኣውስትራሊያውያን ኣክቶርስ፡ ከም ኬት ብላንቸት፣ ጀፍረይ ሩሽ፣ ኒኮል ኪድማንን ህዩ ጃክማንን፣ ከምኡ ድማ ፊልም ሰራሕቲ፡ ከም ፒተር ዋይርን ባዝ ሉህርማንን ብምኽንያት ንኡድ ኣበርክቶኦም ኣብ ፊልም ብዙሕ ኣህጉራዊ ስልማት ተቐቢሎም ኢዮም።

ርእየታዊ ኣርት

እቶም ኣዝዮም ልሉያት ኣውስትራሊያውያን ኣበርክቶታት ኣብ ርእየታዊ ኣርት፡ እቶም ኩስማዊ ጥንታዊያን ቅብኢታትን እቶም ናይ መበል 19 ክፍለ-ዘመን ናይ ጫካ ቦታታት ቀባኡን፡ ከም ቶም ሮበርትስ፣ ፍረደሪክ መኩቢንን ኣርዘር ስትሪቶንን ኢዮም። ኣብ መፋርቕ መበል 20ኛ ክፍለ-ዘመን፡ ኣርቲስታውያን ራሰል ድርይደልን ሲድነይ ኖላንን ነቲ ሕሰም/ ምረት ናይቲ ምድረበዳዊ ርሑቕ ጸማጽም በረኻታት ብድሙቕ ሕብሪ ኣነጸርዎ። ለማቐነ፡ ብረት ዋይትለይ ብዘመዝገቦ ብርቂ/ ፍሉይን ርኡይን ቅዲ ኣህጉራዊ ውዕውዕ ኣድንቐ ረኺቡ። ጥንታዊ ኣርት፡ ብ ኣልበርት ናማትጂራ፣ እሚልይ ካይም ክንግወረየ፣ ግሎሪያ ፐትያረ፣ ሮቨር ቶማስን ክሊፎርድ ፖሴዩም ትጃፓልትጃሪን ዘጠቓልል፡ ኣብ ኣውስትራሊያን ኣብ ወጻኢን ብኽብደት ዝተሓሰቦ ኢዩ።

ሙዚቓን ሳዕስዒትን

ኣብ ቐረባ ጊዜ ብዝልዓለ ዝተፈልጠ ኣውስትራሊያዊ ናይ ሙዚቃ ድምጺ፡ ናይ ዲድገሪዱ፡ እቲ ጥንታዊ ናይ ሙዚቃ መሳርያ ኢዩ።

ኣውስትራሊያውያን፡ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ናይ ሙዚቃ ጠሊቐም ሓቑፍምን መሊኾምን ኢዮም፤ ብኣበርክቶታቶም ኣብ ክላሲካዊ፣ ህዝባዊን ሮክን ሙዚቃ ድማ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝተፈልጡ ኢዮም።

ብጣዕሚ ውሩያት ኣውስትራሊያውያን ሙዚቀኛታት፡ ከይሊ ሚኖጉ፣ ጂሚ በርነስ፣ ፓውል ከሊ፣ ኦሊቪያ ነውቶን-ጆን፣ ጆን ፋርንሃም፣ ኒክ ካቨን፣ ከምኡውን ጥንታዊያን ኣርቲስታዊያን፡ ኣርቺ ሮሽ፣ ጉሩሙልን ጀሲካ መውቦይን የጠቓልል። ኣውስትራሊያውያን ናይ ሙዚቃ ማሕበራት፤ ከም AC/DCን INXSን ዝበላ ኣብ ምሉእ ዓለም ስዒብቲ ረኺበን እየን።

ኣውስትራሊያዊ ሳዕስዒት፡ በቲ ከም ሰር ሮበርት ሄልፕማን፣ መርይል ታንካርድ፣ ስተፍን ፐጅን፣ ሊ ኩንሺንን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ተላህይቲን ክኢላታትን፡ ዝገብርዎ ጻዕርታት ዓምቢቡ ኢዩ። ባንጋራ፡ ብፍሉይ ቅዲ ኣሰራርሓኡ፡ ብ ሳዕስዒት፣ ናይ ሙዚቃ ኣቀራርጻ፣ ሙዚቃን ቅርጽን፡ ብሰፊሑ ብሃገርን ዓለምን ደረጃ ውሩይ ናይ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደን ናይ ሳዕስዒት ካምፓኒ ኢዩ።

ሳይንሳዊ ዓወታትን ምህዞን/ ናይ ምፍጣር ክእለታት

ኣውስትራሊያውያን ብሳይንሳዊ ዓወታት፡ ኣብ መድሃኒት፣ ቴክኖሎጂ፣ ሕርሻ፣ ዕደናን ፋብሪ-ምስናዕን መዳያት ድሙቕ/ ሓያል መዝገብ ኣሎዎም።

ብዙሓት ኣውስትራሊያውያን፡ ብሳይንሳዊን መድሃኒትን ፈጠራታትኖበል ብልጫ ተሰሊሞም ኢዮም።

ብሳይንስ ዕዉታት ዝኾኑ 'ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት' ብልጫታት እውን ተሰሊሞም ኢዮም። ብ2005 ዓ.ም፡ እቲ ስልማት ንፕሮፌሶር ፊዮና ዉድ፡ ነታ ሓዊ ንዝነደዱ ጥቓዓት 'ምንጻግ-ኣብ' (spray-on) ናይ ቁርበት መድሃኒት ዘማዕበለት ዜጋ ተዋሂቡ። ብ2005 ዓ.ም፡ እቲ ስልማት ንፕሮፌሶር ኢያን ፍረይዘር፡ ነቲ ንናይ ዓንቀር-ማህጸን መንሽሮ ከትባት ዘማዕበለ ዜጋ ተዋሂቡ። ብ2007 ዓ.ም፡ እቲ ብልጫ ንፕሮፌሶር ቲም ፍላነረይ፡ ነቲ ካብቶም ኣብ ናይ ከባቢያዊ-ዙርያ ዝመርሑ ሳይንቲስት ተሰሊሙ።

ፕሮፌሶር ዉድን ፕሮፌሶር ፍረይዘርን ክልቲኦም ካብ ብሪጣንያ ኢዮም ናብ ኣውስትራሊያ ተሰዲዶም። ንፕሮፌሶር ፍረይዘር ካልኣዩ-መሃዚ (co-inventor) እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሞተ ዶ. ጂኣን ዝሆው፡ እሞ ድማ ካብ ቻይና ዝተሰደን ኣውስትራሊያዊ ዜጋ ዝኾነን ኢዩ ነይሩ።

ዶ. ፊዮና ዉድ ኣይኤም
(ብ1958 ዓ.ም ዝተወልደት)

ዶ. ዉድ፡ ሓንቲ ካብቶም ናይ ኣውስትራሊያ ኣዝዮም ተባላሓትን ዝተኽብሩን ናይ መጥባሕቲን ናይ መጽናዕትን ዶክቶራት ኢያ። ብጣዕሚ ክእለት ዝመልኣ ናይ ፕላስቲክን ምጽግጋንን ዶክቶር ኢያ፤ ብሓዊ ምንዳድ ንዝስዕቡ ሽግራት፡ ኣብ ዓለም ብቐዳምነት እትስራዕ ክኢላን፣ ብዛዕባ ናይ ሓዊ ምንዳድ መድሃኒት ብዝምልከት ድማ፡ ናይ መጽናዕትን ቴክኖሎጂ ምምዕባልን ፈላሚት ኢያ።

ድሕሪቲ ምስ ናይ ባሊ ናይ ቦምብታት ደብዳብ ጥቓዓት ዘመዝገበቶ ስራሕ ቀጺሉ፡ ብ2003 ዓ.ም ዶ. ዉድ፡ ኣባል ናይቲ ኦርደር ኦፍ ኣውስትራሊያ ተሰምየት። ብዛዕባ ብሓዊ ንዝነደዱ እተካይዶ ዝነበረት ናይ ክንክን ኣበርክቶ፡ ብ2005 ዓ.ም ናይታ ዓመት ኣውስትራሊያዊት ምስ ተሰምየት ኢዩ ዝተለየ።



ፕሮፈሶር ፍረድ ሆሎውስ (1929 ዓ.ም–1993 ዓ.ም)

ፕሮፈሶር ፍረድ ሆሎውስ ህንጡይ/ ምሩጽ ናይ ዓይኒ ዶክቶር (ኦፐታልሞሎጂስት) ኢዩ ነይሩ፤ ንሱ ካብ ፣ ሚሊዮም ንላዕሊ ናይ ምርኣይ ሽግራት ንዝነበሮም ሰባት ኣብ ኣውስትራሊያን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ሓጊዙ/ የሕውዩዎም። ፍረድ ሆሎውስ ኣብ ነው ዘላንድ ኢዩ ተወሊዱ። ብ1965 ዓ.ም፡ ናብ ኣውስትራሊያ ግዒዙ፤ ቀጺሉ ድማ ኣብ ሲድነይ ሆስፒታል፡ ሓላፊ ናይ ዓይኒ ክፍሊ ኰይኑ።

ንሱ ብልዑል ደረጃ ኣብ ማዕርነት ናይ ኩሉ ህዝቢ ይኣምን ነይሩ፤ ነቲ ናይ መጀመርያ ኣቦሪጂናዊ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት፡ ከምቲ ሎሚ ኣብ ምሉእ ኣውስትራሊያ ብብዝሒ ዝርከቡ፡ ንምትካል ሓጊዙ።

ብ1980 ዓ.ም፡ ፍረድ ሆሎውስ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ናይ ዓይኒ ጥዕና መደባት/ ፕሮግራማት ኣብ ምትካል ንምሕጋዝ ኣብ ምሉእ ዓለም ይገይሽ ነይሩ። ኣብ ሚያዝያ 1980 ዓ.ም፡ ኣውስትራሊያዊ ዜጋ ኰይኑ።

ናይ ፕሮፈሶር ሆሎውስ ጽቡቕ ስራሕ/ ተግባራት በቲ ዘ ፍረድ ሆሎውስ መሰረት/ ትካል (Foundation) ቀጺሉ።



ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት

ካብ 1960 ዓ.ም ንድሓር፡ 'እቲ/ ታ ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት' ስልማት ንዓወትን ኣበርክቶን ናይ ቀንዲ/ ልዑላት ተዋሳእቲ ኣውስትራሊያውያን የብዕል ኢዩ። ዝኹነ ሰብ ንሓደ/ ንቲ ኣውስትራሊያዊ/ ት - ካብ ዝኹነ ይኹን ማሕበራዊ ወይ ሞያዊ ህይወት - ንስልማት ክ/ ትረኞሕ ይ/ ትኽእል ኢዩ/ያ።

ኣውስትራሊያውያን ናይዛ ዓመት፡ ሰባት፡ እቶም ኣብ ስርሖም ልዑል ግደ ዝተጻወትን ነዛ ሃገር ዘገልገሉን ኢዮም። ዝበለጸት ኣውስትራሊያ ኣብ ምህናጽ፡ ነናይ ገዛእ ኣራእስና ኣበርክቶ ንኽንገብር ሰብኣዊ ሕልናታትና ይቑሳቑሱን ይምክቱናን።

እቲ ስልማታት፡ መንእሰይ ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት፣ ገዲም ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመትን ናይ ኣውስትራሊያ ከባቢ ጅግናን የጠቓልል።

ናይዞም ናይ ሎሚን ናይቶም ዝቐደሙን ስልማት ዝወሰዱ ዜጋታት ዝርዝር ኣብ www.australianoftheyear.org.au ይርከብ ኢዩ።

ዶ. ጀይምስ ሙኤከ AM

ናይ ዓይኒ መጥባሕቲን ዕሮት ናይ ምክልኻል ጀማሪ 2020 ዓ.ም ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት



ዶ. ሙኤከ ሓባር-መስራቲ ናይ ብርሃን ንኹሉ (Sight For All)፡ ሓንቲ ግብረ-ሰናይ ማሕበር፡ ብመጽናዕትን፣ ትምህርትን፣ ትሕተ-ቕርጻን ብስልጠና ናይ መሳርሕቲን ኣብ ጃንዳ ሃገራት፡ ዕሮት ንምጥፋእ እትዕልም ኢዩ።

ዶ. ሙኤከ ዑረት ሓደ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ጉዳይ ምኽኑ ይኣምን፤ ስለዚ ሓንቲ ዓለም፡ ኣብታ ኩሉ ሰብ ክርኢ ዝኽእለላ፡ ንምፍጣር ይሰርሕ ኣሎ።

ፕሮፈሶር ሚቸለ ሳይመንስ (ብ1958 ዓ.ም ዝተወልደ)

ፕሮፈሶር ሳይመንስ ሚቸል [ብ1967 ዓ.ም ተወሊዱ]
ፕሮፈሶር ብኳንተም ፊዚክስ
ብ2018 ዓ.ም ናይታ ዓመት ኣውስትራሊያዊ



ኣብ ቅድመ-ግንባር ናይቲ "ናይ ጠፈር ውድድር ናይቲ ኮምፕዩቲንግ መዋእል" ኢላ እትጽውዖ፡ ፕሮፈሶር ሳይመንስ፡ ብኣንጻር'ቲ ንምፍትሑም ኣሽሓት ዓመታት ክወስድ ዝኽእል፡ ግድላት ብደቓይቕ ዝፈትሕ ኳንተም ኮምፕዩተር ንምህናጽ ትዕልም። ከምዚ ዝበለ ዳህሳስ፡ ንናይ መድሃኒት ስራሕቲን፣ ናይ ኣየር ጠባይ ምክትታልን፣ ባዕለን ዝዝወራ መኻይንን፣ ስርሓት-ሰብ ብልህነትን (artificial intelligence)፣ ካልእ ብዙሕን ንዝምልከት፡ ብንጡፍ ክምዕብሉ ኣብ ምግባር ዕቑር ዓቕሚ ኣሎዎ።

ብ2018 ዓ.ም፡ ፕሮፈሶር ሳይመንስ፡ ብዛዕባ ኳንተም ኢንፎርመሽን ሳይንስ ብዘመዝገቡቶ ተወፋይነትን ስራሕን፡ እታ ናይቲ ዓመት ኣውስትራሊያዊት ተጸውዐት። ብ2019 ዓ.ም፡ "ከም መራሒት ናይ ኳንተምን ኣቶሚክን ኤለክትሮኒክስ፡ ንናይ ሳይንስ ትምህርቲ ብዘበርከተተቶ ልዑል ኣገልግሎትን፣ ከምኡ'ውን ከም ኣብነታዊት ኣርኣያን" ንመንሰ'ቲ ልሉይ ኣበርክቶኣ፡ ኦፊሰር ናይቲ ኦርደር ኦፍ ኣውስትራሊያ ኩይና ተመደበት።

ናይ ኣውስትራሊያ ገንዘብ

እቲ ስእላዊ መግለጺ ናይ ገንዘብና፡ ህዝብን ኣምራትን የውክእ/ የመልክት፤ እቶም ንኣውስትራሊያ ኣገደስቲ ዝኾኑ።

እቶም ኣብ ገንዘብና ክርኣዩ ዝተመርጹ ሰባት፡ እቶም ኣብ ማሕበራዊ ጽገና፣ ሳይንስ፣ ፖሊትካ፣ ወተሃደራዊ ብቐዓትን ኣብ ኣርትን፡ ተበግሶን ዓቢ ተውህቦን ዘርኣዩ ሰባት ኢዮም።

ንግስቲ ኤልሳቤት ዳግማዊት (1926–2022)

ንግስቲ ኤሊዛቤት ዳግማዊት ርእሲ ሃገር ኣውስትራልያ እያ ነይራ። ንግስቲ ኣውስትራልያን ዩናይትድ ኪንግደምን እያ ነይራ። ኣብ ብምሉኡ እቲ ነዊሕን ዝተረጋግኣን ምምሕዳር ግዝኣታ ድልድልትን ጽኑዕን እያ ነይራ።



ፓርሊያመንት ሃውስን እቲ መንቐና/ ኣፍደገን - ፎርኮርት ሞዘይክን (Forecourt Mosaic)

ንድፋዊ ፕላን ናይ ፓርሊያመንትሃውስ፡ ኣብቲ ቅርጺ ናይ መልከዓ-ምድሪ ፕላን፡ እቲ ብናይ ፓርሊያመንትሃውስ ናይ ህንጻ ክፍሊ ቐሪቡ ዝነበረ፡ መሰረት ዝገበረ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣብ መንቐና ፓርሊያመንት ዘሎ ቅርጺ ሞዘይክ፡ ኣብ ናይ ማእከላይ ምድረ-በዳ ናይ ነጥቢ-ቅዲ ምቐባእ ብሚካኤል ነልሰን ጀጋማራ፡ 'Possum and Wallaby Dreaming' ዘርእስቱ መሰረት ዝገበረ ኢዩ።



ደይም መሪ ጊልሞር (1865 ዓ.ም–1962 ዓ.ም)

ደይም መሪ ጊልሞር፡ ጻሓፊት፣ ጋዜጠኛ፣ ገጣሚትን ምእንቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ጐስጓስ ኣካያዲትን ነይራ ንሳ ብጽሑፋን ከምኡውን በቲ ኣብ ክንዲ ደቀንስትዮን፣ ድኻታት ሰባትን፣ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ እትገብሮ ዘረባን ኢያ ትዝከር።



ኣበ 'ባንጆ' ፓተርሶን (1864 ዓ.ም–1941 ዓ.ም)

ኣንድርው ፓተርሶን ገጣማይ፣ ደርፊ ጻሓፊይን ጋዜጠኛን ነይሩ። ንሱ ኣብ ትሕቲ 'ባንጆ' ፓተርሶን ዝብል ስም ጽሒፉ፤ ብፍላይ ድማ እዘን 'Waltzing Matilda' ዝብላ ቃላት፡ እቲ ኣዝዩ ውሩይ ህዝባዊ ደርፊ ኣብ ኣውስትራሊያ ብምጽሓፉ ኢዩ ዝዝከር።



ካህን ጆን ፍሊን (1880 ዓ.ም–1951 ዓ.ም)

ካህን ጆን ፍሊን፡ ነታ ካብ ዓለም ቀዳመይቲ ብምብራር እትካየድ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት፡ እታ 'ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር' ኣገልግሎት ናይ ኣውስትራሊያ ጀሚሩዎ። ንሱ ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ናብ ርሑቕ ቦታታት ናይ ኣውስትራሊያ ብምምጻእ፡ ብዙሕ ህይወት ብምድሓኑ ኢዩ ዝዝከር።



መሪ ረይበይ (1777 ዓ.ም–1855 ዓ.ም)

መሪ ረይበይ ኣብቲ ግዝኣት ኒው ሳውዝ ወልስ ናይ ቢዝነስ ሰበይቲ ኢያ ነይራ። ድሕሪ ኣብ ኣውስትራሊያ ምእታዋ ከም ትሕቲ ዕድመ መንእሰይ ገበነኛ ተቐማጢት፡ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዝተሸብረት መራሒት ኰነት።



እዲዝ ኮዋን (1861 ዓ.ም–1932 ዓ.ም)

እዲዝ ኮዋን፡ ሶሻል ዎርከር፣ ፖሊትከኛን ናይ ደቀንስትዮ ተሓላቒትን ነይራ። ንሳ ኣብ ምሉእ ሃገር፡ እታ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ናብ ናይ ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንትት ዝተመርጸት ነይራ።



ደቪድ ዩናይፖን (1872 ዓ.ም–1967 ዓ.ም)

ደቪድ ዩናይፖን፡ ጸሓፋይ፣ ህዝባዊ ተዛራባይን ማሃዛይን ነይሩ። ንሱ ኣብ ሳይንስን ስነ-ጽሑፍን፣ ከምኡውን ኣብ ምምሕያሽ ኩነታት ናይ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታትን፡ ብዝገበሮ ኣበርክቶታትን ኢዩ ዝዝከር።



ሰር ጆን ሞናሽ (1865 ዓ.ም –1931 ዓ.ም)

ሰር ጆን ሞናሽ፡ ኤንጂኔር፣ ኣማሓዳሪን ሓደ ካብ ዝዓበዩ ኣውስትራሊያውያን ወተሃደራዊ ኣዛዚን/ ኮማንደር ኢዩ ነይሩ። ንሱ ብናይ ኣመራርሓ ክእለቱን፣ ብልሑን (ኤንተሊጀንስ) ኢዩ ዝዝከር።



ደይም ነሊ መልባ (1861 ዓ.ም–1931 ዓ.ም)

ደይም ነሊ መልባ ብናይ ዓለም ደረጃ እቲ ዝለዓለ ናይ ምድራፍ/ ምዝማር ድምጺ ዝነበራ ውርይቲ ሰብ ነይራ። ኣብ ምሉእ ዓለም ከም ‘ንግስቲ ናይ መዝሙር/ ደርፊ’ ፍልጥቲ፡ ንሳ እታ ቀዳመይቲ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝተፈልጠት ኣውስትራሊያዊት ደራፊት/ ዘማሪት ነይራ።



ሃገራዊ ማዓልታትን ጽምብል ባዓላትን

ናይ ኣውስትራሊያ ሃገራዊ ባዓላት፡ ብኤውሮጳዊ ሰፈራ ጀሚሩ ነቶም ጽምብል ባዓላትን እምነ-ኩርንዓትን ናይ ታሪኽና የንጸባርቑ።

ውሱናት ዕለታት

- **ኣብ1 ጥሪ፡** ምጅማር ናይ ሓዱሽ ዓመት፡ ናይ ሓድሽ ዓመት ማዓልቲ ይኽበር።
- **26 ጥሪ፡** ማዓልቲ ኣውስትራሊያ፡ ኣውስትራሊያዊ ምኽን እንታይ ማለት ምኽኑ ናይ ምንጽብራቕ፣ ናይ ሎሚ ኣውስትራሊያ ንምኽባርን፣ ንናይ ሓባር ታሪኽና ድማ ሞሳ-ምስጋና እንዝክረሉን እነቕርበሉን ጊዜ ኢዩ። እዛ ዕለት እዚኣ፡ ነቲ ምእታው ናይታ ቀዳመይቲ መርከብ ብ1788 ዓ.ም ኣብ ሲድነይ ኩቩ፡ ዓመታዊ ዝኽሪ ብፍሉይ ተመልከት።
- **25 ሚያዝያ፡** ኣንዛክ ማዓልቲ፡ ኣብ ጊዜ1ይ ውግእ ዓለም ናይ ኣውስትራሊያን ናይ ነው ዚላንድን ክፍሊ ሰራዊት ኣብ ጋሊፖሊ ዝወረደላ ዓመታዊ ዝኽሪ ተመልከት። ኣንዛክ ማዓልቲ፡ እታ ናይ ኩሎም ኣውስትራሊያውያን መስዋእቲ - ናይቶም ኣብ ኩናታት፣ ጐንጽታትን፣ ናይ ሰላም ምዕቃብ ተልእኾታትን፡ ዘገልገሉን ዝሞቱን እንዝክረላ ናይ ትካዘ ማዓልቲ ኢያ። ከምኡውን፡ እቲ ትብዓትን ግዴታን ናይ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣባላት ሰራዊት ነኽብርን፣ ብዛዕባ'ቲ ዝተፈላለየ ብዙሕ ትርጉማት ናይ ኩናት ካኣ፡ ንዝክርን ነመዛዝንን።
- **25 ታሕሳስ፡** ልደት፡ ኣብቲ ብምኽንያት እቲ ልደት ናይ እየሱስ ክርስቶስ ናይ ክርስትያን ጽምብል ባዓል መሰረት ብምግባር፡ ህያብ ናይ ምውህሃብ ማዓልቲ ኢያ።
- **26 ታሕሳስ፡** ቦክሲንግ ደይ ኣካል ናይ ልደት ባዓል ኢዩ።

ዝተፈላለዩ ዕለታት

- **ናይ ስራሕ ማዓልቲ ወይ ሸሞንተ ሳዓት ማዓልቲ፡ ናይ ሸሞንተ-ሰዓት ናይ ስራሕ ማዓልቲ** ናይ ኣውስትራሊያዊያን ሰራሕተኛታት ዓወታት ይብዓል - ኣብ ዓለም ቀዳመይቲ።
- **ፋሲካ፡** ከምቲ መግለጺ ናይቲ ክርስትያን፡ ብምኽንያት ሞትን ትንሳእን ናይ እየሱስ ክርስቶስ ብኽብሪ ይብዕል።
- **ናይ ንጉስ ዕለት ልደት/King's Birthday** እቲ ርእሲ ምምሕድዳር ኣውስትራልያ ብናይ ንጉስ ቻርለስ ሳልሳዊ/ King Charles III ልደት የብዕልዎ። ። እዚ ጽምብል ባዓል'ዚ ብዘይካ ኣብ ወስተርን ኣውስትራሊያን ኩንስላንድን ኣብ ነፍስ ወከፍ ክፍለ-ሃገርን ንኡስን ክፍለ-ሃገርን ኣብ 2ይ ሰኑይ ወርሒ ሰነ ይውዕል።

ካልኦት ህዝባዊ ባዓላት

ካልኦት ህዝባዊ ባዓላት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ክፍለ-ሃገራትን፣ ንኡሳን ክፍለ-ሃገራትን ዓበይቲ ከተማታትን ይውዕሉ ኢዮም። ንኣብነት፡ እታ ኣውስትራሊያን ካፒታል ተሪቶሪ፡ ካምበራ ማዓልቲ ኣሎዋ፣ ሳውዝ ኣውስትራሊያ ውለንታዊያን ማዓልቲ ኣሎዋ፣ ወስተርን ኣውስትራሊያ ካኣ ማዓልቲ መሰረት/ ምስረታ ኣሎዋ።

ካልኦት ኣገደስቲ ዕለታት (ብዘይካ ህዝባዊ ባዓላት)

- **ናይ ስኒት ሰሙን፡** ኣብታ ሰሙን፡ 21 መጋቢት እውን ኢዩ ዝውዕል፤ ባዓል ናይ ባህላዊ ብዙሕነትና ድማ ኢዩ።
- **17 መስከረም፡** ኣውስትራሊያዊ ዜግነት ማዓልቲ፡ እቲ ብኣውስትራሊያዊ ዜግነት ዝግለጽ ናይ ሓባር መተኣሳሰሪና እነብዕለሉ ማዓልቲ ኢዩ፤ ከምኡውን ብዛዕባ'ቲ ናይ ሃገርና መጻኢ ኣብ ምህናጽ/ ምቕራጽ ክንጸውዖ እንኽእል ግደ ነሰላስል።
- **ካብ 27 ግንቦት ክሳብ 3 ሰነ፡** ናይ ሃገራዊ ረኮንሲለአሽን (ምሕረትን ዕርቂን) ሰሙን፡ እቲ ዝያዳ ብሉጽ ፍትሕን፣ ንሓድነት ብምሕላቕን ኣብ ሓድሕድ ብምክብባርን ድማ ማዕረ ሃገርን፡ ንምምዝጋብ ብሓባር እንጽዕተሉ ሰሙን ኢዩ።

ኣውስትራሊያዊ ህዝቢ

ኣውስትራሊያ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለም ኣዝየን ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕብረተሰባት ኢያ። ዳርጋ 3% ናይቲ ህዝቢ ከም ኣቦሪጂናዊን/ ወይ ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ይልለ። ካብ ሓደ ርብዒ ንላዕሊ ናይ ኣውስትራሊያ ተቐማጦ፡ ካብ 200 ንላዕሊ ሃገራት ተሰዲዶም ዝመጹ፡ ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱ ኢዮም። እቲ ብዙሕነት ናይ ህዝቢ፡ ንኣውስትራሊያ ሃብታም ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቋንቋታት፣ እምነታት፣ ልምድታትን ባህልታትን ይገብራ ።

ኣውስትራሊያ፡ ከም ኣባል ናይቲ ናይ ሃገራትኮሞንወልዝ መጠን፡ ምስ ዓባይ ብሪጣንያ ገና ጥቡቕ ምትእስሳር ኣሎዋ።

ህዝቢ ኣውስትራሊያ ብኣውስትራሊያዊ ዜግነቱ፡ እቲ ኣገዳሲ ናይ ውህደት ኪዳኑ ኣብቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕብረተሰብና፡ ሓበን ይስምዖ። ኣውስትራሊያዊ ዜግነት ማዓልቲ፡ ዓመት መጸ ዕለት 17 መስከረም ኢያ ትብዕል። ንኹልና ኣውስትራሊያውያን ዜጋታት፡ ሃገርና ኣብ ምህናጽን፣ መጻኢኣ ኣብ ምቕራጽን ክንጸወዖ እንኽእል ግደ እነሰላስለላ ማዓልቲ ኢያ።

ናይ ኣውስትራሊያ ምጣነ-ሃብቲ

ኣውስትራሊያ፡ ርጉእን ተወዳዳሪን ምጣነ-ሃብቲ ኣሎዋ፤ ነቲ ኣበራባሪን/ ብርቱዕን ክኢላን ሰራሕተኛ-ሓይላ ካኣ ክብሪ ትህብ። እቲ ኣብ ኣውስትራሊያ ህዝቢ ብሓጎስ ዘሕልፎ ብሉጽነት ናይ ህይወት፡ ሓደ ካብቶም ዝላዓሉ ኣብ ዓለም ኢዩ።

ዲክ ስሚዝ (1944 ዓ.ም ዝተወልደ)

ዲክ ስሚዝ ኣውስትራሊያዊ ናይ ቢዝነስ ሰብ፣ ፍኑውን ናይ ግብረሰናይ ሰብን ኢዩ። ጸጋኡ ካብ ናይ ኤለክትሮኒክስ ቢዝነሱ ኢዩ ኣጥርዩዎ፤ ኣውስትራሊያ ንኽትስጉም ድማ ሃብቱ ኣብ ጥቕሚ ኣውዒሉዎ። ንሱ ኣውስትራሊያዊ-ጥራይ ናይ መግቢ ካምፓኒ ተኺሉ፤ ከምኡ ድማ ካምፓኒታት ብኣውስትራሊያዊ-ዝውነን ክኸሮና ንምሕጋዝ፡ ሚልዮናት ዶላራት ገንዘብ ኣውፊሩ።

ብ1980 ዓ.ም 'ኣውስትራሊያዊ ናይታ ዓመት' ተሰሊሙ ነይሩ፤ ተክኒካዊ ምዕማለን ከባቢያዊ-ዙርያ ዕቀባን ብዝምልከት እውን ብልጫ ስዒሩ። እቲ ነይ ኣውስትራልያን እቲ ታዝማን ባሕሪን፡ ብውዑይ ኣየር ባሉን (in a hot air balloon) ዝሰንጠቕ ሰብ ነይሩ። ብህንጡይ መንፈሱ፣ ብዓወቱ ኣብ ቢዝነስን ብሓርበኛነቱን ፍሉጥ ኢዩ።



እቲ ዕዳጋ

ናይ ኣውስትራሊያ ርጉእ ዘመናዊ ገንዘባዊ ትካላትን፣ ቀረጽን ንግዳዊ መምርሒታትን ንናይ ቢዝነስ ንጥፈታት ርጉጽነት ይህብ። ናይ ኣገልግሎት ኢንዱስትሪታት፡ ቱሪዝም፣ ትምህርቲን ገንዘባዊ ኣገልግሎታትን፣ ዘጠቓለለ፡ ካብ ናይ ኣውስትራሊያ ጠቕላል ዘቤታዊ ፍርያት፡ ዕዙዝ ዓቐን የምህር።

ናይ ኣውስትራሊያ ምጣነ-ሃብታዊ ርግኣት፡ ንምውፋር ገንዘብ (investment) መሳጢት መዓርፎ ይገብራ። ናይ ኣውስትራሊያ ዕዳጋ ኣክሲዮን ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ኣብ ዞና ኣስያ-ፓሲፊክ ኢዩ።

ንግዲ

ናይ ኣውስትራሊያ ናይ ንግዲ ኣዕሩኽ፡ ቻይና፣ ጃፓን፣ ዘ ዩናይትድ ስተይትስ፣ ሳውዝ ኮሪያ፣ ሲንጋፖር፣ ህንዲ፣ ኒው ዘላንድን ዘ ዩናይትድ ስተይትስን ኢየን። ናይ ኣውስትራሊያ ቀንዲ ንወጻኢ ዝስደዱ ትሕዝቶ (exports)፡ ጭቡጥ ፍሓም/ ኮል፣ ጭቡጥ ሓጺን፣ ባህርያዊ ጋዝን ትምህርትን ቱሪዝም ኣገልግሎትን ኢዮም። እቲ ምጣነ-ሃብቲ ክፉት ኢዩ፤ ንግዲ ድማ ንናይ ኣውስትራሊያ ምጣነ-ሃብታዊ ብልጽግና ኩሉ ጊዜ ቀንዲ ኣበርካቲ ኢዩ።

ዕደና

ኣውስትራሊያ ብባህርያዊ ምንጪ፡ ከም ጭቡጥ ፍሓም/ ኮል፣ ኑሓሲ፣ ሊኩፊድ ባህርያዊ ጋዝን ማዕድናዊ ሑጻን ሃብታም ኢያ። ኣብ ምሉእ ዓለም ላዕሊ ጠለብ ዘሎዎም ኢዮም።

ኣውስትራሊያ ከም ዓለማዊ ዜጋ

ኣውስትራሊያ፡ ከም ሓንቲ ጥዕይቲ/ ስነ-ስርዓት ዘለዋ ዓለማዊት ዜጋ፡ ብእትጻወቶ ግደ ኩርዕቲ ኢያ። ኣውስትራሊያውያን ነዚ፡ ንድኻታት ሰባት/ ኣህዛብ ኣብ ዓለም ብምሕጋዝ የመስክሩዎ/ የርእዩዎ።

ኣህጉራዊ ረዲኦትን ሰብኣዊ ስጉምትታትን

እቲ ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ኣህጉራዊ ናይ ረዲኦት ፕሮግራም፡ ድኽነት ንምትሓትን ዘላቒ ምዕብልና ንምምዝጋብን፡ ንዝምዕብላ ሃገራት ይሕግዝ። እዚ ድጋፍ ኣብቲ ዞናን ኣብ ምሉእ ዓለምን ሰባትን መንግስታትን ብምሕጋዝ ይካየድ።

ኣብ ሃገርና ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ከበድቲ ሓደጋታት ኪጋጥሙ ከሎዉ፡ ኣውስትራሊያውያን ዓቢ ልግሲ የርእዩ። ተኽታታሊ ስቅያት ንዝወርደን ሃገራት፡ ብግላዊ ወፈያን ብናይ ረዲኦት ፕሮግራምን ኣቢልና፡ ኩሉ ጊዜ ብስሩዕ ነወፊ እውን ኢና።

ብ2018 ዓ.ም፡ ዶክቶር ሪቻርድ ሃሪስን ዶክቶር ክረይግ ቻለንን እቲ ካልኣይ-ዝለዓለ ኣውስትራሊያዊ ድፍረት ንሻን፡ እቲ ናይ ትብዓት ኼኾብ፣ ኣብ ርእሲኡውን ን12 ትሕቲ-ዕድመን ኣሰልጣኒኦምን ካብቲ ዝተደበይዎ ናይ ብዓቲ ሰንሰለት ኣብ ታይላንድ ንምድሓን ብዝገበርዎ ፈተነታት መዳል ኦፍ ዘ ኦርደር ኦፍ ኣውስትራሊያ (OAM) ተሰሊሞም።

ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት

ኣውስትራሊያ፡ ካብ ምጅማሩ ካብ 1945 ዓ.ም ኣትሒዛ፡ ንጥፍቲ ኣባል ናይ ሕቡራት ሃገራት (UN) ኢያ። ኣውስትራሊያ፡ ብናይ 1951 ዓ.ም ናይ ሕ.ሃ ናይ ስደተናታት ስምምዕ/ ውዕል መሰረት ስደተኛታት ምኽኖም ንዝተለለዩ ሰባት፡ መጸግሚ/ዕቑባ ትህብ። ከምኡውን ናብ ዝምዕብላ ሃገራት ናይ ሕ.ሃ ምዕቃብ-ሰላም መደባትን ሰብኣዊን ህጹጽ ረዲኦታትን ኣበርክቶ ትገብር፤ ምስ ናይ ሕ.ሃ ናይ ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህላዊ ውድባትን ካኣ ልዑል ተራ/ ግደ ኣሎዋ።

ብ1971 ዓ.ም ኣውስትራሊያ ምሉእ ኣባል ናይቲ ውድብ ኤኮኖሚያዊ ምትሕግጋዝን ምዕባለን (OECD) ኰነት። እታ (OECD) ናይ ዓለም ንግዲ እናስፋሕሐካ ከሎ፡ እቲ ኤኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ህይወት ናይ ህዝቢታት ኣብ ምሉእ ዓለም ንምምሕያሽ ዕላማ ትገብር።

ኣውስትራሊያ፡ ኣብቲ ኤስያ-ፓሲፊክ ዞና ጥቡቕ ምትሕብባር ኣጸቢቓ ትድግፍ። ኣብቲ ኤስያ-ፓሲፊክ ምትሕግጋዝ፣ ኢስት ኤስያ ሳሚትን፣ ኣብቲ ፓሲፊክ ኣይላንድስ ፎረምን ንጥፍቲ ኣባል ኢያ። ኣብ 'ውድብ ናይ ደቡብ-ኤስያ ሃገራት ዝርርብ' ጃንዳ ኢያ፤ ኣብቲ እተካይዶ ዞናዊ ፎረም ካኣ ትሳተፍ ኢያ።

ዶክቶር ካተሪን ሀምሊን AC (ዝተወልደት 1924 ዓ.ም - 2020 ዓ.ም)

ዶክቶር ካተሪን ሀምሊን ናይ ማህጸን ዶክቶር ነይራ፤ ኢትዮጵያዊያን መንእሰያት ደንስትዮ ካብ ናይ ስቓይ ህይወት ብምድሓን ዝተወርየት። ካብ 1959 ዓ.ም ኣትሒዛ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሕርሲ ጉድኣ - ቀኖስሊ ሕርሲ (obstetric fistula') ተባሂሉ ዝፍለጥ - ንዝወረደን ደቀንስትዮ ብምሕጋዝ ሰሪሓ። ከምዚ ዝዓይነቱ ውሽጣዊ ጉድኣት ዝወርደን ደቀንስትዮ፡ ናይ ኣካላተን ኣሰራርሓ ክቁጻጸራ ኣይክእላን'የን፤ በዚ ካኣ፡ ብሕፍረት ይውሓጣን ካብ ማሕበረሰባተን ንጹላት ይኸናን።

ዶክቶር ሀምሊንን ብዓል-ቤታን ነቲ 'ኣዲስ ኣበባ ናይ ቀኖስሊ ሕርሲ ሆስፒታል' (Addis Ababa Fistula Hospital) ሰሪሖም/ ኣቑሞም። ብዝገበሩዎ ጻዕርታት፡ ኣሽሓት ደቀንስትዮ ምሉእን፣ ጥዕና ዝመልኦን ህይወት ንኽመርሕ ንገዝኦን ክምለሳ ይኽእላ ኣሎዋ።

ብ1995 ዓ.ም፡ ዶ. ሀምሊን፡ ኮምፓኒዮን ኦፍ ዘ ኦርደር ኦፍ ኣውስትራሊያ (OAC) ኰይና፡ እቲ ዝልዓለ ኣውስትራሊያዊ ስልማት፡ ተሰሊማ።



ኣውስትራሊያዊ ኖበል ኣኽሊል ዝደፍኡ/ ክብሪ ዝረኸቡ

ኣውስትራሊያ ብሳይንስን ናይ መድሃኒት ምርምርን(ረሰርች) ፍልጥቲ ኢያ። እዞም ዝስዕቡ ኣውስትራሊያውያን ኣብዞም ዓውደ-ስራሕቲ ኖበል ብልጫ ስዒሮም።

- ፕሮፈሶር ዊልያም ብራግ (1862 ዓ.ም-1942 ዓ.ም) ላውረንስ ብራግ (1890 ዓ.ም-1971 ዓ.ም): ናይ ፊዚክስ
  ፈላጣት: ዊልያም ብራግ (ኣቦ) ላውረንስ ብራግ (ወዱ): ብ1915 ዓ.ም: ኤክስ-ረይ (X-rays) ብምጥቃም ብዛዕባ ናይ ክሪስታል ቅርጻታት (the analysis of crystal structure by means of X-rays) ብዘካየዱዎ ምርምር: ንስለ ኣገልግሎቶም ክልቲኣም ብሓባር ስራሕቲ ኖበል ብልጫ ተሰሊሞም።
- ሰር ሃወርድ ዋልተር ፍሎረይ (1898 ዓ.ም-1968 ዓ.ም): ናይ ሬሳ ምርምር ክእለት ዝነበሮ ፓቶሎጂስት (pathologist):
  ኣብ ኣደለይድ: ደቡብ ኣውስትራሊያ ዝተወልደ፣ ብ1945 ዓ.ም ፐንስሊንን፣ ናይ ምፍዋስ ሓይሉ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ናይ ረኽሲ ሕማማትን ብምፍጣሩ (ብሓባር) ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒት ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ሰር ፍራንክ መክፋርለይን ቡርነት (1899 ዓ.ም-1985 ዓ.ም): መዲካል ሳይንቲስትን ባዮሎጂስትን :
  ኣብ ቪክቶርያ ዝተወልደ: ብ1960 ዓ.ም ድማ ናይ ኣካላት ጸረ-ኢንፈክሽን-ዓቕሚ ብርግኣት ጽሮት ምድላብ ን ጸረ-ኣካላት ብሰለይታ ጽሮት ምሃብ (acquired immunological tolerance) ፍልጠት ብምድህሳሱ (ብሓባር) ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒት ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ሰር ጆን ካረው አክለስ (1903 ዓ.ም-1997 ዓ.ም): ፊዝዮሎጂስት (physiologist):
  ኣብ መልቦርን ዝተወልደ: ብ1963 ዓ.ም ድማ 'ብዛዕባ ናይ ኣቶም -ve ወይ + ve ወልዓ ዘሎ ብልሓት (መካኒዝም) ናይ ምፍትታሕን - ምግታእን ባህርያት ኣብቲ ወሰናስን ወይ ማእከላይ ክፍልታት ናይቲ ነርቭ-ዋህዮ ግዳማዊ ኣካል (መምብረይን) ሳይንሳዊ ዳህሳስ ብምግባሩ (ብሓባር) ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒት ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ሰር በርናርድ ካትዝ (1911 ዓ.ም-2003 ዓ.ም): ፊዚሻንን ባዮፊዚስትን :
  ኣብ ጀርመን ዝተወልደ: ብ1941 ዓ.ም ኣውስትራሊያዊ ዜጋ ኮይኑ። ብ1970 ዓ.ም ድማ ብዛዕባ ናይ ኣካላት ፈሳሲን ኢምዩን መልስታት (ጸረ ንዝኸኑ ነገራት) ዝተኣሳሰረ ኣብ ናይ ነርቭ መዓርፎታትን እቲ ብልሓት ናይ ኣካዛዝናኣምን፣ ምፍታሕን፣ ኣነቓቕላታቶምን ዘሎዉ መተሓላለፊታትን: ሳይንሳዊ ዳህሳስ ብምግባሩ ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒትኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ፕሮፈሶር ጆን ወርካፕ (1917 ዓ.ም-2007 ዓ.ም): ከሚስት :
  ኣብ ሲድነይ ዝተወልደ: ብ1975 ዓ.ም (ብሓባር): ብዛዕባ ሓድ ክፍሊ ናይ ከሚስትሪ: ስሉሳዊ ኣሰራርዓ ኣቶምን ሞለክዩልን፣ ኣብ ከሚካል መስርሕ - ኤንዛይም ከም መቃላጠፊ - ዝፈጥሮ ውጽኢትን: ብዘካየዶ ስራሕ ድማ ብከሚስትሪ ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ፕሮፈሶር ፒተር ዶሀርቲ: ኢሚዩኖሎጅስት :
  ብ1940 ዓ.ም ኣብ ኩንስላንድ ዝተወልደ: ብ1996 ዓ.ም (ብሓባር) ብዛዕባ ናይ ፍልዩነታት እቲ ኣብ ክንዲ ብኣንቲቦዲስ: ብዋህዮ ዝተሰነየ ኢምዩን ምክልኻል ብዘካየዶ ሳይንሳዊ ዳህሳስ ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒትኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።
- ፕሮፈሶር ባሪ ማርሻልን: ጋስትሮኤንተሮሎጂስት (ብ1951 ዓ.ም ዝተወልደ)፣ ዶክቶር ሮቢን ዋረንን: ፓቶሎጂስት (ብ1937 ዓ.ም ዝተወልደ): ብ2005 ዓ.ም ክልቲኣም ብሓባር ...ብዛዕባ ኣብ ጨጎራን ማዓናጡን ዝፍጠሩ ባክተሪያን ዝተጠዋወየ ባክተሪያን ('the bacterium Helicobacter pylori') ዘስዕቡዎ ናይ ከስዐ ነድሪን፣ ናይ ውሽጢ ኣካላት ቑስሊን ካልኦት ውሽታዊ ሕማማትን ዝምልከት: ብዘካየዱዎ ሳይንሳዊ ዳህሳስ ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒትኖበል ብልጫ ተሰሊሞም።
- ፕሮፈሶር ኤልሳበጥ ሄለን ብላክበርን: ባዮሎጂስት
  (ብ1948 ዓ.ም ኣብ ሆባርት ዝተወልደት): ብ2009 (ብሓባር) ብዛዕባ ክሮሞሶምስ ከመይ ብተሎመረስን እቲ ኤንዛይም ተሎመራስን ይሕሎዉ ('for the discovery of how chromosomes are protected by telomeres and the enzyme telomerase') ብዘካየደቶ ሳይንሳዊ ዳህሳስ ናይ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒትኖበል ብልጫ ተሰሊማ።
- ፕሮፈሶር ብራይን ፒ. ሽሚት: ኣስትሮኖመር
  (ብ1967 ዓ.ም ዝተወልደ): ብ2011 ዓ.ም (ብሓባር) ኣብ ልዕሊ ሓደ ርሑቕ ዝኾነ ኮኾብ (ሱፐርኖቫኣ) ብዘካየዶ ትዕዝብቲ ብዛዕባ'ቲ ቅልጡፍ ኣዘራጋሐ ናይዛ ኣድማስ (universe) ብዘቕረቦ ሳይንሳዊ ዳህሳስ ብፊዚክስ ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።

እዚ ዝስዕብ ኣውስትራሊያዊ ብስነ-ጽሑፍኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።

- ፓትሪክ ዋይት (1912 ዓ.ም-1990 ዓ.ም): ኖቨሊስትን ፕለይራይትን: ካብ ኣውስትራሊያውያን ወለዲ ኾይኑ:
  ኣብ ሎንዶን ተወሊዱ። ብ1973 ዓ.ም ብናይ ቅኔን ሳይኮሎጂካዊ ዛንታ ኣርትን: በቲ ሓድሽ ምዕራፍ ናብ ስነ-ጽሑፍ ዘተኣታተወ ኣበርክቶኡ: ፓትሪክ ዋይት ብስነ-ጽሑፍ ኖበል ብልጫ ተሰሊሙ።



ክፍሊ 6

ኣውስትራሊያዊ ዛንታና

ኣውስትራሊያዊ ዛንታና

ናይ ኣውስትራሊያ ዛንታ ብብዙሓት ሰባትን ተረኽቦታትን ዝተቐርጸ ኢዩ።

ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ

ቀዳሞት ተቐማጦ ህዝብታት ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ኣቦሪጅናውያንን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን እቶም ኣብ ዓለም ዝገደመን፣ ዝቕጽል ህያው ባህልን ልምድታትን ዘሎዎም፡ ኢዮም።

እቲ ኣርክዮሎጂካዊ መዝገብ፡ ኣቦሪጅናዊ ህዝብታት ናብ ኣውስትራሊያ ቅድሚ 65,000ን 40,000ን ዓመታት ከም ዝመጹ የመልክት። ይኹን'ምበር፡ እትም ኣቦሪጅናዊያን ህዝብታት፡ ምስ ዛንታታት ኣፈጣጥራ ናይዛ ምድሪ እዚኣ የተኣሳስርዎ፤ ብኡ መሰረት፡ ናይ ኣፈጣጥራኡም ዛንታታት ካብ ምጅማር ጊዜ ዝጅምር ምኸኑ ይኣምኑ።

ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዛብታት፡ ጌና ክሳብ ዕለተ-ሎሚ ዝምርሑሎም መዋእል ዝዕድመኣም እምነታትን ልምድታትን ኣሎዉዎም። ኣብ ዛንታታቶምን፣ ብኣርትን ሳዕስዒትን ዝግለጹ፡ ምስዛ ምድሪ ዓሚቑ ዝምድና ኣሎዎም።

ቋንቋታት

ቅድሚ ናይ እንግሊዝ ሰፈራ፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ካብ 700 ንላዕሊ ቋንቋታትን ላህጃታት ብኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዛብታት፡ ይዝውተር ነይሩ። ሎሚ ዋላ'ኳ ካብ 20 ንታሕቲ ጌና ናብ ቁልዑ ዝሰጋገራ እንተ ሃሎዋ፡ ካብ 100 ንላዕሊ ካብዘን ቋንቋታት እዚኣን፡ ጌና ኣብ ጥቕሚ ኣሎዋ። እቲ ኣፋዊ ታሪኻት ናይቲ ጥንታዊ ባህልታት፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኢዮም፤ ምኽንያቱ፡ እቲ ዛንታ ናይቲ ህዝብን ናይታ ምድርን ስለ ዝነግሩ።

እቲ ምሕላም

እቲ ምሕላም ምዕራባዊ ኣጸዋውዓ ኢዩ፤ መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ስርዓት ናይ ፍልጠት፣ እምነትን ስነ-ስርዓትን፡ እቲ ንህይወት ናይ ኣቦሪጂናዊ ህዝብታት ዝመርሕ፡ ንምግላጽ ዝዝውተር።

እቶም ዛንታታት ናይቲ ምሕላም፡ ነቶም ቁልዑ ብወለዶምን ሽማግለታት ሰባትን ኢዮም ዝንገሩ። እዞም ዛንታታት እዚኦም፡ ነቶም ቁልዑ ምድሮም ከመይ ኢላ ከም ዝተቐርጸትን ከም ዝተነብረትን ይምህሩዎም። እዞም ዛንታታት እዚኦም፡ ነቶም ቁልዑ ተግባራዊ ትምህርቲ፡ ከምኒ ኣብቲ ጫካ መግቢ ኣበይ ከም ዝርከብ፡ እውን ይህቡዎም ኢዮም።

ዛንታታት ናይቲ ምሕላም፡ *ሙዚቃ፣ ደርፊ/ መዝሙር፣* ሳዕስዒትን ብምጥቃም ኢዮም ዝንገሩ። ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ከደርፉን ከስዕስዑን ከሎዉ፡ ናብ ኣቦዋቶም ብጣዕሚ ዓሚቑ ምትእስሳር ይስምዖም።

እቲ ኣስሊመልክዕ ናይ ጥንታዊ ኣርት፡ ውቕሮ ከውሒ ወይ ቅብእታትን ብመሬት ቅርጽታትን ኢዮም ነይሮም። እቶም ኣብቲ ሰሜናዊ ክፍልታት ናይ ኣውስትራሊያ ዝርከቡ ሰባት፡ ቅርጽታት ናይ ሰብን፣ እንስሳታትን፣ ኣምራትን መናፍስትን ክቕብኡ ዕንከሎዉ፡ ሰባት ካብ ማእከላይ ኣውስትራሊያ ብዓይነት፡ ነጠብጣብ፣ ክብታትን ፍሉያት ባህላዊ ኣምራትን ብምጥቃም፡ ነታ ምድሪ ወይ ዛንታታት ካብቲ ምሕላም ዝምስል፡ ዝረአ ናይ ኣርት መግለጺ ፈጢሮም።

ሎሚ እቲ ምሕላም ንኣቦሪጂናዊ ህዝቢታት ኣገዳሲ ኩይኑ ይቕጽል።



ካካዱ ኣቦሪጂናዊ ኣርት

እቶም ናይ መጀመርያ ኤውሮጳውያን ኣብ ኣውስትራሊያ

ናይ ፈለማ ኤውሮጳዊ ድህሰሳ

ብ17ኛ ክፍለ-ዘመን፡ ኤውሮጳውያን ዳህሰስቲ እቲ ብከፊል፡ 'Terra Australis Incognita' - እቲ ዘይተፈልጠ መሬት ናይ ደቡብ፡ ኢሎም ዝጸውዕዎ ረኽቡ። ብ1606 ዓ.ም ሓደ ዊለም ጃንስዙን ዝብሃል ወዲ ዳች (ሆላንዳዊ)፡ ነቲ ምዕራባዊ ወገን ናይ ኬፕ ዮርክ ፐንሲልቫኒያ ኣብቲ ሰሜናዊ ጫፍ ናይ ኣውስትራሊያ ኣብ ካርታ ኣውጽአ/ ነደፈ። ኣብቲ ከባቢ ናይቲ ጊዜቲ፡ ብሉዊስ ደ ቶረስ እትምራሕ ሓንቲ ናይ ስፓኛ መርከብ እቲ ስትረይት ሰንጢቓ ናብ ሰሜን ኣውስትራሊያ ሰገረት።



ኣበል ናይ ታስማንማፕ ናይ ኒው ሆላንድ፡ 1644 ዓ.ም

ድሓር ኣብ 1600ታት፡ ዳቻዊያን ባሕረኛታት ነቲ ገማግም ናይ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ ዳህሰሱ፤ ነቲ ቦታ ካኣ 'ሓዳሽ ሆላንድ' ኢሎም ጸውዑዎ።

ብ1642 ዓ.ም፡ ኣበል ታስማን ነቲ ሓድሽ ገማግም፡ ሎሚ ታስማኒያ 'Van Diemen's Land' ኢሉ ዝጸውዖ ዳህሰሰ። ከምኡውን፡ ኣሽሓት ማይልስ ናይ ኣውስትራሊያ ገማግም ኣብ ካርታ ነደፈ። እታ ዘይወድአ ማፕ ናይ ሓዳስ ሆላንድ፡ ንሱ፡ እታ መሬት ብሰሜን ናብ ፓፑዋ ኒው ጊነያ ተላጊባ ከም ዝነበረት፡ ይኣምን ከም ዝነበረ ተርእይ።

እቲ ቀዳማይ እንግሊዛዊ ሰብ ኣብ መሬት ኣውስትራሊያ እግሩ ዝረገጸ፡ ዊሊያም ዳምፒየር ነይሩ። ብ1684 ዓ.ም፡ ኣብቲ ገማግም ሰሜየን-ምዕራብ በጺሑ። እቲ መሬት ክሳብ ክንድቲ ደረቕን ዶራንን ብምንባሩ፡ ንንግዲ ወይ ሰፈራ ጠቓሚ ኢዩ ኢሉ ኣብ ጸብጻብ ኣየእተዎን።

ካፕተይን ጀይምስ ኩክ

ክሳብ እንግሊዛዊ ሰብኣይ፡ ጀይምስ ኩክ ብ1770 ዓ.ም ኣብቲ ምብራቕ ገማግም ኣውስትራሊያ ዝበጽሕ፡ ብ ኤውሮጳውያን ኣይተዳህሰሰን ነይሩ። ኩክ፡ ብመንግስቲ እንግሊዝ ንናይ ድህሰሳ ጉዕዞ ናብቲ ደቡብ ፓሲፊክ ኢዩ ተላኢኹ ነይሩ። ነቲ ምብራቕ ገምገም ነዲፉ፤ መርከቡ - ኤንዲቮር - ኣብ ቦታኒ በይ ዳርጋ ደቡብ ናይ ሎሚ/ ዘመናዊት ሲድነይ ኣብጺሑዋ። ጀይምስ ኩክ ነዚ ምድሪዚ 'ኒው ሳውዝ ወልስ' ብዝብል ስም ጸዊዑዎ፤ ናይ ንጉስ ጆርጅ III ኢዩ ካኣ በሎ።

መጉዓዝያ ገበነኛ

ኣውስትራሊያ ብጣዕሚ ፍልይቲ ኢያ፤ ማለት፡ መብዛሕትኣም ናይ መጀመርያ ኤውሮጳውያን ሰፋሮ ገበነኛታት ኢዮም ነይሮም። ድሕሪ ሕቡራት መንግስታት ኤመሪካ ናጽነታ ምምዝጋብ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ነቶም ገበነኛታታ ናብኡ ክትሰድድ ኣይትኽእልን ነይራ፤ ቤት ማእሰርቲታት ናይ እንግሊዝ ካኣ ብጣዕሚ ተጻቢቡ ነይሩ። ብ1786 ዓ.ም፡ ዓባይ ብሪጣንያ ገለ ካብቶም ገበነኛታ ናብቲ ሓዱሽ ግዝኣት ናይ ኒው ሳውዝ ወልስ ከተግዕዝ ወሰነት።

እታ ቀዳመይቲ ግዝኣት

እቲ ቀዳማይ ገዛኢ ናይታ ግዝኣት፡ ኒው ሳውዝ ወልስ፡ ካፒታኖ Arthur Phillip ነይሩ። ንሱ፡ ነታ 'ቀዳመይቲ መርከብ' ብ26 ጥሪ 1788 ዓ.ም ናብ ሲድነይ ኮቭ ብምምራሕ፡ ነ መራከብ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብቲ ካልእ ወገን ናይ ዓለም ብሰላም ኣምጺኡ፤ ኣብዛ ዓመታዊ ዝኽሪ ናይዛ ዕለት እዚኣ ኢዩ፡ ንሕና ዓመት-መጸ ማዓልቲ ኣውስትራሊያ እነኽብር/ እነብዕል።



እታ ነይቲ መርከብ ካብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተበገሰት - ብ1788 ዓ.ም ኣብ ሲድነይ ኮቭ ዝኣቶወት

እቶም ናይ ፈለማ ዓመታት ሰፈራ

እቶም ናይ ፈለማ ዓመታት መግዛእታዊ ሰፈራ፡ ብጣዕሚ ከበድቲ ነይሮም። ሰባት ከይጠምዩ ንምርግጋጽ፡ ፊሊፕ- እቲ ገዛኢ- ነፍስ ወከፍ ሰብ፡ ነብሱን ኦፊሰራቱን እውን፡ ሓደ ዓይነት ዕድሎት ከም ዝወስድ ገይሩ። ሳላ ተራ-ኣስተውዓሊነቱን ቁራጽነቱን እታ ጉጅለ-ሰፋሮ (ግዝኣት) ነቶም ናይ ፈለማ ከበድቲ ዓመታት ንኽትሰግሮም ሓጊዙ።

ኣብ ጊዜቲ ናይ ፈለማ ሰፈራ ገበነኛታት ኣበርቲዖም ሰሪሖም። እቶም ፍርዶም ዝወድኡ፡ ነጻ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኩኑ፤ ክሰርሑን ስድራ ቤት ክናብዩን ድማ ናብቲ ማሕበረሰብ ክሕወሱ ተገብረ።

ናይ ተሳትፎ-ዕድላት

ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ መጀመርያ ኤውሮጳውያን ኣህዛብ፡ መብዛ ሕትኣም እንግሊዝ፣ ስኮቲሽ፣ ወልሽን ኣየሪሽን ኢዮም ነይሮም። እቶም ስኮቲሽ፣ ወልሽን ኣየሪሽን መብዛሕትኡ ጊዜ ምስ እንግሊዝ ኣብ ጐነጽ ኢዮም ነይሮም፤ ኣብ ኣውስትራሊያ ግን፡ ኣርባዕቲኣም ጉጅለታት ብጥቡቕ ብሓባር ተቐመጡን ሰርሑን።

ገበነኛታትን ገበነኛታት-ነበርን ኣብታ ግዝኣት ሓድሽ ናይ ተሳትፎ-ዕድላት ከረኽቡ ጀመሩ። ገለ ገበነኛታት-ነበር በቢመንገዶም ከም ነጋዶ ቢዝነሳት ኣቑሙ። ካልኦት ካኣ ከም ሓረስቶት፣ ናይ ንግዲ-ሰባት፣ ሰብ-ዱካናትን ወነንቲ እንዳመስተታትን/ ፓፓትን ብምኻን ጽቡቕ ከዱ።

ካሮላይን ቺሾልም (1808 ዓ.ም-1877 ዓ.ም)

ካሮላይን ቺሾልም፡ እታ ኣብተን ናይ ፈለማ ግዝኣታት፡ ኩነታት/ ናብራ ናይ በይነን ዝነብራ ደቀንስትዮ ዘመሓየሸት ቀንዲ ናይ ማሕበራዊ ጽገና ተዋሳኢት ነይራ። ናብ ኣውስትራሊያ ብ1838 ዓ.ም ምስ ናይ ሰራዊት ኦፊሰር ሰብኣያን 5 ቈልዑን መጺኣ። ነተን ኣብ ጽርግያታት ናይ ሲድነይ ዝነብራ ስደተኛታት ደቀንስትዮ ሓጊዛ። ኣብ ውሽጢ ቁሩብ ዓመታት፡ ኣብ ኩሉቲ ግዝኣት፡ 16 ናይ ስደተኛታት ደቀንስትዮ ሆስቴላት ኣቑመት።



ካሮላይን ናይቶም ናብተን ግዝኣታት ዝገሹ ዝነበሩ ሰባት ህይወት/ ኑሮ ኣብተን መራኸብ ንምምሕያሽ ብርቱዕ ጽዒራ። ከምኡውን፡ እቲ ዕንክሊል/ ምምልላስ ናይ ተጸባይነትን ድኽነትን ኣብ ምስባር ንምሕጋዝ፡ ንሽጉራት ሰባት ናይ ልቓሕ ፕላን ገበረት።

ሎሚ፡ ብዙሓት ካብ ናይ ኣውስትራሊያ ቤት ትምህርታት፡ ብስም ካሮላይን ቺሾልም፡ ዝተጸውዓ ኢየን። ከም 'እታ ናይ ስደተኛታት ዓርኪ' ተፈልጠት፤ በቲ ሰባት ሓዱሽ ህይወት ኣብ ምጅማር ንምሕጋዝ፡ እተካይዶ ዝነበረት ዘይሕለል ጻዕራ ድማ ትዝከር።

ኣማሓዳሪ ማክኳሪ

ከም ኣማሓዳሪ ፊሊፕ፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ ታሪኽና ኣማሓዳሪ ላችላን ማክኳሪ ኣገዳሲ ቦታ ይሕዝ። ንግዝኣት ኒው ሳውዝ ወልስ ከም ናይ ገበነኛታት ግዝኣት ዘይኮነስ፡ ናብ ሓንቲ ናጻ ሰፈራ ብምምዕባል፡ ካብ 1810 ዓ.ም ክሳብ 1821 ዓ.ም ኣምሓዲሩዋ ኢዩ። ኣጠቓቕማ ሕርሻ ኣምሓይሹ፤ ሓደስቲ ጐደናታትን ህዝባዊያን መሳለጥያታትን ሃኒጹ፤ ንናይ ኣውስትራሊያ ድህሰሳ እውን ኣተባቢዑ ኢዩ።

ኣማሓዳሪማክኳሪ፡ ንትምህርቲ ገንዘብ ሰሊዑ፤ ገበነኛታት ናይ ዝነበሩ መሰል ካኣ ኣኽቢሩ። ንገለ ገበነኛታት-ነበር ናይ ፈራዶን ህዝባዊ ኣገልገልትን ዝበሉ ስራሕ ሂቡ።

ኣማሓዳሪማክኳሪ ፡ በቲ ኣብታ ግዝኣት ዝገበሮ ኣዎንታዊ ለውጥታት ኣብ ታሪኽ ይኽበር ኢዩ። ማክኳሪ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ኒው ሳውዝ ወልስ ብስሙ ኢያ ተጸዊዓ።

ናይ ገበነኛ ውርሻ

እቲ ናይ ኣማሓዳሪ መዝነት ንሓደ ሰብኣይ ካብ መጠን ንላዕሊ ዓቢ ስልጣን ከም ዝኹነ ሓሳብ/ ተራእዩ ነይሩ፤ ስለዚ፡ ብ1823 ዓ.ም ነቲ ዝስዕብ ኣማሓዳሪ ምኽሪ ክህብን ነታ ግዝኣት ከምሓይሽን እቲ ናይ ኒው ሳውዝ ወልስ ሓጋጊ ካውንስል ቈመ።

ዓባይ ብሪጣንያ፡ ብ1840 ዓ.ም ናብ ኒው ሳውዝ ወልስ፣ ብ1852 ዓ.ም ናብ ታዝማኒያ፣ ብ1868 ዓ.ም ካኣ ናብ ወስተርን ኣውስትራሊያ፡ ገበነኛታት ምስዳድ ኣቑመት። ብድምር፡ ካብ 160,000 ንላዕሊ ገበነኛታት ናብ ኣውስትራሊያ ተጋዚዞም። እቲ ፍልልይ ኣብ ሞንነ ገበነኛታት-ነበርን እቶም ተቐማጦን/ ሰፋሮን ቐስ-ብቐስ ጠፍኡ። ካብቲ 1850'ታት፡ እቶም ናይ ግዝኣት ሰፋሮ፡ ነብሶም ባዕሎም የምሓድሩ ነይሮም፤ ከምኡውን፡ ዝኽበር ሕብረተሰባት ከሃንጹ ደለዩ። ብዙሓት ኣውስትራሊያውያን ብናይ ገበነኛ ውርሻኣም ኩሩዓት ኮይኖም።

ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ካብ ናይ ኤውሮጳዊ ምቕማጥ ንድሓር ብ1788 ዓ.ም

ብ1788 ዓ.ም፡ ኣብ መጀመርያ ናይቲ ኤውሮጳዊ ሰፈራ፡ ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ካብ 750,000 ክሳብ 1.4 ሚሊዮን ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ከም ዝነበሩ ይግመት። እዚ ነቶም ዳርጋ 250 ውልቀ ቢሄራትን ካብ 700 ንላዕሊ ዝኾኑ ናይ ቋንቋ ጉጅለታትን ችየጠቓልል።

እታ መንግስቲ እንግሊዝ፡ ግዝኣታታ ኣብ ኣውስትራሊያ ከተቑውም ከላ፡ ምስቲ ኣቦሪጅናዊ ህዝቢ ውዕል ኣይገበረትን። እቲ ናይ እንግሊዝ ስልጣናት ነቲ መሬት ክሰፍሩዎ ብሕጊ ዝግብኦም ከም ዝነበረ ኣሚኖም ነይሮም።

እቶምኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝቢታት፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ኤኮኖሚን፣ ምስታ ምድሪ ድማ ጥንታዊን ብዕምቁት ዝሰረተን ምትእስሳር ነይሩዎም። ኣብታ ሓደ እዋን ኣብ ትሕቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ሕጊ ዝነብሩላ ዝነበሩ፡ ህዚ ሕግታት ናይቶም ሓደስቲ መጻእቲ ክቐበሉ ይግደዱ ነይሮም። እቶም ሓደስቲ መጻእቲ፡ ዕዱማት ኣይነበሩን፤ ብሓፈሻኡ ካኣ ቅቡላት ኣይነበሩን።

እቶም መነባብሮታት ናይቶምኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት፡ በቲ ምምጻእ ናይ እንግሊዝ ግዝኣታዊ ሰፋሮ ብዘይ መጠን ተቐይሮም ነይሮም። እቶም ገዛእቲ፡ ሓዱሽ ማሕበራዊ፣ ኤኮኒሚያዊን ሃይማኖታዊን ስርዓታት ብግዲ ከተኣታትዉ ኣብ ዝገብሩዎ ዝነበረ ፈተነታት ኩሉ፡ ህይወት ይጠፍኣ፡ መሬት'ውን ይውሰድ ነይሩ። ሓደስቲ እንስሳታት፣ ኣትክልቲን ሕማማትን ኣትዮም።

እቶም ቀዳሞት ኣማሓደርቲ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ንኽይጐድኡ ይንገሩ ነይሮም፤ ነገር ግን እቶም እንግሊዝ ተቐማጦ ናብ መሬቶም ኣትዮም፤ ብዙሓት ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ካኣ ይቕተሉ ነይሮም። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ሰፋሮ ከምኡ ዝኣመሰሉ ገበናት ብምፍጻሞም ይቕጽዑ ኣይነበሩን።

ገለ ኣቦሪጂናዊ ሰባትን ኤውሮጳዊ ሰፋሮን ሓቢሮም ብሰላም ክነብሩ ይኽእሉ ነይሮም። ገለ ሰፋሮ ኣብ ናይ ኣባጊዕን ከብትን ሕርሻታት ኣቦሪጂናዊ ሰባት ቁጺሮም/ ኣስሪሑም። ኣማሓዳሪማክኳሪ ፡ ንኣቦሪጂናዊ ህዝቢ መሬቶም ንሕርሻ ክጥቀሙሉ ሂቡ፤ ቤት ትምህርቲ ንኣቦሪጂናዊ ቁልዑ ሰሪሑ። ይኹን'ምበር፡ ባህላዊ ልምድታቶም ከጥፍኡ ስለ ዘይደለዩ ብጣዕሚ ሒደት ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ኢዮም ከምቲ ሰፋሮ ዝነበሩዎ ኣግባብ ክነብሩ ደልዮም።

ኣብቶም ብሰንኪ መሬት ዝነበሩ ውግኣት ብዙሓት ኣቦሪጂናዊ ሰባት ተቐቲሎም ኢዮም። ዋላ'ኳ እቲ ትኽክል ቑጽሪ እንተ ዘይተፈልጠ፡ ሚእቲታት ኣሽሓት ካብ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ከም ዝሞቱ ይግመት ኢዩ። በቶም ሕማማት፡ እቶም ኤውሮጳዊያን ናብታ ሃገር ሒጆሞም ዝመጹ እውን ካብኡ ዝበዝሐ ቑጽሪ ካብ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ሞይቶም ኢዮም። እቲ ከሳራ ናይ ኣቦሪጂናዊ ህይወት ጥፍኣት ዘስዕብ ኢዩ ነይሩ።

ታሪኻዊ እምነ-ኩርናዓት

ውሽጢ ሃገር ድህሰሳ

ኣብ ኒው ሳውዝ ወልስ፡ እቶም ናይ ፈለማ ግዝኣታዊ ሰፋሮ ኣዝዩ ከቢድ ሽግራት ኣጋጢሙዎም ኢዩ። እዞም ቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት፡ ዋላ'ኳ ኣብ እዋናት ድርቂ ንሶም'ውን እንተ ተሳቐዩ፡ ኣብዚ ደረቕ ከባቢ.ያዊ-ዙርያ ነብሶም ንምውጋገን ንምንባርን ተማሂሮም ነይሮም ኢዮም።

እቶም ሰማያዊ ኣኽራናት (ዳርጋ 50 ኪሎሜትራት ናብቲ ምዕራብ ናይ ሲድነይ) ዓቢ መኽተ ንናይ ሲድነይ ቀዳሞት ውሽጢ ሃገር ዳህሳሶ ኩይኖም ኢዮም። ኣብ መጨረሻ፡ ብ1813 ዓ.ም፡ 3 ሰብኡት፡ ግረጎሪ ብላክስላንድ፣ ዊሊ.ያም ፓርለስ ወንትዎርዝን ዊሊ.ያም ለውሶንን፣ ነዚ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት'ዚ ክሰግሩዎ በቒዖም ኢዮም። ሎሚ፡ እቲ ነቶም ሰማያዊ ኣኽራናት ዝሰንጥቕ ጐደናን መንገዲ-ባቡርን፡ ጌና ነቲ ንሶም ዝወሰዱዎ መንገዲ ይኽተል።

በቲ ካልእ ገጽ/ ወገን ናይዚ ኣኽራናት'ዚ፡ እቶም ዳህሳሶ፡ ኣባጊዕን ከብትን ንምፍራይ ምቹእ ዝኸነ ክፉት ሃገር ኢዮም ረኺቦም። ብዝያዳ ናብ ውሽጢ ሃገር ብዝቐጸሉ፡ ደረቕ፣ ምድረ-በዳ ሃገር ኢዮም በጺሖም።

ኤውሮጳውያን ዳህሳሶ፡ ንህይወቶም ዝኹውን ማይ ንምርካብን እኹል መግቢ/ ስንቂ ንምስካምን ጸገም ነይሩዎም። እቲ ኣብ ጀርመን ዝተወልደ ዳህሳሲ፡ ሉድቪግ ላይችትሃርድት፡ ብ1848 ዓ.ም ነታ ክፍለ-ዓለም ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ሰንጢቑ ንምሕላፍ እናፈተነ ከሎ ጠፊኡ።

ብ1860 ዓ.ም፡ ሮበርት ኦ'ሃራ ቡርክን ዊሊ.ያም ጆን ዊልስን፡ ኣውስትራሊያ ካብ ደቡብ ንሰሜየን ንምስንጣቕ ካብ መልቦርን ተበጊሶም። ንሶም ዓቢ ጉዕዞ መሪሖም፤ ናይ ምስጋር መገሻኦም ግን ብጣዕሚ ከቢድ ነይሩ። ቡርክን ዊልስን ምኩራት ናይ ጫካ ሰባት ኣይነበሩን። ካብቶም ኣቦሪጂናዊ ያንድሩዋንድሃ ህዝቢ ናይ ክኢላታት ድጋፍ ረኸቡ፤ ግን ክልቲኦም ዳህሰስቲ ክምለሱ እንከሎዉ ሞይቶም። ዋላ'ኳ ጉዕዞኦም ንምፍጻም እንተ ወደቐ/ ፈሸሉ፡ ዛንታኦም ኣብ ኣርትን ስነ-ጽሑፍን ይዝከር ኢዩ። ዘሕዝን ኣብነት ናይቲ ሕሰም ናይ ምድርና ኢዩ።



ሰፋሮን ፈላሞን

እቶም ሰፋሮ ጽቡቕ መሬት ኣብ ዝነበሮም ጊዜ'ውን፡ ህይወት ጌና ከባድ ነይራ። ድሕሪ እዋናት ናይ ዕልቕልቕን ድርቂን፡ ሰፋሮ መነባብሮኦም የጥፍኡ ነይሮም ኢዮም፤ ሓረስቶት መብዛሕትኡ ጊዜ ከም ብሓድሽ ክጅምሩ የድልዮም ነይሩ ኢይ። ይኹንምበር፡ ሰባት ቀልጢፎም ነብሶም ይሰርዐን ይቃለሱን። እቲ 'ኣውሲ ባትለር' ('Aussie battler') ዝብል ኣምር፡ እቲ ኣውስትራሊያዊ ናይ ምቅላስ መንፈስን ነብሰ-ጽሮትን-ሓያልነት የመልክት። ፈላሞ፡ ኣብ ከምኡም ዝበሉ ከበድትን ፈተንትን እዋናት ብትብዓቶም ክብሪ ይወስዱ። እቶም ሰብኡት ናብ ርሑቕ ኣብ ዝኸዱሉ ወይ ምስ ሞቱ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ኣንስቲ ናይ ቢዝነስ ወይ ሕርሻ ሓላፍነት ይወስዳ ነይረን።

ኣብቶም ከምቲ ዝበሉ ሕሱማት ናይ ፈለማ ዓመታት ኢዩ ነይሩ፡ ናይ ኣውስትራሊያ መንፈስ ናይ ሓለፋ-ዕርክነት ዝጀመረ። ኣብ ሞንጎ ሰብኡት፡ ኣብቶም ምድረበዳዊን ርሑቕን ጸምጸም-በረኻታት እናሰንጠቑ፣ ብሓባር ሸግራት ዘሕለፉን ዝተጓዕዙን ሓያል ነይሩ። ኣብ ከበድቲ እዋናት፡ ሰፋሮ ሓድሕዶም እውን ተሓጋጊዞም ኢዮም። እዚ ልምዲ'ዚ ጌና ብጣዕሚ ኣካል ናይ ኣውስትራሊያዊ ህይወት ኢዩ።

ናይ ወርቂ ቅድድም

ኣብ መጀመርያ 1851 ዓ.ም ኣብ ኒው ሳውዝ ወልስ ወርቂ ተረኽበ፤ 'ሃገር ዝቐየረ ምርካብ' ተባሂሉ ካኣ ተገልጸ። ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ድሕሪኡ፡ ወርቂ ኣብታ ኣብ ቀረባ እዋን ናጻ ዝኾነት ግዝኣት፡ ኣብ ቪክቶሪያ'ውን ተረኽበ።


ክሳብ መወዳእታ 1852 ዓ.ም፡ ወርቂ ንምድላይ ካብ ኩሉ ክፍልታት ኣውስትራሊያን ካብ ዓለምን ዳርጋ 90,000 ህዝቢ ናብ ቪክቶሪያ መጺኡ ነይሩ።

እቲ ናይ ኡሪይካ - ሓደ ነገር ምስ ረኽብካናይ ሓጐስ ጭደራ (Eureka) - ናዕቢ፡ ኣብ ናይ ኣውስትራሊያ ታሪኽ ከም ሓደ ዓቢ ዲሞክራሲያዊ ጊዜ ኢዩ ዝዝከር። ናይ መንግስቲ ሰራዊት፡ ካብ ወርቂ ፋሓርቲ ናይ ምፍሓር ፍቓድ ዋጋ ኣብ ዝእክብሉ ዝነበሩ ጊዜ፡ ኣብ ልዕሊኦም ብጣዕሚ ዘይህዱኣት ይኹኑ ነይሮም። 11 ሕዳር 1854 ዓ.ም፡ ዳርጋ 10,000 ዝኾኑ ሰባት ቻርተር ናይ መሰረታዊ ዲሞክራሲያዊ መሰላት ንምሕንጻጽ፣ ክቡር ናይ ወርቂ ፍቓድ ምስራዝን፣ ተወከልቲ ናብቲ ቪክቶሪያዊ ፓርሊያመንት ንምምራጽ ከተድምጽ ናይ ምኽኣልን፡ ዘጠቓልል ከጽድቑ ኣብ በከሪ ሂል፣ ባላራት ተኣከቡ።

ካብዚ ዝስዓቡ፡ እቲ ‘ኡረይካ ስቶኪይድ’ ኣብቲ ኡረይካ፡ ወርቂ ዝኾዓቶ ቦታ ተተኽለ። እቶም ፋሓሮ ሓድሕዶም ክትሓባበሩን፡ ንመሰላቶምን ነጻነታቶምን ክቃለሱን፡ ብናይ ተቓዋሚ ባንዴራ (ብምስሊ ናይ ሳውዘርን ክሮስ) ዝመሓሉ ኣብዚ ነይሩ። ኣብ ወጋሕታ 3 ታሕሳስ 1854 ዓ.ም፡ ናይ መንግስቲ ኦፊሻላት ነታ ስቶኪይድ ክሃርሙ ወተሃደራት ሰዲዶም። ድሕሪ ሓጺር ውግእ፡ እቶም ፋሓርቲ ወርቂ ተሳዕሩ፤ ካብኣቶም 30 ኣቢሎም ዝኸኑ ካኣ ተቐትሉ።

እቶም መራሕቲ ናይቲ ተቓውሞ ብከቢድ ናይ ክሕደት ክሲ ናብ ፍርዲ ቀረቡ፤ ግን ዋላ ሓደ ፈራዳይ ናይ ገበን ብይን ኣይሃቦምን። ዘውዳዊ ኮሚሲዮን እቲ መንግስቲ ጌጋ ከም ዝነበረ ኣረጋገጸን፣ ብዙሕ ካብቲ ናይቶም ዓዳኖ ጠለባት ድማ ቅቡል ኮነ፤ ድሌቶም ንፖሊትካዊ ውክልና እውን። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፡ ፕተር ላሎር፡ እቲ መራሒ ናይቲ ተቓውሞ፡ ኣባል ናይቲ ቪክቶሪያዊ ፓርሊያመንት ኮነ።

ቀጺሉ ዝነበረ ነዊሕ ዓመታት፡ ‘ኡረይካ ናዕቢ፡ ኣርማ ናይ ምቅዋምን እምነት ኣብ ‘fair go’ ን ኮነት።



ኣይረካ ባንዴራ

እቲ ቅድድም ወርቂ ብብዙሕ መንገድታት ንኣውስትራሊያ ቀይሩዋ። ኣብቲ ናይ ወርቂ ውድድር ዓመት፡ እቶም ዘይ-ደቀባት ህዝቢ ኣውስትራሊያ ካብ 430,000 ብ1850ታት ዳርጋ ናብ 1.7 ሚልዮን ብ1871 ዓ.ም ወሰኹ። ነቲ እናበዝሐ ዝኸይድ ዝነበረ ህዝብታት ንምትእስሳር፡ ብ1850ታት እተን ቀዳሞት መንገዲ ባቡርን ቴለግራፍን ተሰርሓ።

ብዘይካ ሳውዝ ኣውስትራሊያ፡ ኣብ ኩለን ግዝኣታት ግዙፍ ናይ ወርቂ ማዕከናት ተረኽበ። እቲ ምጣነ-ሃብቲ ይዕምብብ ነይሩ፤ ወርቂ ድማ ከም ናይ ኣውስትራሊያ ዝበለጸ ክቡር ናይ ንግዲ-ወጻኢንጸምሪ ኣዋጻጽኡ። ኣብ ከባቢ 1890 ዓ.ም፡ ኣውስትራሊያ ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ናይ መነባብሮ ደረጃ ኣብ ዓለም ነይሩዋ።

እቶም መንዛዕትን እቶም ሓረስቶትን

ኣብ ናይ መጀመርያ ማዓልታት ናይተን ግዝኣታት፡ ‘ብመንዛዕቲ’ ዝፍለጡ ሰባት ንሕርሻ ሰፊሕ ቦታታት መሬት ሓዙ/ ወረሩ። እቶም መንዛዖ፡ ነዚ መሬት’ዚ ዋላ’ኳ ዘይከፈሉሉ እንተነበሩ፡ ናቶም ጌሮም ወሰድዎ። ድሕሪ’ቲ ቀዳማይ ናይ ወርቂ ውድድር ምስ ተወድኡ፡ እቲ መንግስቲ ነቲ ዝሓዝዎ መሬት ካብቶም መንዛዕቲ ከመልሶ ተጸገመ።

ብ1860’ታት ዓ.ም፡ እቲ መንግስቲ ነቲ መሬት ናይቶም መንዛዕቲ ንዝሓርሱዎ ሽቃሎ ሰብኡትን ስድራ ቤታቶምን ክሸጦ ደልዩ። ነገር ግን፡ እቶም መንዛዕቲ ብዝተኻእሎም መጠን ንዕኦም ዝኣኽሎምመሬት ንምሓዝ ፈቲኖም።

ከሳብቲ እተን መንገዲ ባቡራት ዝስርሓ፡ እቶም ሕርሻታቶም ካብቲ ዕዳጋታት ርሑቕ ዝነበረ ሓደስቲ ሓረስቶት ከቢድ ኩነታት ኣጋጠሞም። እቲ ኣብተን ከተማታት፡ ልዑል ደሞዝ ንምእታው ዝነበረ ናይ ተሳትፎ-ዕድል፡ ኣብ ሕርሻ ምስራሕን እሞ ካኣ ንዘይጠቅም መኽሰብን፡ ንህይወት ናይ ማሕረስ ዘይስሕብ ገበሮ።

እቲ ናይ ማኪና መሳርሒታት ናይ ምምሃዝ ኣውስትራሊያዊ ልምዲ -ሕርሻ ቀሊል ንምግባር - ኣብ ሳውዝ ኣውስትራሊያ ጀሚሩ። ንኣብነት፡ እታ ስታምፕ-ጃምፕ ፕላው (1870’ታት) ሓርፋፍ መሬት ንሕርሻ ብቐሊሉ ንምጽራዩ ኣኽኣለት።

ስደት ኣብ 1800’ታት

ኣብ መጀመርያ 1800’ታት፡ ኣብተን ግዝኣታት እተን ቀንዲ ጉጅለታት እንግሊዝ፣ ስኮቲሽ፣ ወልሽን ኣየሪሽን መበቆል ነይረን። ብዙሕ ካብ ናይ ኣውስትራሊያ መዘናግዒታት፣ ባህላዊ ንጥፈታትን ሃይማኖታዊ ስነ-ስርዓታት ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ኣንጸባረቐ። ንኣሽቱ ጉጅለታት ማይግራንት ካብ ኤውሮጳን ኣስያን እውን ነይረን። ኣብ 1800’ታት ዝኣቶዉ ኤውሮጳውያን፡ ግሪካዊያን፡ ፖለዊያን፡ ማልታዊያንን ሩስያዊያንን፡ ከምኡ ’ውን፡ ኣብ ናይ ቪኖ ፋብሪካ ዝሰርሑ ፈረንሳዊያን ሰፋሮ የጠቓልል። መብዛሕትኦም፡ ስራሕን ጸጋን ዘናድዩ፣ ወይ ካብ መራክቦም ዝሃደሙ ባሕረኛታት፡ መነሰያት ሰብኡት ነይሮም።

ድሕሪ 1842 ዓ.ም፡ ቻይናዊያን ማይግራንት ናብ ኣውስትራሊኣ ክኣትዉ ጀመሩ፤ ድሕሪቲ ናይ ወርቂ ድህሰሳ ቀጽሮም’ውን ወሲኽ። ኣብቲ ምፍሓር-ወርቂ፡ ዓሌታዊ ምትፍናናት ነይሮም፤ ሓደ ሓደ ጊዜ ኣንጻርቶም ቻይናዊያን ናብ ናዕቢ ዘምርሑ፡ ከምቲ ብ1854 ዓ.ም ኣብ በንዲጎ ዘጋጠመ። እዞም ዓሌታዊ ምትፍናናት እዚኦም፡ ነቲ ቀዳማይ ምስዳድ/ማይግረሽን ናይ ምግታእ ናብ ቪክቶሪያ ብ1855 ዓ.ምን፣ ናብ ኒው ሳውዝ ወልስ ካኣ ብ1861 ዓ.ም ን ኣኽተሉ።

ድሕሪቲ ናይ 1850'ታት ውድድር ወርቂ፡ ብዙሓት ቻይናዊያን ንዓዶም ተመልሱ። ካብቶም ዝጸንሑ ሰባት፡ ናይ ናእሽቱ ናይ ኣታኽልትታትን-ኣሕምልትንቢዝነሳት ዋናታት፡ እቶም ኣብ ማይ ዝውሓዶ ዝነበረ ቦታታት፡ ሓዱሽ ፍረታትን ኣሕምልትን ዝቐረቡ ዝነበሩ ነይሮም።

ካብቲ 1860'ታት፤ ሰባት ካብ ኢራን፣ ግብጽን ቱርኪን ብጸማጽም-በረኻታት ናይ ኣውስትራሊያ ንምስጋር ናይ ኣግማል 'ባቡራት' ከንቀሳቐሱ/ ከካይዱ መጹ። ከምቶም ህንዳዊያን ሰብ ኣግማል፡ ብኣጠቓላሊ ብምኽንያት እቲ ተመሳሳሊ ኣከዳድናኣምን ናይ ሓባር እስላማዊ ሃይማኖታዊ እምነትን፡ ከምዝጸንሐ 'ኣፍጋናዊያን' ብዝብል ስም ይጽዉዑ ነይሮም። እዞም ሰብ ኣግማል፡ ከም 'ፈላም ናይቲ ማእከላይ መሬት' ይሕሰቡ ነይሮም።

ህንዳዊያንን ፓሲፊክ ኢስላንደርስን፡ ኣብቲ ናይ ሽኮርን ባናናን ፋብሪካታት ኣብ ኩንስላንድ ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ብትሑት ማሃያን ኣብ ሕማቐ ኩነታትን ዝሰርሑ እውን ነይሮም።

ካብቲ 1880'ታት፡ ሰራሕተኛታት ካብ ለባኖን ናብ ኣውስትራሊያ መጹ። ብዙሓት ኣብቲ ናይ ማእለማታትን ናይ ከዳን ፋብሪካታትን ይንቀሳቐሱ ነይሮም፤ ለባናዊያን ስድራታት ድማ ኣብ ገጠራት ኣውስትራሊያ መብዛሕትኡ ናይ ጌጻ-ፍረሻ ናይ ገዛ ወኒኖም።



'ኣፍጋን' ሰብ ኣግማል ኣብቲ ርሑቕን ጸምጸም በረኻታትን ኣውስትራሊያ

ኣቦሪጂናዊ ሕዛእቲታት

ድሕሪ'ቲ ናይ ፈለማ ብሰንኪ መሬት ውግኣት ኣብ ሞንጎ እቲ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢን እቶም ሰፋሮን፡ እቶም ኣቦሪጂናዊ ህዝቢታት ኣብ ጫፋት/ ኣዝዩ ትሑት ህይወት ናይ ሕብረተሰባት ክነብሩ ተገይሮም። ገለ ካብኦም ኣብቲ ጸማጽም በረኻታትን ምድረ-በዳታትን ኣብ ናይ ኣባኒዕን ከብትን ጣብያታት ብጣዕሚ ብትሑት ማሃያ፡ ኣብ ብዙሕ ሸነካት ካኣ ፈጺምም ኣብ ዘይከፈሉሉ ሰርሑ። እቶም መግዛእታዊ መንግስታት፡ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ክነብርሉ ዝኽእሉ ሕዙእ ቦታታት ፈለዩሎም፤ ይኹን'ምበር፡ እዞም ቦታታት ልምዳዊ ህይወታቶም ክነብሩ ኣየኽኣሉሉምን። ንኣብነት፡ ከም ድልየቶም ከሃድኑን ክምእርሩን ናጻ ኣይነበሩን።

ኣብ መወዳእታ 1880'ታት፡ እቶም መግዛእታዊ መንግስታት፡ ንኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት መሰላቶም የሕዲኅሞም። ንሶም ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ኣበይ ክነብሩ ከም ዝህሉዎምን፣ ንመን ክምርዓዉ ከም ዝህሉዎምን ተቐጻጸሩ። ብዙሓት ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ቄልዑ ካብ ወለዶም ፈልዮም፡ ናብ 'ጸዓዱ' ስድራ ቤታት ወይ ናይ መንግስቲ እንዳ-ዘኽታማት ወሰዱ። ከምኡ ዝበሉ ፖሊሲታት ክሳብ መፋርቐ 20ኛ ዘመን ቀጸሉ። እዚ ጉዳይ ናይ 'ዝተሰርቁ ወሎዶታት' ንብዙሓት ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት፣ ከምኡውን ንኻልኦት ኣውስትራሊያውያን ሳዕቤን ናይ ዓሚቕ ሓዘን ይጸንሕ፤ ከምኡ ድማ ኣብ 2008 ዓ.ም ኣብቲ ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት እቲ ኣርእስቲ ናይ ሃገራዊ እቐሬታ ነይሩ።

መሰል ናይ ምምራጽ

'ተሓለቐቲ መሰል ምድማጽ' ('Suffragettes') ብዛዕባ መሰል ናይ ምድማጽ ኣብ ምርጫታት ጐስጓስ ንዘካየዳ ደቀንስትዮ፡ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዓለም ምሉእ ዝተዘውተረ ኣምር ነይሩ። ኣብ ጊዜ 1880'ታትን 1890'ታትን፡ ነፍስ ወከፍ ግዝኣት ብውሕዱ ሓደ መሰል-ናይ-ምምራጽ ሕብረተሰብ ነይሩዎ። 'ተሓለቐቲ መሰል ምድማጽ'፡ ናብቶም መግዛእታዊ መንግስታት ምሕጽንታታት ንምቐራብ ኣሸሓት ፊርማታት ኣከባ።

ብ1895 ዓ.ም፡ ደቀንስትዮ ኣብ ሳውዝ ወልስ መሰል ናይ ምድማጽን ኣብ ናይ ፓርሊያመንት ምርጫ ፈተነ ምክያድን/ ምውድዳር ስዓራ። ብ1899 ዓ.ም፡ ደቀንስትዮ ኣብ ወስተርን ኣውስትራሊያ ብናይ ምድማጽ መሰል ስዓራ።

ብ1902 ዓ.ም፡ ኣውስትራሊያ፡ እታ ንደቀንስትዮ መሰል ምድማጽን ናብ ፓርሊያመንት ናይ ምውድዳር መሰልን ክልቲኡ ዝሃበት ቀዳመይቲ ሃገር ነይራ። ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ክሳብ 1962 ዓ.ም ናይ ምድማጽ መሰል ኣይተፈቐደሎሙን ነይሩ።

ብ1923 ዓ.ም፡ እዲዝ ኮዋን ናብ ናይ ወስተርን ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት ምስ ተመርጸት፡ እታ 1ይቲ ጓለንስተይቲ ኣባል ፓርሊያመንት ኰነት። ብ1943 ዓ.ም፡ ኤኒድ ሊዮንስ እታ 1ይቲ ጓለንስተይቲ ናብ ናይ ኣውስትራሊይዊ ፓርሊያመንት ዝተመርጸት ነይራ።

ካተሪን ስፐንስ (1825 ዓ.ም-1910 ዓ.ም)

ካተሪን ስፐንስ ጻሓፊት፣ ሰባኺት፣ ጓለንስታዊትን ሳፍራጊቲን ነይራ። ካብ ስኮትላንድ ናብ ኣውስትራሊያ ተሰዲዳ፤ ናይ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍቲን ብዛዕባ ኣውስትራሊያዊ ህይወት ስልማት-ዝስዕሩ ልብወለዳት እውን ጽሒፋ።

ንሳ፡ ቤት ንዘይብሎም ቄልዑ (homeless) ንምሕጋዝ ውድብ/ ማሕበር ኣብ ምቐም ሓጊዛ፤ ከምኡ ድማ ንሓደስቲ መዋዕለ-ህጻናትን (ኪንደርጋርተንስ) ንናይ መንግስቲ ናይ ደቀንስትዮ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርታትን ደገፋት ሂባ።

እታ ነይቲ ጓለንስተይቲ ናብ ፓርሊያመንት ዝተወዳደረት ነይራ። ዋላ'ኳ ብዙሕ ድምጺ እንተ ረኸበት፡ ምርጫ ኣይስዓረትን። ብ1891 ዓ.ም፡ እታ ምክትል-ፕረዚደንት ናይቲ ናይ ደቀንስትዮ ሳፍረጅ ሊግ ናይ ሳውዝ ኣውስትራሊያ ኮነት።

ዋላ'ውን ኣብ ገታኢ/ ቀያዲ እዋናት፡ ጓለንስተይቲ እንታይ ዓወታታት ከተመዝግብ ትኽእል፡ ካትሪን ስፐንስ ኣርማ ኢያ።



ፈደረሽን

እተን ግዝኣታት ዋላ'ኳ በይነን እንተ ዓበያ፡ ኣብ መወዳ እታ መበል 19ኛ ክፍለ ዘመን፡ ናይ ሃገራዊ ተበጽሖ ተራ ኣስተውዕሎ ማዕቢሉ ነይሩ።

ናብ መወዳእታ ናይቲ 19ኛ ክፍለ ዘመን ገጹ፡ ነተን ግዝኣታት ንምሕባር ክልተ ፈተነታት ተገይረን ነይረን። ብ1889 ዓ.ም፡ ሰር ሄንሪ ፓርከስ ሓንቲ ሓያል ሓዳስ ሃገር ንምቐም ጸዊዑ። እቲ ኣውስትትራሌሽያን ፈደረሽን ኮንፈረንስ፡ ብዛዕባ'ቲ ሓሳብ ናይ ኣውስትራሊያዊ ፈደረሽን ንምምይያጥ ብ1890 ዓ.ም ተኻየደ።

ድሕሪ ገለ ምድንጓያት፡ ብ1893 ዓ.ም እቲ ምንቅስቓስ ንፈደረሽን ብፍጥነት ተጓዕዘ። መራጸ ነቶም ኣባላት ናይታ ትቐጽል ኮንስቲቱሽናዊ ውዕል መረጹ። መራጸ ኣብ 2 ናይ ረፈረንዱማት ዙራት፡ ሓድሽ ኣውስትራሊያዊ ኮንስቲቱሽን ንምቕባል ኣድመጹ።

እቲ ናይ እንግሊዝ መንግስቲ፡ ኣውስትራሊያ ናይ ባዕላ መንግስቲ ንምቐም ተሰማምዐ። ብነ ጥሪ 1901 ዓ.ም፡ ኤድሙንድ ባርቶን፡ እቲ ነቲ ምንቅስቓ ንፈደረሽን ኣብ ኒው ሳውዝ ወልስ ዝመርሐ ናይ ኣውስትራሊያ ነይ ፕሪይ ሚኒስተር ኮነ። እታ ናቱ መንግስቲ ኣብ ናይ ሲድነይ ሚእቲ-ዓመታዊ (ሰንተኒያል) ፓርክ ኣብ ቅድሚ ዓቢ እኩብ ህዝቢ ቃለ-ግዴታ ኣተወት።

ኣውስትራሊያ ህዚ፡ ኣብ ትሕቲ ናይ እንግሊዝ ሃጻያዊ ሓይሊ/ ኤምፓየር፡ ሃገር ኮነት። ምክልኻልን ናይ ወጻኢ ጉዳያትን ብዝምልከት፡ ክሳብ 1931 ዓ.ም ምሉእ ስልጣናት ኣይጨበጠትን። ክሳብቲ 1948 ዓ.ም ኣውስትራሊያዊ ናይ ዜግነት ዓንቀጽ፡ ኣውስትራሊያውያን ኣብ ክንዲ ኣውስትራሊያዊያን ዜጋታት ጌና ንእንግሊዝ ተማእዘዝቲ ነይሮም። ዋላ'ኳ ሃገራዊ ስምዒት ማዕቢሉ እንተ ነበረ፡ እቲ መንፈስ ናይ እንግሊዛዊ ምኽን ጌና ሓያል/ ብርቱዕ ነይሩ።



ፈደረሽን ማዓልቲ ኣብ ብሪበን፡ 1901 ዓ.ም

እዲዝ ኮዋን (1861 ዓ.ም-1932 ዓ.ም)

ኤዲዝ ኮወን፡ እታ ናብ ላውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት ዝተመርጸት ነይቲ ጓለንስተይቲ ኢያ ነይራ፤ ላብቲ ናይ ላውስትራሊያ ናይ 50 ዶላር ገንዘብ-ወረቐት ድማ ተቐሪጻ ላላ።

ኤዲዝ ላብ ናይ ደቀንስትዮ ናይ ምድማጽ መሰል/ ሳፍረጅ ምልዕዓል ውርይቲ ሰብ ኢያ ነይራ፤ ከምኡውን፡ ብዛዕባ ህዝባዊ ትምህርቲን ናይ ቁልዑ መሰላትን ብዝምልከት መሪሕ ተጣባቒት ኢያ ነይራ። ኤዲዝ፡ ብ1915 ዓ. ም ናይ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ፈራዲት፣ ብ1920 ዓ.ም ድማ ላብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይቲ ናይ ሰላም ፍትሒ ዳኛ ኮነት። ብ1921 ዓ.ም፡ ኤዲዝ፡ ከም ላባል ናይቲ ናሽናሊስት ፓርቲ፡ ናብቲ ሓጋጊ ባይቶ ናይ ወስተርን ላውስትራሊያ ተመርጸት።



እቲ ምውላድ ናይ ፖሊትካዊ ፓርትታት

ላብ 1880'ታት ሰራሕተኛታት ላብ ላውስትራሊያ ሓያላት ናይ ሞያ ማሕበራት መስሪቶም ነይሮም። ላብ እዋናት ኤኮኖሚያዊ ከቢድ ውድቀትን ድርቂን፡ እዞም ማሕበራት ደሞዝን ናይ ስራሕ ኩነታትን ንምክልኻል ላድማታት ላካየዱ።

ብ1891 ዓ.ም፡ እዞም ሰራሕተኛታት ፖሊትካዊ ፓርቲ፡ እቲ ናይ ዕዮ/ ለበር ፓርቲ (Labor Party) ፈጠሩ። እቲ ቀንዲ ጠመታላ፡ ንናይ ሰራሕተኛታት ደሞዝን ኩነታትን ምምሕያሽ ነይሩ። ካብ ሰራሕተኛታት ንላዕሊ ማእከላይ-ደርቢ ሰባት ብዝበለጸ ምቹእ ነቢሮም፤ ይኹን'ምበር፡ ነቲ ናይ ሰራሕተኛታት ሃሎዋት ተረዲአሞ። ጉዳይ ደሞዝ ከካይዳን ላድማታት ንምክልኻልን ወግዓውያን ላካላት/ ቦርድስ ቁማ። እቲ ላብ ሞንን ሃገራት፡ ኢንዱስትሪያዊ ጐንጽታት ንምፍታሕን ምስምማዕ ንምፍጣርን ዝቐመ ቤት ፍርዲ (ኮሞንወልዝ ኮርት ኦፍ ኮንስሌሽን ኤንድ ላርቢትረሽን)፡ ብ1907 ዓ.ም፡ ታሕተዋይ ዋጋ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ሰብላይ ምስ ሰበይቱን 3 ደቁን ብመጠኑ ምቹእ ናብራ ከሕልፍ ዘኽእሎ ደረጃ ደሞዝ ወሰነ።

ብ1910 ዓ.ም፡ እታ ነይቲ ስርርዕ ናይ ሊበራል ፓርቲ (Liberal Party) ቐመት። እዛ ፓርቲ እዚኣ ላብቲ ነዊሕ ዓመታት ዝተፈላለዩ ላስማት፡ ከም ቢሄራዊት ፓርቲን (Nationalist Party) ስሙር ላውስትራሊያ ፕርቲን (United Australia Party) ዘጠቓልል መጸዊዒታት ነይሮማ። ብ1944 ዓ.ም፡ እዛ ሊበራል ፓርቲ ከምቲ ሎሚ እንፈልጣ፡ ብሮበርት መንዚስ፡ እቲ ዝነውሐ ዘገልገለ ፕራይ ሚኒስተር ናይ ላውስትራሊያ ዝነበረ ኢያ ተመስረታ።

ድሕሪ ነይ ውግእ ዓለም፡ እዛ ካንትሪ ፓርቲ (Country Party) ኩነታት ሓረስቶት ንምምዕባል ቁመት። ሎሚ፡ ሃገራዊ ፓርቲ (National Party) ብዝብል ስም ትፍለጥ፤ መብዛሕትኡ ጊዜ ካላ ብልፍንቲ/ ምሕዝነት ምስዛ ሊበራል ፓርቲ ትሰርሕ።

እቲ ናይ 1901 ዓ.ም ስደት/ ኢሚግረሽን ምግታእ ዓንቀጽ

ብታሕሳስ 1901 ዓ.ም እቲ ስደት/ ኢሚግረሽን ምግታእ ዓንቀጽ ምስ ጸደቐ፡ 'ጻዕዳ ላውስትራሊያ' ('White Australia') ፖሊሲ፡ ሕጊ ኮነ። ኢሚግራንት ላብ ላውስትራሊያ ንኸይሰርሑ ላጻበበ፤ 'ዘይ-ጻዕዳ' ህዝቢ ንኸይላትዉ እውን ላጻበበ።

ድሕረ ባይታኦም ዘይ-ኤውሮጳዊ ንዝኾኑ ሰባት፡ ብዝኹነ ኤውሮጳዊ ቋንቋ ናይ 50 ቃላት ናይ ሰሚዕካ-ምጽሓፍ (dictation) መርመራ ይግበረሎም ነይሩ። ላባላት ናይቲ ቻይናዊ ቸምበር ኦፍ ኮመርስ፣ እቲ ጠበቓ፡ ዊልያም ላህ ከትን ዓበይቲ ቻይናዊያን ቢዝነስመን ህዝባዊ ተቓውሞ ገበሩ፤ ይኹን'ምበር፡ እዚ ነቲ ሕጊ ንምቕያር ላየዐወተን።

ላብታ ብቐረባ ብፈደረሽን ዝተላሳሰረት ላውስትራሊያ፡ ካብ ኤውሮጳ ዝመጹ ማይግራንት ብጣዕሚ ልሉያት ነይሮም። ይኹን'ምበር፡ እቲ ባህላዊ ላበርክቶታት ናይ ቻይናውያን፣ ህንዳዊያን፣ ፓሲፊክ ኢስላንደርስን፣ ናይቶም ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዝመጹ ላህዛብን ድሮ ላካል ናይቲ ማሕበራዊ መንነት ናይ ላውስትራሊያ ኢዩ ነይሩ።

ዶሮሲ ማክለር (1885 ዓ.ም - 1968 ዓ.ም)

ዶሮሲ ማክለር ናይ ግጥሚ ክእለት ዝነበራ ኰይና፡ ብዝበለጸ በታ መጀመርያ ብ1908 ዓ.ም ዝተሓትመት፡ ሃገረይ *(My Country)* እትብል ግጥማ፡ እታ 'ብጻሓይ-ዝተቓጸለት ሃገር እፈቱ' ንእትብል ሓረግ/ መስመር ህያው ዝገበረት፡ ትፍለጥ። ናይ ግጥሚ ክእለታ፡ ከም ብዓይነቱን ደረጃኡን ብጣዕሚ ምልኣት ዘሎዎ፤ ካብቲ ጥቓ ጉነዳ፡ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይ ኒው ሳውዝ ወልስ ዝርከብ ናይ ሓዋ ሕርሻ ብዘጥረየቶ ተመኩሮ ዝተመስጠት፡ ናይ ጫካ ግጥሚ ኢዩ ዝውሰድ።

ብ1968 ዓ.ም፡ ዶሮሲ ኣብ ናይ ኣውስትራሊያዊ ሰነ-ጽሑፍ ብዝገበረቶ ኣበርክቶ፡ ኦፊሰር ናይቲ ኦርደር ኦፍ ዘ ብሪትሽ ኤምፓየር ኰይና ተመደበት።



1ይ ኩናት ዓለም (1914 ዓ.ም-1918ዓ.ም)

ካብቲ ኣብ ሞንጎ ሰፋሮን ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ጐንጺ ወጻኢ፡ ኣውስትራሊያ ብዝገኣድ ደረጃ ሰላማዊ ታሪኽ ነይሩዋ። ህዝባዊ ናዕብታት ወይ ሰውራታት ኣይነበሩን።

ትውልድታት ኣውስትራሊያውያን ነቲ እንግሊዝ ሃጻያዊ ግዝኣት ብጣዕሚ ምእዙዛት ኰይኖም ቀጸሉ።

ከም ኤውሮጳዊ ልጉስ ሰፈር፡ ቀረባ ንኤስያ፡ ኣብ ታሪኻ ኣውስትራሊያ ንሓደጋ ዝተሳጥሐት ኰይኑ ተሰሚዑዋ፤ ብፍላይ ጃፓን ዓባይ ሓይሊ ድሕሪ መኺና። ኣውስትራሊያ ንምከልኻል፡ ኣብ ናይ እንግሊዝ ሃጻያዊ ሓይሊን ኣብ ናይ ባሕሪ ሓይላን ተመርኩስና። ነቲ እንግሊዝ ሃጻያዊ ሓይሊ ንምሕያልን ንኣውስትራሊያ ንምክልኻልን፡ ኣውስትራሊያ ኣብ ክልትኡ ናይ ዓለም ኩናታት ተዋጊኣ።

ኣውስትራሊያ ኣብ 1ይ ውግእ ዓለም፡ ብነሓሰ 1914 ዓ.ም ኣተወት፤ ብ1915 ዓ.ም ካኣ ቱርኪ፡ እታ ናይ ጀርመን ሻራ፡ ኣብ ምጥቃዕ ተሳተፈት። እቶም ሰብኡት ናይቲ ኣውስትራሊያዊን ነው ዚላንድን ክፍሊ ሰራዊት (Anzacs) ከጥቅዕሉ ዝተመደበሎም ወገን ናይ ጋሊፖሊ ሓውሲ ደሴት ተዋሂቦም ነይሮም።

ብናይ ቱርኪ ሰራዊት እናተተኰሶም እውን፡ ኣጻድፍ ጐቦታት ክሓኩሩ ነይሩዎም። መቾም፡ ዋልኺ ብዙሓት መንእሰያት ሰብኡት እንተ ሞቱ፡ ነቲ ጐቦታት ሓኩሮሞ፤ መዛግቦም ካኣ ሒዞም። ኣውስትራሊያውያን ኣብ ሃገር በቲ
መንፈስ ናይ Anzacs ብርቱዕ ኩርዓት የሕዲሮም።

ድሕሪ ጋሊፖሊ፡ እቲ ኣውስትራሊያዊ ሓይልታት ኣብቲ ምዕራባዊ ግምባር፡ ኣብ ፈረንሳን በልጂየምን ተዋጊኡ። እቲ ኳዓቶ ('diggers') ዝብል ስም ዝተሰየመዎ ኣብዚ ኢዩ ነይሩ፤ ምኽንያቱ፡ መዛግብ ኣብ ምኩዓትን ምድልዳሉን ብዙሕ ጊዜ ኣጥፊኡም/ ወሲዶም። ብኣዛዚኡም፡ ለይተናንት ጀነራል ሰር ጆን ሞናሽ ተመሪሑም፡ እቶም ኣውስትራሊያውያን ኳዓቶ ኣብቲ ናይ መውዳእታ ውግኣት ኣንጻር ጀርመን ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝገቡ፤ ከምኡ ድማ፡ ካብቶም ፈረንሳዊያን፡ ዝሕግዙዎም ዝነበሩ ዘላቒ ሞሳን ምስጋናን ኣመዝገቡ።

ኣውስትራሊያውያን ናይ ኣገልግሎት ሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ'ውን ኣብ ምክልኻል ስወጽ ካናልን፡ ኣላይድ (Allied) ኣብ ምቑጽጻር ናይ ሳይናይ ሓውሲ ደሴትን ፓለስታይን ኣገልጊሎም ኢዮም።

ሲምፖንን ኣድጉን - ጆን ሲምፕሶን ኪርክፓትሪክ (1892 ዓ.ም-1915 ዓ.ም)

ግላዊ ጆን ሲምፕሶን ኣብ ጋሊፖሊ ኣብታ ኣምቡላንስ ናይ ሕክምና ኣካል ከም ቁሱላት ኣብ ምልዓልን ምግዕዓዝ (ሙሶላ stretcher bearer) ኣገልጊሉ። ኣብ ጐቦታትን ገብለታትን ሙሶላታት ምሽካም ከቢድ ነይሩ። ብኣንጻር ናይ ሰራዊት ትእዛዛት፡ ነቶም ዝቑሰሉ ወተሃደራት ናብ ናይ ሰላም ቦታ ኣብ ምብጻሕ ክትሕግዝ፡ ዳፊ ዝስማ ኣድጊ ተጠቒሙ።

ማዓልትን ለይትን፡ ካብ ሳዓት ናብ ሳዓት፡ ሲምፕሶንን ኣድጉን ኣብ ሞንሶ'ቲ ናይ ኩናትን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝነበረ ካምፕን ብምምልላሶም፡ ህይወቶም ንሓደጋ ይሳጣሕ ነይሩ።

ግላዊ ጆን ሲምፕሶን ብ 25 ሚያዝያ 1915 ኣብ ጋሊፖሊ በጽሐ። ድሕሪ 4 ሰሙናት ብናይ ጸላኢ ዓቢ መሳርያ ተቐትለ። ናይ ኣገልግሎት ሰብኡት፡ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ካምፖ ብህድኣት ዝመልኡ ሓዘን፡ ዳፊ ጌና ዝተወግኣ ወተሃደር ተሸኺሙ እቲ መንእሰይ ጐይታኡ ኣብ ጐድኑ ኣብ ዘይብሉ፡ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ካምፖ እናተጓዕዘ ከሎ ተመልከቱ። ጆን ሲምፕሶን ኪርክፓትሪክ፡ ኣውስትራሊያዊ ስሙይ ሰብ ኢዩ።





እቲ ኣንዛክ መስመያ

እቲ ኣንዛክ ያታ ካብ ናይ ጋሊፖ ሓውሲ ደሴት፡ ቱርኪ ተሞኩሮ ኢዩ ተወሲዱ።

እቲ ምእታው ኣብ ጋሊፖሊ ብ25 ሚያዝያ 1915 ዓ.ም፡ ምጅማር ጐስጓስ፡ እቲ 8 ኣዋርሕ ዝወሰደን፣ ካብ 26,000 ንላዕሊ ኣውስትራሊያዊ መቕሰልቲ (8000 ዝተቐትሉን ወይ ብሕማም ዝሞቱን ዘጠቓልል) ዘስዓበን፡ ኣስመረ። እቲ ትብዓትን መንፈስን ናይቶም ኣብቲ ጋሊፖሊ ሓውሲ ደሴት ዘገልገሉ፡ መስመያ ቐሪጹ፣ እቲ ኣንዛክ (‘Anzac’) ዝብል ኣምር ድማ ኣካል ናይቲ ኣውስትራሊያዊን ኒው ዚላንድን ቋንቋ ኮነ።

ብ25 ሚያዝያ 1916 ዓ.ም፡ ኣውስትራሊያ፣ ኒው ዚላንድ፣ ኤንግላንድን ሰራዊት ኣብ ግብጽን ነታ ናይ መጀመርያ ዓመታዊ ዝኽሪ ናይዚ ምእታው (ላንንዲንግ) ተመልከተ። ካብ ኡንድሓር፡ 25 ሚያዝያ ከም ኣንዛክ ማዓልቲ ተፈልጠት።

ኣብቲ 1920’ታት፡ ኣንዛክ ማዓልቲ፡ ጽምብል ባዓላት ኣብ ምሉእ ኣውስትራሊያ ተኸቢሮም፣ እተን ክፍለ-ሃገራት ካኣ ኣንዛክ ማዓልቲ ከም ህዝባዊ ባዓል ወሰንኡ።

ዓበይቲ ናይ ኩናት መዘክራት ኣብተን ርእሰ ከተማታት፣ ሓወልትታት ድማ ኣብ ዓበይቲን ንኣሽቱን ከተማታት ኣብ ምሉእታ ሃገር፡ ንዝኽሪ’ቶም ኣብቲ መድረኽቲን ድሕርኡ ኣብ ዝቐጸሉ ግርጭታትን ንዝተቐትሉ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደንስትዮን ተሃንጹ።

ኣንዛክ ማዓልቲ፡ እታ ንኽብሪ ኹሎም እቶም ኣብ ኩናታት፣ ጐንጽታትን ናይ ሰላም-ምዕቃብ ተልእኾታትን ዘገልገሉን፣ ሓለፋ-ኣዕሩኽቶምን፣ ኣብ ሕሱም እዋናት ንዝተወስዱ ጽሮትን ንስለ መጻኢና ዝተኸፍሉ መስዋእትታን እንዝክረላን እነኽብረላን ማዓልቲ ኢያ። ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ብዙሕ ትርጉማት ናይ ኩናት ናይ ምንጽብራቕ ማዓልቲ እውን ኢያ።

ሎሚ፡ ኣንዛክ ማዓልቲ ኣብ ኣውስትራሊያን ኣብ ኩሉ ዓለምን ብኽብሪ ትብዕል። ዝተመልሱ ኣውስትራሊያን ኣገልገልቲ ሰብኡትን ኣንስትን፣ ዓቀብቲ-ሰላምን ገዳይም ካብ ካልኦት ሃገራትን፣ ኣብ ማዓልቲ ኣንዛክ ሰልፊ ኩሉ ብሓበን ይምርሽ።

እቲ ዓቢ ውድቀት (1929 ዓ.ም-1932ዓ.ም)

እቲ ዓቢ ውድቀት፡ ንህዝቢ ኣውስትራሊያ ናይ ኣዝዩ ከቢድ ሽግራት ጊዜ ነይሩ። ምስቲ ናይ ኒው ዮርክ ስቶክ ኤክስቸንጅ ሃንደበታዊ ውድቀት፡ ጥቅምቲ 1929 ዓ.ም፡ ብሓደ ጊዜ ጀሚሩ። ካልኦት ረጃሒታት ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ናብቲ ዓቢ ውድቀት ኣሉታዊ ኣበርክቶ ዝገበሩ፡ ምንቀኑልቋል ዋጋታት ናይ ኣውስትራሊያዊያን ኣቑሑን፣ ብሰንኪ ወሃብቲ ስራሓት ስራሕን ደሞዝን ምቀራጽ ኢንዱስትራሊያዊ ናዕብታትን የጠቓልል። ኣብቲ መፋርቕ ናይ 1932 ዓ.ም፡ ዳርጋ 32% ኣውስትራሊያውያን ካብ ስራሕ ወጺኦም።

እቲ ዓቢ ውድቀት ኣብ ልዕሊ ኣውስትራሊያዊ ሕብረተሰብ ዘከተሎ ሽግራት ኣዕናዊ ነይሩ። ብዘይ ስራሕን ቀጻሊ እቶትን፡ ብዙሓት ሰባት ገዛውቶም ስኣኑ። ኣብ መሞቒ ወይ ጽሬት ዘይብሉ ተንቀሳቓሲ መዕቆቢታት ክነብሩ ተገደዱ። ገለ ኣቦታት ስድራ ቤቶም ራሕሪሑም ከዱ ወይ'ውን ናብ ኣልኮሆል ወደቑ። ብዙሓት ደቂ ሰራሕተኛታት-ደርቢ ቁልዑ፡ ኣብ 13 ወይ 14 ዓመት ዕድሚኦም ካብ ቤት ትምህርቲ ወጹ። ብዙሓት ኣንስቲ ኣብ ተራ ስራሓት ኣቶዋ፤ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ገዛ በይነን ደቀን ምሕብሓብን ገዛ ምሕላውን ወደቓ።

ክሳብ'ቲ ናብቲ ዓቢ ውድቀት ዘምርሐ እዋን፡ እቲ መንግስቲ ማእከላዊ ናይ ዘይስራሕ ፕሮግራም ኣይነበሮን። ካብ ናይ ግብረ-ሰናይን ገለ ግላዊ ስርርዓትንትን ወጻኢ፡ ድኻታት ሰባት ኣብ ህዝባዊ ተግባራትን ናይ ስራሕ ፕሮጀክትታትን ይጽበዩ ነይሮም። ብ1932 ዓ.ም እቲ ምጣኔ-ሃብቲ ክምሓየሽ ጀመረ፤ ግን ብብዙሕ ሽነኻት፡ እቲ ኣብ ስድራ ቤታት ዝበጽሐ ጉድኣት ክዕረ ዝኽእል ኣይነበረን።

ኣብ ጊዜቲ ዓቢ ውድቀት፡ እቲ ቀንዲ ተራ ናይ ኣውስትራሊያዊ ግብረ-ሰናያትን ወለንታዊያንን ተዋዓውዐ።



ኣብ ጊዜ 2ይ ኩናት ዓለም ናይ መረቕ ከሸነ ኣብ ጊዜ ዓቢ ውድቀት

ሰር ቻርለስ ኪንግስፎርድ ስሚዝ (1897 ዓ.ም-1935 ዓ.ም)

ሰር ቻርለስ ኪንግስፎርድ ስሚዝ ናይ ፈለማ ኣውስትራሊያዊ ኣብራራይ/ ፓይሎት ነይሩ። ኣብ 1ይ ኩናት ዓለም ኣብ ጋሊፖሊ ተዋጊኡ፤ ምስ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ዘውዳዊ ናይ በረራ ሓይሊ ብምትእስሳር ሰሪሑ።

ዝበለጸ ዓወቱ፡ እቲ ቀዳማይ ምስጋር ፓሲፊክ ውቅያኖስ ካብ ካሊፎርኒያ ናብ ኩንስላንድ ብ1928 ዓ.ም ብምግባሩ ነይሩ። ነፋሪቱ፡ እታ ሳውዘርን ክሮስ፡ 25,000 ህዝቢ ብኣድናቐትን ብሓጎስን ጅግናኡም 'ስሚዚ' ('Smithy') ዝተቐበሉዎ ኣብ ኣውስትራሊያ ዓለበት። ብ1932 ዓ.ም፡ ኣብ ናይ በረራ ንዝገበሮ ኣገልግሎታት ስልማት ወሰደ (knighted)።

ብ1935 ዓ.ም፡ ብዘሕዝን ኩነታት ካብ ኢንግላንድ ናብ ኣውስትራሊያ ኣብ ዝበርረሉ ዝነበረ እዋን ምስ ነፋሪቱ ወዲቑ፤ ፈጺሙ ድማ ኣይተረኽበን።

ሰር ቻርለስ ኪንግስፎርድ ስሚዝ፡ ናይ ዓለም ዝዓበየ በራራይ ተጸዊዑ ነይሩ፤ ኣብቲ እዋን ዓቢ ውድቀት፡ ንህዝቢ ኣብነት ናይ ሓቀኛ ኣውስትራሊያዊ ጅግና ብምንባሩ ካኣ ይዝከር።



2ይ ኩናት ዓለም (1939 ዓ.ም-1945 ዓ.ም)

ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣውስትራሊያውያን ምስተን ናይ ምሕዝነት ሃገራት (Allies) ኣንጻር ጀርመን ኣብ ኤውሮጳ፣ ኣብቲ መዲተራንያንን ሰሜን ኣፍሪቃ ተዋጊኦም። ከምኡውን ኣብ ሳውዝ-ኢስት ኤስያን ፓሲፊክን ኣንጻር ጃፓን ተዋጊኦም።

ኣብ ምድረ-በዳታት ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ኣውስትራሊያዊ ሰራዊት ኣብ ከተማ ቶብሩክ፡ እታ ናይ መወዳእታ ምክልኻል ኣንጻር ናይ ጀርመን ናይ ምድፋእ መጥቃዕቲ ናብ ግብጺ፡ ንናይ ጀርመን ጥልያንን ናይ ነዊሕ ጊዜ መጥቃዕትታት መኪተሞ። ንፅ ነዊሕ ኣዋርሕ፡ እዞም ሰብኡት (መብዛሕትኦም ኣውስትራሊያውያን) ከበድቲ መጥቃዕታትን ሕሱም ኩነታትን መኪቶም፡ኣብ ብዓቲታትን መሸቜራቕሮታትን እናተቐመጡ። ቁራጽነቶም፣ ትብዓቶምን ፍሕሸውነቶምን፣ ምስቲ ዘይምሕር ታክቲክስ ናይ ኣዘዝትን ተደማሚሩ፡ ኣብቲ ገለ ከበድቲ ማዓልታት ናይ ውግኣት ናይ ትግሃት ምንጪ ኮይኑ። ከምኡ ብምግባር፡ ናይ ንሓዋሩ ዝና፡ ከም እቶም 'ኣናጹ ናይ ቶብሩክ' 'Rats of Tobruk' ኣመዝጊቦም።



ሓደ ውጉእ ወተሃደር ኣብ ኮኮዳ ትራክ (Kokoda Track) (ጭቃን ዝመልኦምን ጸበብትን መንገድታት) ብሓደ ፓፑኣዊ (ኒው ጊኒኣዊ) ሰብ ዝተሓገዘ

ብ1941 ዓ.ም፡ ጃፓን ኣብ ፓሲፊክ ውግኣ ከፈተት ኣውስትራሊያዊ ኣገልግሎት ሰብኡትን ኣንስትን ንፓፑዋ ኒው ጊኒያ ክከላኸሉላ ከይዶም። እዚ ስርሒትዚ ንተራ ወተሃደራትን ንመንእሰያት እኹል ምልመላ ንዘይወሰዱ ብታህዋኽ/ ግዲ ዝተዓለሙ ወተሃደራት ኢዩ ተዋሂቡ። ንጸላኢ ኣብ በረኽታት፣ ጎቦታት፣ ጨፈቃ ጸበብቲ መንገድታትን፡ ኮኮዳ ትራክ (Kokoda Track) ዝጽዋዕ ተዋጊኦሞ። ኣውስትራሊያዊ ሰራዊት ንናይ ጃፓን ምድፋእ ዓጽየሞ። ከም ኣንዛክ ኩቭ ኣብ ጋሊፖሊ፡ እታ ኮኮዳ ትራክ ንገለ ኣውስትራሊያውያን ቦታ ናይ ንግደት ኩነት።

ብ1942 ዓ.ም፡ ጃፓናዊያን ንናይ እንግሊዝ ድሕረ ግንባር ኣብ ሲንጋፖር ሓዙዋ። ዳርጋ 15,000 ዝኸኑ ኣውስትራሊያዊ ሰራዊት/ ወተሃደራት ካብቶም ዝተማረኹን ንስራሕ ናብቲ ታይ-በርማ (Thai-Burma Railway) መንገዲ ባቡር ተወስዱ። ኣብቲ ናይ ህንጽ ስራሕታ፡ ብዙሓት ኣውስትራሊያዊ ወተሃደራት ኣብ ትሕቲ ጭካን ኣተሓሕዛ ናይ ጃፓን ወደቑ። ዋላ'ኳ ኣውስትራሊያውያን ናይ ኩናት ምሩኻት፡ ኣብ ሓድሕዶም ክትሓላለዩ ዝኽኣሉዎ ዘበለ እንተገበሩ፡ ኣብኡ ኢዩ ነይሩ ካብ 2700 ንላዕሊ ኣውስትራሊያውያን ናይ ኩናት እሱራት ዝሞቱ።

ሰር ኤድዋርድ 'ወሪ' ('Weary') ዳንሎፕ (1907 ዓ.ም-1993 ዓ.ም)

ሰር ኤድዋርድ 'ወሪ' ('Weary') ዳንሎፕ ተባዕን ሓብሓባይን ናይ መጥባሕቲ ክኢላን ኣውስትራሊያዊ ናይ ኩናት ጅግናን ነይሩ። ኣብ ጊዜ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ብጃፓናዊያን ተማረኽ፤ ከስርሑዎ ካኣ ናብ በርማ፡ ናብቲ ታይ-በርማ መንገዲ ባቡር ወሰዱዎ። እዚ ብጣዕሚ ከቢድ ስራሕ ነይሩ።



ከም ኣዛዚ መጠን፡ ወሪ ንወተሃደራቱ ይከላኸለሎም ነይሩን፣ ከም ዶክቶር መጠን ድማ ንምሕካሞም ብዙሕ ሳዓታት የጥፍእ ነይሩ። ኣብቲ ካምፖይቕጥቀጥ ነይሩ፤ ግን ብምምካት/ እናኣበየ ምግልጋል ቀጺሉ።

ብ1969 ዓ.ም፡ ኣብ መድሃኒት ብዝገበሮ ኣበርክቶ ተሰሊሙ/ (knighted)። ምስ ሞተ ኣብቲ ሃገራዊ ቀብሪ ናይዚ ጅግና፡ እቲ 'ዶክቶር ኣብ መንገዲ ባቡር' ዝተጸውዐ (''The Surgeon of the Railway') ካብ 10,000 ንላዕሊ ህዝቢ ኣብ ጽርጊያታት ናይ መልቦርን ተሰርዐ።

ካልኦት ጐንጽታት

ኣብ ሓጺር ጊዜ ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ካብ 1950 ዓ.ም ክሳብ 1953 ዓ.ም፡ ኣውስትራሊያዊ ዕጡቐ ሓይልታት፡ ከም ኣካል ናይ ሕቡራት ሃገራት ብዙሕ-ሃገራዊ ሓይሊ ንደቡብ ኮረያ ካብ ኮሙኒስት ሓይልታት ናይ ሰሜን ንምክልኻል ተላኢኾም።

ከይነውሐ ድሕሪኡ፡ ኣውስትራሊያ ነቲ ደቡብ ቬትናሚዝ መንግስቲ ኣንጻር ቬትናሚዝ ኮሙኒስት ሓይልታት፡ እቶም ነታ ሃገር ከሕቡሩዋ ዝፍትኑ ዝነበሩ፡ ንሓገዝ ንሕቡራት መንግስታት ኤመሪካ (USA) ተሓወሰታ። እቲ ናይ ቬትናም ኩናት ካብ 2ይ ኩናት ዓለም ኣትሒዙ፡ ናይ ኣውስትራሊያ ዝዓበየ ናይ ዕጡቐ ሰራዊት ድሉውነት/ ተሳትፎ ኢዩ። ካብ 1962 ዓ.ም ክሳብ 1973 ዓ.ም ዝወሰደ፡ ኣብቲ ጊዜቲ እቲ ኣውስትራሊያ ዝተዋጋኣትሉ ዝነውሐ ኩናት እውን ኢዩ ነይሩ። ኣዘራርቢ ተሳትፎ ነይሩ፤ ብዙሓት ኣውስትራሊያውያን ኣንጻር'ቲ ሳዕቤን፡ ብፍላይ፡ መንእሰያት ኣውስትራሊያዊ ደቂተባዕትዮ ናብ ኩናት ምምልማል፡ ተቓውሞኣም ንምስማዕ ኣብ ጽርግያታት ዝወጹሉ ዝነበሩ ጉዳይ ነይሩ።

እቲ ኣውስትራሊያዊ ናይ ምክልኻል ሓይሊ፡ ኣብ ናይ ምብራቕ ቲሞር፣ ሲራቕ፣ ሱዳንን፣ ኣፍጋኒስታን፡ ጐንጽታት እውን ተኻፊሉ ኢዩ። ከምኡውን ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ናይ ዓለም ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዕቃበ-ሰላም መደባት፡ ኣፍሪቃ፣ ማእከላይ ምብራቕን ኤስያ-ፓሲፊክ ዞናን፡ ዘጠቓለለ ተሳቲፉ ኢዩ።

ናይ ተዘክሮ ማዓልቲ

ኣብ ተዘክሮ ማዓልቲ፡ ከምቲ ኣብ ኣንዛክ ማዓልቲ እውን፡ ኣውስትራሊያውያን ብዛዕባ'ቶም ኣብ ኩናት ዘገልገሉን ዝሞቱን ይዝክሩን የኽብሩን። ሳዓት 11 ቅቐ፡ ሕዳር (ወርሒ 11) ዓመት መጸ፡ ኣውስትራሊያውያን ነቲ መስዋእቲ ናይቶም ኣብ ኩናታትን ጐንጽታትን ዝሞቱ ወይ ዝተሳቐዩ ፡ ከምኡ ድማ ነቶም ኩሎም ዘገልገሉን ሰብኡትን ኣንስትን ንምዝካር ሰጋእታ ነመዝግብ። ኣብዛ ማዓልቲ ቀይሕ ምልክት (poppy) ንለብስ።

ስደት ኣብ ፈለማ 1900'ታት



ኤውሮፓዊ ማይግራንት ኣብ ኣውስትራሊያ ምእታው

ኣብ ሞንጎ 1ይን 2ይን ኩናታት ዓለም፡ ናብ ኣውስትራሊያ መእተዊ፡ ናይ ቁጽጽር ቀጥዕታት ቀጺሉ። ይኹንምበር፡ ናይ ስደት ብዝሒ ሰብ ብፍላይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ካብ ደቡባዊ ኤውሮጳ ይዓቢ ነይሩ። ብዙሕ ክእለታት፣ ትምህርቲን ናይ ገዛእ ኣራእሶም ባህላዊ ክብርታት ሒዞም መጺኦም። ናይ ኣውስትራሊያ ናይ ገጠር ኢንዱስትሪታት ኣብ ምምዕባልን፣ መንገድታትን መንገድታት ባቡርን ኣብ ምህናጽን ሓጊዞም። ናይ መንደቕን ጽርበትን (እምኒ) ክኢላታት (stonemasons) ኢጣልያዊያን ኣብቲ ህዝባዊን ናይ ተቐማጣይን ናይ ህንጻ ሞያታት ዝልለ ኣበርክቶ ገይሮም።

ኣብ መወዳእታ ናይ 1930'ታት፡ ጁዊሽ ስደተኛታት ካብ ኤውሮጳ ክመጹ ጀሚሮም። ካብቲ ስግኣት ናይ ናዚ ጀርመን ይሃድሙ ነይሮም። ካብ ጀርመን፣ ኣውስትሪያ፣ ቸኮዝሎቫኪያ፣ ሃንጋሪን ፖላንድን መጺኦም። ብዙሓት ኣዝዮም ምሁራት ነይሮም፤ ንናይ ኣውስትራሊያ ምጣነ-ሃብትን ባህላዊ ህይወትን ድማ ኣዝዩ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም።

ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም ዝተማረኹ፡ ዳርጋ 18,000 ኢጣልያዊያን ወተሃደራት፡ ኣብ ናይ ኩናት እሱር ካምፖታት ኣብ ኣውስትራሊያ ተታሒዞም ነይሮም። ኣብቲ ካምፖታት ንሓጺር ጊዜ ጸኒሖም፤ ግን ብጽቡቕ ይናበዩ ነይሮም፤ ብዙሓት ካኣ ገለ ነገር ብዛዕባ እዛ ሃገርን ህዝብን ተማሂሮም። ድሕሪቲ ኩናት፡ ብዙሓት ናብ ኣውስትራሊያ ከም ማይግራንት ተመሊሶም።

ድሕሪ-ኩናት ስደተኛታት

ድሕሪቲ ኩናት፡ ህዝቢ ንምብዛሕ፡ ኣውስትራሊያ ካብ ካልኦት ኤውሮጳውያን ሃገራት ስደት ኣተባብዐት። ሚሊዮናት ህዝቢ ካብ ናዚ ጀርመን ሃደሙ ወይ ካኣ ናብ ዓዓዶም ናብቲ ህዚ ብሶቭየት ሩስያ ዝተታሕዘ፡ ክምለሱ ኣይክእሉን ነይሮም። ዳርጋ 170,000 ካብዞም ዝተፋናቐሉ ሰባት ናብ ኣውስትራሊያ ሓድሽ ህይወት ንኽጅምሩ ቅቡላት ነይሮም።

ኣብ ኣውስትራሊያ ከቢድ ሕጽረት ናይ ሸቃሎ እውን ነይሩ ኢዩ። ኣብቲ ጊዜቲ፡ እቲ መንግስቲ ናይ ህዝቢ ቀጽሪ ዕብየት ንናይ ሃገር መጻኢ ኣዝዩ ኣድላዩ ምኻኑ ኣሚኑ። ጥዑያት ዓበይቲ ማይግራንት ካብ 45 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም፡ ናብ ኣውስትራሊያ ብ£10 ይገሹ ነይሮም፤ ደቐም ካኣ ብናጻ። ይኹንምበር፡ ብዘይካ ዓባይ ብሪጣንያ ወይ ኤውሮጳውያን ዜጋታትን፡ ንማይግራንትን ጌና ቀጽጽር ነይሩ።



እቶም በረዳም ኣኽራናት ሃይድሮ-ኤሌክትሪች ስኪም (Hydro-Electric Scheme)

ብ1949 ዓ.ም፡ እቲ መንግስቲ ካብቶም ብበረድ ዝተሸፈኑ ውሓይዝ ማይ ኣብ ናይ ምእካብ ተባዕ መደብ ክሰርሕ ጀሚሩ። ነዚ ካኣ ቅድሚ ናብቲ ምብራቓዊ ቪክቶሪያ ዘሎ ባሕሪ ምፍሳሱ ከካይዶ ወሰነ። እዞም ማያት ንናይ መስኖ ሕርሻ ከገልግሉን፣ ሓይሊ ኤለክትሪክ ንምምንጫው፡ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን፣ ናብ ውሽጢ መሬት ከም ዝፈሱ ተገብረ። ንምውድኡ 25 ዓመታት ዝወሰደ ኣዝዩ ዓቢ ፕሮጀክት ነይሩ።

እቲ ዝዓበየ ኤንጂነሪንግ ፕሮጀክት ኣብ ኣውስትራሊያ ኢዩ። ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ሃይድሮ-ኤሌክትሪች ስኪም ኣብ ዓለም እውን ኢዩ፤ ከም ሓደ ኣብ ዓለም ዝድነቐ ዘመናዊ በርጌስ ኤንጂነሪንግ ካኣ ይፍለጥ።

እቲ ብበረድ ዝተሸፈኑ ኣኽራናት መደብ (ዘ ስኖዊ ማውንተይንስ ስኪም)፡ ኣብ Kosciusko National Park, New South Wales ኢዩ። ብ16 ቀንዲ ግድባት፣ 7 ናይ ሓይሊ ኤለክትሪች ጣብያታት፣ ፓምፒንግ ጣብያን 225 ኪሎሜትር ታነላት (tunnels)፤ መዘርግሒሻምብቆታትን ናይ ማይ መትረባትን ዝቐመ ኢዩ። መብዛሕትኡ ትሕቲ ምድሪ ኢዩ።

እቲ ስኪም ንሓረስቶት ኣብ ማእከል ሃገር፡ ኣብ ከባቢ ኒው ሳውዝ ወልስን ቪክቶሪያን ጠቓሚ ማይ ይቅርብ። እተን ናይ ምንጪ ሓይሊ መደበራቱ እውን ክሳብ 10% ናይ ነው ሳውዝ ወልስ ኤለክትሪሲቲ የፍርያ።

ስራሕ ኣብቲ ስኪም ብ1949 ዓ.ም ተጀሚሩ፤ ብ1974 ድማ ተወዲኡ። ካብ 100,000 ንላዕሊ ሰባት፡ ካብ 30 ሃገራት ንላዕሊ ዝመጹ ኣብቲ ፕሮጀክት ሰሪሖም። 70% ካብዞም ሰራሕተኛታት ማይግራንት ነይሮም። ድሕሪ'ቲ ፕሮጀክት ምውድኡ፡ መብዛሕትኦም ካብቶም ኤውሮጳውያን ሰራሕተኛታት እቲ ክቡር ዝኾነ ኣበርክቶኦም ንናይ ኣውስትራሊያ ኣብዝሓ-ባህላዊ ሕብረተሰብ እናቐጸሉ፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ተሪፎም።

ዘ ስኖዊ ማውንተይንስ ስኪም፡ ኣገዳሲ ኣርማ ንናይ ኣውስትራሊያ መንነት ከም ናጻ፣ ኣብዝሓ-ባህላዊ ሕብረተሰብን ጸጋ ዝመልኣን ሃገር ኢዩ።

ኣትሓሕዛ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት

ኣብ 1940'ታትን 1950'ታትን፡ እቲ ናይ መንግስቲ ፖሊሲ ንኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ዝምልከት ውህደት/ ውሕጠት ኢዩ ነይሩ። ናይዚ ትርጉም፡ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት፡ ብተመሳሳሊ ኣገባባት ከምቶም ዘይ-ደቀባት ህዝቢ ንኽነብሩ ተነኒሮም። እዚ ኣይሰርሐን፤ ምኽንያቱ፡ ጥንታዊ/ ልምዳዊ ባህልታቶም ክኽስሩ ኣይደለዩን።

ብ1960 ዓ.ም፡ እቲ ፖሊሲ ብጥምረት ዝብል ተቐይሩ። መብዛሕትኦም ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ብ1850'ታት ናይ ምድማጽ መሰል ረኺቦም። ይኹን'ምበር፡ ናይ ኮሞንወልዝ ናይ ምድማጽ መሰላት ንኹሎም ኣቦቲጂናዊ ህዝብታት ክሳብ 1962 ዓ.ም ኣይተፈቐደን። ከም ኣካል ናይዚ ጥምረት፡ ኣቦሪጂናዊ ህዝብታት በርጌሳዊ ነጻነታት ተዋህቡ፤ ነገር ግን ገና ናብቲ ዘይ-ጥንታዊ/ ልምዳዊ ኣውስትራሊያዊ ባህሊ ክወድቁ/ ክኣትዉ ትጽቢት ይግበረሎም ነይሩ።

ብ1967 ዓ.ም ካብ 90% ንላዕሊ ኣውስትራሊያውያን፡ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ረፈረንዱም፡ እቲ ንኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት፡ ኣብቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ዓመት ዝካየድ ሰንሱስ ናይ ህዝብን ሃውሲንግን ክቀጸሩ/ ክኣትዉ 'እወ' ኣድመጹ። እዚ፡ ኣብቲ ጊዜቲ፡ ኣዝዮም ዝበዝሑ ኣውስትራሊያውያን ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ተመሳሳሊ መሰላት ከም ኩሉ ካልእ ሰብ ክውሃቦም ይግባእ ዝብል ሓሳብ ከም ዝነበሮም ኣመስከረ/ ኣርኣየ።

እዚ ናይ ሕብረተሰብ ክብርታት ምስፋሕን፡ ናይ ኣቦሪጂናዊ ሓያል ተቓውሞን፡ ናብ ምትእትታው ርእሰ-ውሳኔ ከም ቀንዲ መሪሕ መትከል ኣብ ኣቀራርጻ ፖሊሲ ብዛዕባ ኣውስትራሊያውያን ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት መርሐ። እቲ መንግስቲ፡ ኣገዳስነት ናይ ኣውስትራሊያውያን ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ተሳትፎ፡ ኣብ ናይ ገዝእ ርእሶም ፖሊትካዊ፣ ኤኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ምዕባሌታት ተገንዘበ/ ኣኽበረ።

ተቓውሞታት ብዛዕባ ናይ መሬት መሰላት፡ ብ1960'ታት ምስቲ ኣድማ ጉሪንዲጂ ኣብ ወይቭ ሂል - ኖርዘርን ተሪቶሪ- ተኣሳሲሩ ህዝባዊ ኣስተብህሎ ረኸበ። ኣቦሪጂናዊ ስቶኪመን፡ ብመሪሕነት ቪንሰንት ሊንኒያሪ ብዛዕባ ክፍሊትን/ ደሞዝን ናይ ስራሕ ኩነታትን ተቃውሞኡም ንምግላጽ ካብቲ ኣብ ናይ ከብቲ መደበር መደቦም፡ ስራሕ ኣቋሪጾም ወጹ። ዝወሰዱዎ ስጉምቲ፡ ኤዲ ማቦን ካልኦትን ንናይ መሬት መሰላቶም ክቃለሱ ኣኽኣለ።

ኣብ ትሕቲ ናይ 1976 ዓ.ም ኣቦሪጂናዊ ላንድ ራይትስ (ኖርዘርን ተሪቶሪ) ዓንቀጽ፡ ኣቦሪጂናዊ ህዝብታት ኣብቲ ርሑቕን ጸምጸም በረኻታትን ኣውስትራሊያ ናይ መሬት ቦታታት ተፈቐደሎም። ኣብቲ ናይ ፈለማ 1990'ታት፡ እቲ ላዕላይ ቤት ፍርዲ - ማቦ ውሳኔን እቲ ናየቦ መሰል/ ነቲቭ ታይትል ዓንቀጽ 1993 ዓ.ምን (*Native Title Act 1993*)፡ ኣቦሪጂናዊ ላንድ ራይትስ (ኖርዘርን ተሪቶሪ) ዓንቀጽ፡ ኣቦሪጂናዊ ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ናይ ገዝእ ርእሶም ልምዳዊ ሕግታት ባህልታት፡ መሬት ናይ ምሕታት መሰል ከም ዘሎዎም ኣረጋገጸ/ ኣኽበረ።

እንዳዓበየ ዝኸይድ ናይ ኣውስትራሊያ (ናይ መሬት ምልክታ ምቕራብ) ናይ መሬት መሰል፡ እቲ ብልምዳዊ ባህልታትካን ሕግታትካን ዝቀርብ ዘሎ ኢዩ። ኣብዞም መዳያት እዚኦም፡ ኣኪያይዳ ልምዳዊ ሕብረተሰብ ቀጻሊ ኢዩ።

ብግንቦት 1997 ዓ.ም፡ እቲ 'ናብ ቤቶም ምምጻእ' ('Bringing them home') ጸብጻብ ናብቲ ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት ቀረበ። እቲ ጸብጻብ ውጽኢት ናይቲ ብዛዕባ እቲ ብዙሕ ዝቀጽሮም ደቂ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ቁልዑ ካብ ወለዶምን ስድራ ቤታቶም ዝተወስዱ ብወግዒ ዝቐረበ ሕቶ ኢዩ ነይሩ። እዞም ቁልዑ 'ዝተሰርቀ ትውልድታት' (the 'Stolen Generations') ብዝበል ስም ይፍለጡ። ከም ውጽኢት ናይቲ ጸብጻብ፡ ኣሽሓት ኣውስትራሊያውያን ንደቂ ዓዶም ደቀባት ኣውስትራሊያውያን፡ ኣብቲ ብ1998 ዓ.ም ዝተገብረ 1ይ ሃገራዊ ናይ 'እቐሬታ ማዓልቲ' ('Sorry Day') ሓቢሮም ብምስላፍ ደገፎም ገሊጾም።

እቲ ሃገራዊ ናይ እቕሬታ ስለቶም ዝተሰርቀ ትውልድታት (2008 ዓ.ም)

ብ13 ለካቲት 2008 ዓ.ም፡ እቲ ኣውስትራሊያዊ ፕራይ ሚኒስተር ኣብቲ ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት፡ ብስም ኩሎም ኣውስትራሊያውያን ሃገራዊ እቕሬታ ን ዝተሰርቀ ትውልድታት ገይሩ። ብምኽንያት ኣብ ልዕሊ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ኣብ ሕሉፍ ብዝነበረ ኣርኣእያን ኣትሓሕዛን፡ ብፍላይ ካኣ በቲ ኣፈላልያ ናይቶም ቁልዑ ካብ ስድርኦም ኣመልኪቱ፡ እቲ ፕራይ ሚኒስተር 'እቕሬታ' (sorry) ኢሉ።

እቲ ዘቕረቦ ዘረባ ብቴለቪጅንን ራዲዮን ተቓሊሑ። ኣሽሓት ኣውስትራሊያውያን ነቲ ናይ 'እቕሬታ' ዘረባ ክሰምዑ፡ ብሓባር ኣብ ህዝባዊን ካብ ናይ ስራሕን ቦታታት ተኣኪቦም። እቲ ዘረባ ብወግዒ ነቲ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጸሙ በደላት/ ዘይፍትሓዊነታት ዘርዚሩን ይቕሬታ ሓቲቱን። እዚ ንመስርሕ ምሕዋይ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታትን እዞም ግፍዕታት ፈጺሞም ደጊሞም ከምዘይፍጸሙ ንምርግጋጽን ኣገዳሲ ስጉምቲ ነይሩ። እታ ናይ 'እቕሬታ' ዘረባ ኣገዳሲት ስጉምቲ ንቕድሚት ንኹሎም ኣውስትራሊያውያን ነይራ።



ሰማይ-ጸሓፋይ (ገለ ነፈርት ብምጥቃምን ገለ ትኪ ዕናስደድካን ዝፍጠር ጽሑፍ) ኣብ ልዕሊ ሲድነይ ብምዝምባይ 'እቕሬታ' ይጽሕፍ

ሎሚ፡ እቲ ኣዝዩ ክቡር ኣበርክቶ ናይ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ነቲ ኣውስትራሊያዊ መንነት ግንዙብን/ ዝኽበርን ብሰፊሑ ዝባዓልን ኢዩ። ብዙሓት ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታትን ኣብ ምሉእ ኣውስትራሊያዊ ሕብረተሰብ ናይ ምምራሕ ቦታታት፡ ኣብቲ ናይ ፍትሒ ስርዓት፣ ፖሊትካ፣ ኣርት ስፖርትን ዘጠቓልል ይርከቡ።

ኣልበርት ናማቲጂራ (1902 ዓ.ም-1959 ዓ.ም)




ኣልበርት ናማቲጂራ ዓቢ ኣውስትራሊያዊ ኣርቲስት፡ እቲ ምሉእ ሓድሽ መገዲ ናይ ምቕባእ ናይ ኣውስትራሊያ መልክዓ-መሬታት ዝፈለመ ነይሩ። ከም ሓደ መንእሰይ ኣረንተ ሰብኣይ፡ ኣልበርት ባህርያዊ ተውህቦ ናይ ምቕባእ ኣርኣየ። ብጣዕሚ ድሩት ዕላዊ ስልጠና ኢዩ ነይሩዎ፤ ይኹን'ምበር፡ ዝገበሮ ናይ ማይሕብሪ ቅብእታት ብዛዕባ'ታ ሃገር ኣውስትራሊያ ውሩያት ነይሮም፤ ብጣዕሚ ብቕልጡፍ ድማ ተሸይጦም።

ንሱን ሰበይቱን እቶም ኣብ ኣውስትራሊያ ዜጋታት ንኽኹኑ ዝተፈቕደሎም ቀዳሞት ኣቦሪጂናዊያን ሰባት ነይሮም። እዚ ማለት ካኣ፡ ከመርጹ፣ ናብ ሆቴል ክኣትዉን ኣብ ዝደለዩዎ ቦታ ገዛ ክሰርሑን ይኽእሉ ነይሮም። ናይ ኣልበርት ናይ ኣውስትራሊያዊ ዜግነት፡ እቲ ሓቂ እቲ ካልኦት ደቀባት ኣውስትራሊያውያን እዞም መሰላት ከምዘይብሎም ብድሙቕ ኣመልከተ።

ህይወቱ፡ ነቶም ዘይ-ደቀባት ኣውስትራሊያውያን ነቲ ዘይፍትሓዊነት ናይ ዓሊታዊ ሕግታት ኣርእዩዎም፤ ንለውጥታት ምእንቲ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታትን ካኣ ኣበርክቶ ገይሩ።

ኤዲ ማቦ (1936 ዓ.ም-1992ዓ.ም)



ኤዲ ኮይኪ ማቦ ብዛዕባ ናይ መሬት መሰል ንኣቦሪጂናዊያን ብዝምልከት ተንቀሳቓሳይን ብስሞም ተዛራባይን ነይሩ። ንሱ ኣብ ሙረይ ኣይላንድ ኣብቲ ጥንታዊ መሬት ናይቶም መሪያም ህዝቢ ናይ ቶረስ ስትረይት ተወሊዱ።

ካብ ቁልዕኡ ኣትሒዙ፡ ኣየኖት ኣግራብን ኣኻውሕን ንናይ ወለዱ መሬት ወሰናስን፡ ይፈልዩ ብትኽክል ዝተማህሮ ኢዩ።

ኤዲ፡ ክሳብ ድሓር ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ዝምሃሮ/ ዝፈልጦ፡ እታ ዓዱ ኣብ ትሕቲ ኣውስትራሊያዊ ሕጊ፡ ናይ ንግስነት/ ዘውዲ መሬት እምበር ንወለዱ ትብጽሖም ከም ዘይነበረት ይፈልጥ ኣይነበረን። ሕርቃኑ ናብ ንጥፈት ለዊጡዎ፤ ጉዳዩ ድማ ብስም እቲ ህዝቢ ናይ ሙረይ ኢስላንድ ናብ ቤት ፍርዲ ወሲዱዎ።

ብ1992 ዓ.ም፡ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት፡ ጉዳዩ ኣብ ላዕላይ ቤት ፍርዲ ተዓዊቱ። እቲ ማቦ ውሳኔ፡ ኣቦሪጂናዊ ህዝቢ ምስ መሬቶም ታሪኻዊን ቀጻሊ ልምዳዊ ምትእስሳርን ከም ዝነበሮምን ዘሎዎምን እንተድኣ ከረጋግጹ ክኢሎም፡ እሞ ድማ ዘይተጠልበት (ናተይ ዝብል ተዘይተረኺቡ) ምስ እትኹውን፡ ዋናታት ናይታ መሬት ምኽኖም ዋንነቶም ክከላኸሉ ከም ዝኽእሉ በይኑ። እዚ ውሳኔ'ዚ ዓቢ ክፋላት መሬት ናብ ቀዳሞት ዋናታቱ ናይ ምምላስ ስጉምቲ ኣኽተለ።

ኤዲ ማቦ ብትብዓቱን ናይ መሬት መሰላት ናቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ህዝብታት ከመዝግብ ብምኽኣሉን ይዝከር።

ኣብዛሓባህላዊ ስደት

ኣብ 1950'ታትን 1960'ታትን፡ እንዳዓበየ ዝኸደ ምንቅስቓስ፡ ብዙሓት ኤስያውያን፣ ቤተ-ክርስትያንን ካልኦት ጉጅለታትን፡ ነቲ 'ሳዕዳ ኣውስትራሊያ' ዝብል ፖሊሲ ንኸብቅዕ ሓሰቡ።

ብ1958 ዓ.ም፡ እቲ መንግስቲ ነታ ሰሚዕካ-ምጽሓፍ መርመራ ኣልዓላ፣ ብ1966 ዓ.ም ካኣ ኣውስትራሊያ፡ ንዘይ-ኤውሮጳዊን ከእለት ንዝውንኑ ኤስያዊያንን መሪጻ ምእታው ጀመረት። ኣብ መወዳእታ፡ ኣውስትራሊያውያን ኣብ ዝኹነ ቦታታት፡ ኣብቲ ናይ ኣውስትራሊያ ናይ ስደተኛ ፕሮግራምም ካብ ኩሉ ሃገራት ናይ ምቕባል ዋጋ/ ጥቕሚ ተገንዘቡ።

ብ1973 ዓ.ም፡ እታ 'ሳዕዳ ኣውስትራሊያ' ፖሊሲ ተወድኣት፣ ኣውስትራሊያ ድማ ናብ መስመር ባህላዊ-ኣብዛሓዊነት ኣተወት። ካብዚ ጊዜ'ዚ ንድሓር፡ እቲ መንግስቲ ንኹሉ ዓሌታዊ መለኪዒታት ኣብ ኣተሓሕዛ ስደት/ ኢሚግረሽን ኣልገሶ። ብ1975 ዓ.ም፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ቬትናም ኩናት፡ ኣውስትራሊያ ዓቢ ቍጽሪ ኤስያዊያን ስደተኛታትን ማይግራንትን፡ መብዛሕትኦም ካብ ቬትናም፣ ቻይናን ህንድን ተቐበለት።

ካብ 1945 ዓ.ም ኣትሒዙ፡ ሚሊዮናት ኣህዛብ ናብ ኣውስትራሊያ፤ ብዙሓት ስደተኛታት፡ ካብ ብኩናት ዝተበታተኻ ሃገራት እውን ንኽነብሩ መጹ። ሎሚ፡ ናይ ኣውስትራሊያ ማይግራንት ካብ ምሉእ ዓለም ኢዩ ዝመጽእ።

ኣውስትራሊያ ንጡፍ ፖሊሲ ናይ ምሕጃፍ ኣሎዋ፤ ኣብቲ ኩሉ ሰብ ካብ ኩሉ ዓሌት፣ ቀቢላነት፣ ወይ ባህሊ ኣካል ናይ ሕብረተሰብና ኰይኑ ዝስምዖ። እዚ ፖሊሲ'ዚ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ኣውስትራሊያ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ናይ መንግስቲ እውን ይዝውተር። ኣብ ናይ ትምህርቲ ካሪክሩምምና፡ ካብ ፈለማ ቍልዕነት ክሳብ ዩኒቨርሲቲ የንጸባርቕ፤ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ናይ ስራሕ ቦታታት ኣብ ኣገልግሎት ይውዕል።

እቲ መሰል ናይ ነፍስ ወከፍ ውልቀሰብ ብማዕረን ብዘይ ኣድልዎን ክርእን ክትሓዝን፡ ኣብ ኣውስትራሊያ በቲ ኣውስትራሊያዊ ሰብኣዊ መሰላት ኮሚሲዮንን፣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ክፍለ-ሃገርን ንኡስ ክፍለ-ሃገርን ድማ ብናይ መንግስቲ ጸረ-ኣድልዎ ኣጀንስታትን ሕሉው ኢዩ። ዓሌታዊ ኣድልዎ ብወግዒ ኩኑን ኢዩ፤ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ካኣ ገበን ኢዩ።

ኣውስትራሊያ ናይ ስኒትን ቅበላን ኣብዝሓ-ባህላዊ ሕብረተሰብ ኰይና ኢያ። ኣውስትራሊያ፡ ማይግራንትን፣ ደቀባት ኣውስትራሊያውያንን ዝኸነ ኣብ ኣውስትራሊያ ዝተወልደን፡ ሽቶታቶም ብሰላም ንምስልሳል ናጽነት ክስምዖም ዝኽእሉላ ሃገር ኢያ።

ዶ. ቪክቶር ቻንግ (1936 ዓ.ም-1991 ዓ.ም)

ዶ. ቪክቶር ቻንግ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ናይ ልቢ መጥባሕቲ ኣውስትራሊያውያን ነይሩ። ቪችቶር ፐተር ቻንግ ያም ሂም ብ1936 ዓ.ም ኣብ ቻይና ተወሊዱ፤ ናብ ኣውስትራሊያ ካኣ ወዲ 15 ዓመት ከሎ መጺኡ።

ኣብ ሳይንት ቪንሰንት ሆስፒታል ኣብ ሲድነይ ሰሪሑ፤ ብ1984 ዓ.ም ድማ ኣብ ኣውስትራሊያ እታ ቀዳመይቲ ማእከል ኣቑሙ። ንሱ ብናይ ልቢ ምትካእ ክኢላ ነይሩ። ብ1986 ዓ.ም፡ ኮምፓኒዮን ኦፍ ዘ ኦርደር ኦፍ ኣውስትራሊያ ተሰምየ።

ቪክቶር ብሕጽረት ናይ ለገስቲ ኣተሓሳሰቦ፤ ስለዚ ኣርቲፊሺያል ልቢ ምቕራጽ ጀመረ። ኣብቲ ብ1991 ዓ.ም ብዘሕዝን ዝተቐትለሉ ጊዜ፡ ነታ ቅርጻ ዳርጋ ወዲኡዋ ነይሩ።

ንዝኽሩ ሕድሽ ናይ መጽናዕቲ ማእከል ቑመ። ብናይ ኤክስፐርት፣ ጽቡቕን ህንጡይን ሕልናኡን ናይ ምምሃዝ ዓቕምታቱን ይዝከር።



ኣብ መደምደምታ

እዞም ገጻት እዚኦም ናብ ኣውስትራሊያዊ ዛንታና ሒደት ነገራት ሂበሙኹም ኣሎዉ። ናብ ኣውስትራሊያዊ ዜግነት ብሰላም ንቕበለኩም፤ ከምኡ ድማ ኣብዚ ሰላማዊን ዲሞክራሲያዊን ሃገርና ምሉእ ምክፋልኩም ንዕድም።

ከም ዜጋ፡ ከም ካልኦት ኣውስትራሊያውያን ዜጋታት፡ ኩሉ ተመሳሳሊ ሓላፍነታትን ሓለፋታትን ክትሳተፍን፣ ከምኡውን ከም ምሉእ ኣባል ናይዚ ኣውስትራሊያዊ ማሕበረሰብ ቦታኻ ክትሕዝ/ ክትወስድ ኢኻ። መጻኢ ናይ ኣውስትራሊያ ኣብ ምቕራጽ ኣብ ምሕጋዝ ሓላፍነታትካ ክትካፈል ኢኻ፤ ከምኡ ድማ፡ ናብ ንጡፍ ተሳትፎኻ ኣብዚ ሃገራዊ ፕሮጀክት ነተባብዕ።

ማህደረ-ቃላት ናይቲ ንመርመራ ኣገዳሲ ክፍሊ

ኣምባሳዶር
ሓደ ሰብ፡ እቲ ሃገር ወይ ንጥፈት ዝውክል ወይ ብጽቡቕ ዘላሊ

ቦርድ/ ሽማግለ
ጉጅለ ብሰባት፡ ውሳኔታት ክወስዱ/ ክገብሩ ዝተመርጹ፤ ንኣብነት፡ ብዛዕባ ሓንቲ ካምፓኒ ብከመይ ክትምሓደር ከም ዝሀሉዋ

ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ
ሓደ ቤት ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ኣብኡ ዝቕመጡሉን፤ ንምሉእ ናይ ትምህርቲ ክፍለ-ዓመት/ ተርም ንግዝኦም ካብኡ ዘይምለሱን

ጫካ
እቲ ጌና ኣብ ባህርያዊ ኩነታት ዘሎ ኣውስትራሊያዊ ገጠር ቦታታት

ናይ ከብቲ ጣብያ/ መደበር
ዓቢ ናይ ሕርሻ ቦታ፡ መፍረዪ ከብቲ

ቻርተር
ብዛዕባ መሰላትን ሓላፍነታትን ብጽሑፍ ወግዓዊ መግለጺ

ናይ ሓባር ባይታ
እትካፈሎ/ እትሰማማዓሉ ናይ ድሌታት ክፍሊ/ መዳይ

ብምድፍፋእን ምትብባዓትን ዝተመልመለ ወተሃደር
ሓደ ወተሃደር፡ ናብ ናይ ምክልኻል ሓይሊታት ክኣቱ ባዕሉ ዘይመረጸ፤ ግን ኣብ ጊዜ ኩናት ዝኣተወ/ ዝተጸምበረ

መሬት ዘውዲ
እቲ መንግስቲ ዝውንኖ/ ዝብጽሖ መሬት

ካሪኩለም
እቲ ዓይነት ትምህርትን ኣርእስታትን ናይ ሓደ ክፍሊ ናይ ትምህርቲ

ዝተበታተኸ
ገንዘብ ወይ ዝኹነ መንገዲ ገንዘብ ናይ ምርካብ ዕድል ዘይምህላው

ዲድገሪዱ
ናይቶም ኣቦሪጂናዊ ኣውስትራሊያውያን ህዝብታት ካብ ነዊሕ፣ ጓንጓ ጨንፈር ዝተሰርሐ ናይ ሙዚቃ መሳርያ

ቅቡል/ ጽቡቕ ጸወታ
ነቶም ሕግታት ምስዓብን ዘይቅቡል ዕድል/ ኣጠቓቕማ ዘይምህላውን፤ ቅቡልን ንጹህን ኣተሓሕዛ ህዝቢ

ዝወደቑ ናይ ኣገልግሎት ሰብኡትን ኣንስትን
ናይ ኣገልግሎት ሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ኩናት ወይ ውግእ ዝተቐትሉ

ምምጻእ
ምህናጽ ወይ ምፍጣር

ድብዱብ ሃገራዊ እቶት/ ፍርያት (ድ.ሃ.እ.)
እቲ ዋጋ ናይ ኩሉ'ቲ ኣብ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ሃገር ዝፈረየ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን

ናይ ሙቀት ማዕበል
ብጣዕሚ ውዑይ ናይ ኣየር ጠባይ፡ ኣከታቲሉ ካብ ክልተ ማዓልታት ንላዕሊ ዝጸንሕ

ከድዓት
ከቢድ ናይ ገበን በደል፡ ነቲ መንግስቲ ናይ ምግልባጥ ዝካየድ ፈተነ

ኩስሚ/ ልሉይ
ብጣዕሚ ፍሉጥን ወካልን ምስሊ

ኩስማዊ ጥንታዊያን ቅብኢታትን
ፍሉይን ዝውክልን ናይቶም ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ ኣርት

ደቓባት
እቶም ኣቦሪጂናዊን/ ወይ ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ ናይ ኣውስትራሊያ

ግዙፍ ምድሪ
ዓቢ ክፍሊ/ ኣካል ናይ መሬት

እምነ-ኩርናዕ
ሓደ ኣገዳሲ ተረኽቦ ኣብ ታሪኽ

ናየቦ መሰል (ነቲቭ ታይትል)
ብመሰረት ኣውስትራሊያዊ ሕጋዊ ስርዓት ዝተወሰነ እቲ ኣቦሪጂናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ፡ ንመሬትን ማይን ዘሎዎም ልምዳዊ መሰላት

ኣፈ-ታሪኽ
ናይ ኣህዛብ ዝዝረብ ተዘክሮታት ብዛዕባ ኣብ ሕሉፍ ዘጋጠሙ

ፈላሚ
ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ሰፋሮ፡ ኣብቲ ነይ መጀመርያ ማዓልታት ናይ መግዛእታዊ ሰፈራ ዕዉት ዝኸነ

ፖሊትካዊ ውክልና
ኣብቲ ፓርሊያመንት ብሓደ ፖሊትካዊ ሰብ ምውካል

ፍርዲ
እቲ ብፈራዳይ ዝተወሰነ መቐጻዕቲ፡ ከም ሓደ ውሱን ጊዜ ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ናይ ገበን በደለኛ ኩይኑ ንዝተረኽበ ሰብ

ደሞዝ ምቕያስ
ሰራሕተኛታት ንዝህብዎ ስራሕ ክንደይ ዝኣክል ክኽፈሎም ይግባይ ምውሳን

ማሕበራዊ ምምሕያሽ
ኣብ ክንዲ ብናዕቢ ብዘገምታ በቢኒዙኡ ንሕብረተሰብ ምምሕያሻት ምግባር

ሃገራዊ ቀብሪ
ንሃገር ኣገዳሲ ኣበርክቶ ንዝገበረ ሓደ ዜጋ ንምኽባር ብመንግስቲ ተኸፊሉ ዝግበር ቀብሪ

ስቶኪይድ
መከላኸሊ ቦታ/ መዝገብ፡ ብትኽሎ ዕንጸይትታትን ሓጻውንን ዝተሰርሐ

ስቶክመን
ሰባት ከብቲ ክሕሉዉ ዝተቁጽሩ

ኣድማ
ሰራሕተኛታት ምስራሕ ደው ከብሉ ከሎዉ፡ ንኣብነት፡ ኣንጻር ናይ ክፍሊቶም ወይ ናይ ስራሕ ኩነታት ንምቅዋም

ሳፍረጅ
ኣብ ህዝባዊ ምርጫታት እቲ መሰል ናይ ምድማጽ

ቃለ-ግዴታ ምእታው
ህዝባዊ ሓላፍነት ንምውሳድ ብወግዓዊ ኣገባብ/ ጽምብል ቅቡል ምኺን

መነባብሮ
ማሕበራዊ ደርቢ ወይ ድሕረ-ባይታ፣ ስራሕ፣ መዚ/ ቦታ

ንዝያዳ ሓበሬታ

ኣውስትራሊያዊ ዜግነት

ብዛዕባ ብኽመይ ኣውስትራሊያዊ ዜጋ ትኽውን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካ፡ ኣብ www.citizenship.gov.au እቶዉ።

ኣውስትራሊያ

ብዛዕባ ኣውስትራሊያ ኣብ ናይ ከባቢኹም ላይብረርይ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዘን ዝስዕባ ወብሳይታት እውን ጠቓሚ ሓበሬታ ክህልወን ይኽእል'ዩ፡

- ብዛዕባ ኣውስትራሊያ www.australia.gov.au
- ኣውስትራሊያ ብሓጺሩ www.dfat.gov.au

ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ኣብ www.australia.gov.au እቶዉ።

ፈደራል ተወካሊ (MP) ወይ ሰነቶር

ናይ ከባቢኹም ፈደራል ተወካሊ (MP) ወይ ሰነቶር ናይ ክፍለ-ሃገርኩም ወይ ንኡስ ክፍለ-ሃገርኩም፡ ብዛዕባ ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ዝተፈላለዩ ብዙሓት ሓበሬታታት ኣሎዎም።

ዝርዝር ናይ ተወከልትን (MP) ሰነቶራትን፡ ኣብ www.aph.gov.au.

ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ውድባት/

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣውስትራሊያዊ መንግስቲ ውድባት፡ ኣብቲ ምንጪ መጽሓፍ ከም ዝተመልከቶ፡ ነዘን ዝስዕባ ወብሳይታት ተወከሱ፡

- ኣውስትራሊያዊ ናይ ምክልኻል ሓይሊ www.aph.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ናይ ምርጫ ኮሚስዮን www.aec.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ፈደራላዊ ፖሊስ www.afp.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ሰብኣዊ መሰላት ኮሚሲዮንን www.humanrights.gov.au
- ናይ ኣውስትራሊያ ስፖርት ኮሚሲዮን www.sportaus.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ናይ ቀረጽ/ግብሪ ቤት ጽሕፈት www.ato.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ናይ ኩናት መዘክራት www.awm.gov.au
- ናይ ምዕቓር ባንክ ኣውስትራሊያ www.rba.gov.au

ዘይ-መንግስታዊ ውድባት/

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ዘይ-መንግስታዊ ውድባት፡ ኣብቲ ምንጪ መጽሓፍ ከም ዝተመልከቶ፡ ነዘን ዝስዕባ ወብሳይታት ተወከሱ፡

- ብራድማን መሰረት ኣውስትራሊያ www.bradman.com.au
- ማሕበራት ሀምሊንፊስቱላ www.hamlinfistula.org
- ዘውዳዊት በራሪት ዶክቶር ኣገልግሎት ናይ ኣውስትራሊያ www.flyingdoctor.org.au
- ቤት ትምህርቲ ብኣየር/ ብራዲዮ www.schoolair-p.schools.nsw.edu.au
- በረዳም ኣኽራናት ሃይድሮ-ኣሌክትሪች ስኪም (Hydro-Electric Scheme) www.snowyhydro.com.au
- ዘ ፍረድ ሆሎውስ መሰረት www.hollows.org
- ሕቡራት ሃገራት ትምህርታዊ፣ ስነ-ፍልጠታዊን ባህላዊን ውድብ (UNESCO) ናይ ዓለም ቅርስታት ማእከል whc.unesco.org
- ውድብ ሕቡራት ሓገራት www.un.org
- ቪክቶር ቻንግ ናይ ልቢ መጽናዕቲ ኢንስቲትዩት www.victorchang.edu.au
- ውለንታዊነት ኣውስትራሊያ www.volunteeringaustralia.org

ካልእ

ንተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ'ዞም ዝስዕቡ ኣርእስታት፡ ናብዞም ዝስዕቡ ወብሳይታት ተወከሱ፡

- ኣውስትራሊያ ኮንስቲቱሽን www.aph.gov.au
- ኣውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት ስልማት www.australianoftheyear.org.au
- ናብ ቤቶም ምምጻእ ('Bringing them home') ጸብጻብ www.humanrights.gov.au
- ኮሞንወልዝ ፓርክታትን ሕዙእ ቦታታትን www.environment.gov.au
- ሳይበር ድሕነት www.esafety.gov.au
- ብዛዕባ ዘቤታዊን ናይ ስድራን ዓመጽ ድጋፍ www.respect.gov.au, www.1800respect.org.au, www.dss.gov.au/women/help-is-here-campaign
- ውሩያት ኣውስትራሊያውያን፡ እቲ ኣውስትራሊያዊ መዝገበ-ቃላት/ ዲክሽነሪ ናይ ባዮግራፊ adb.anu.edu.au
- ዝርዝር ንድፊ-ሕግታት ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣብ ፓርሊያመንት www.aph.gov.au
- ናይ ኣውስትራሊያ ፓርሊያመንት www.aph.gov.au
- ፓርሊያመንታዊ ናይ ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት www.peo.gov.au
- ህዝባዊ ባዓላት www.australia.gov.au
- ዓሌትነት humanrights.gov.au
- እቐፊታ ንናይ ኣውስትራሊያ ኣቦሪጅናዊን ቶረስ ስትረይት ኢስላንደርን ኣህዛብ www.australia.gov.au

ሞሳን ምስጋናን

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ናይ ክፍሊ ሕርሻ፣ ማይን እቲ ከባቢያዊ-ዙርያን ኢዮም ቕሪቦም:

p50 ታዝማንያን ጸምጸም በረኻ

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ናይ ሆም ኣፈርስ ኢዮም ቕሪቦም:

p5 ናይ ዜግነት ጽምብል ባዓል ኣብ ኣልበርት ሆል፡ ካንበራ

p5 ምስክር ወረቐት ናይ ኣውስትራሊያዊ ዜግነት

p11 ናይ ምትካኽ ጽምብል ባዓል

p34 ስድራ ቤት ኣብ ሓደ ኣውስትራሊያዊ ናይ ዜግነት ጽምብል ባዓል ኣብካንበራ

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ናይ ኣውስትራሊያ ሃገራዊ ኣርካይቭ ኢዮም ቕሪቦም:

p51 ቁልዑ ኣብ ናይ ኣባኒዕ ኣዳራሽ NSW - ቤት ትምህርቲ ናይቲ ኣየር፣ ስእሊ ብ1962 ዓ.ም ዝተላዕለ (ref: A1200:L42511)

p60 ዲክ ስሚዝ፡ ኣቦወንበር ናይ ሲቪል ኣቪኣሽ ኣውቶሪቲ፡ 1991 ዓ.ም (ref: A6135:K23/5/91/1)

p65 ኣበል ናይ ታስማንማፕ ናይ ኒው ሆላንድ፡ 1644 ዓ.ም (ref: A1200:L13381)

p68 ታሪኻዊ ምስሊ ናይቲ ውድድር ወርቂ ኣብ ኣውስትራሊያ ብ1851 ዓ.ም (ref: A1200:L84868)

p70 'ኣፍጋን' ሰብ ኣግማል ኣብቲ ርሑቕን ጸምጸም በረኻታትን ኣውስትራሊያ (ref: A6180:25/5/78/62)

p77 ሰር ኤድዋርድ 'ወሪ' ('Weary') ዳንሎፕ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ 1986 ዓ.ም (ref: A6180:1/9/86/12)

p78 ኤውሮፓዊ ማይግራንት ኣብ ኣውስትራሊያ ምእታው ኤውሮፓዊያን ማይግራት ኣብ ኣውስትራሊያ፡ ኢጣልያዊያን ኣብ ስራሕቲ ናይ ቃንጫ ሽኩር ኣብ ሞንጎ ኣኻውሕ (Flaminia in Cairns?) 1955 ዓ.ም (ref: A12111:1/1955/4/97)

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ሃገራዊ ላይብራሪ ኣውስትራሊያ ኢዮም ቕሪቦም:

p53 ስእሊ ናይ ዩዲዝ ራይት፡ ብ1940'ታት ዝትሓትመ (ref: nla.pic-an29529596)

p65 እታ ቀዳመይቲ መርከብ ኣብ ሲድነይ ኮቭ፡ 27 ጥሪ 1788 ዓ.ም፣ ብጆን ኣልኮት (1888 ዓ.ም-1973 ዓ.ም) ዝተቐርጸት (ref: nla.pic-an7891482)

p66 ስእሊ ናይ ካሮላይን ብቶማስ ፈይርላንድ (1804 ዓ.ም-1852 ዓ.ም) ዝተሓትመት (ref: nla.pic-an9193363)

p71 ስእሊ ናይ ካሮላይን ሀለን ስፐንስ ብ1890'ታት ዝተሓትመት (ref: nla.pic-an14617296)

p74 ጆን ሲምፕሶን ኪርክፓትሪክን ኣድጉን፡ ጋሊፖሊ - 1915 ዓ.ም (ref: nla.pic-an24601465)

p76 ስእሊ ናይ ሰር ቻርለስ ኤድዋርድ ኪንግስፎርድ ስሚዝ፡ ኣብ ሞንጎ 1919 ዓ.ም ን 1927 ዓ.ምን ዝተሓትመት (ref: nla.pic-vn3302805)

p81 ስእሊ ናይ ኣልበርት ናማጂራ ኣብ ሄርማንስበርግ ሚሲዮም፡ ኖርዘርን ተራቶሪ ባርተር ግሩም ብ1946 ዓ.ም ወይ 1947 ዓ.ም ዝተሓትመት (ref: nla.pic-an23165034)

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር iStock ኢዮም ቕሪቦም:

ገቨር ሚሞሳ ጸደይ ዕምባባታት፡ ©iStockphoto.com/ST-art (ref: 1135566007)

p6 ካንጋሩ ኣደን ጆይን ኣብ ላኪ በይ፡ ወስተርን ኣውስትራሊያ - ©iStockphoto.com/NeoPhoto (ref: 1142608453)

p9 ለይክ ህዩም፡ ቪክቶሪያ፡ ©iStockphoto.com/tsvibrav (ref: 675826394)

p15 ውስትራሊያዊ ጸሊም ኣፓል፡ ©iStockphoto.com/Alicat (ref: 173691056)

p17 ኣውስትራሊያዊ ባንዴራ፡ ©iStockphoto.com/davidf (ref: 471630390)

p19 ኣብዝሓ-ንሳዊ ጉጅለ ካብ ናይ መባእታ ናይ ደቀንስትዮ ቤት ትምህርቲ፡ ©iStockphoto.com/FatCamera (ref: 877714382)

p23 ኣውስትራሊያዊ ፓርሊያመንት ሃውስ - ካንበራ ©iStockphoto.com/felixR (ref: 157193181)

p33 እኩባት ሰባት፡ ©iStockphoto.com/davidf (ref: 913541808)

p36 ጋቨል ኤንድ ስከልስ አፍ ጁስቲስ፡ ©iStockphoto.com/studiocasper (ref: 1004781908)

p37 ዝተፈላለዩ ጉጅለ፡ ©iStockphoto.com/SolStock (ref: 1203934273)

p39 ግሪን ዋትል ክሪክ ፋየር ኤን.ኤስ.ዳብልዩ፡ ላውስትራሊያ፡ ታሕሳስ 2019 ዓ.ም፡ ©iStockphoto.com/PetarBelobrajdic (ref: 1198579743)

p47 ብኢድ ዝተቐብአ - ዲድገሪዱስ፡ ©iStockphoto.com/lore (ref: 185011099)

p48 ቦንድ ቢች፡ ሲድነይ፡ ©iStockphoto.com/Edd Westmacott (ref: 91095176)

p49 ሲድነይ ኦፐራ ሃውስ - ኒው ሳውዝ ወልስ፡ ©iStockphoto.com/slowstep (ref: 607986870)

p50 ኡሉሩ-ካታ ትጁታ ሃገራዊ ፓርክ - ኖርዘርን ተሪቶሪ፡ ©iStockphoto.com/bennymarty (ref: 1184425004)

p63 ኡሉሩ - ኖርዘርን ተሪቶሪ፡ ©iStockphoto.com/simonbradfield (ref: 539027478)

p64 ላቦሪጂናዊ ከውሒ ላርት - ሳራቶጋ ፊሽ፡ ©iStockphoto.com/Alpen Gluehen (ref: 2761924)

p75 መናድቐ ናይ ላውስትራሊያዊ ናይ ኩናት ዝኽሪ፡ ካንበራ ©iStockphoto.com/ Matt Palmer (ref: 1125736631)

እዞም ዝስዕቡ ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ሻተርስቶክ (Shutterstock) ኢዮም ቐሪቦም፡

p7 ደቀባት ሳዕሳዕቲ ላብ ሆምግራውንድ ፈስታ - ሲድነይ፡ ላዕላይ ቤት ፍርዲ ናይ ላውስትራሊያ ©shutterstock.com/PomInOz (ref: 345113882)

p21 ላድማጺ፡ ©shutterstock.com/Nils Versemann (ref: 446229916)

p31 ላዕላይ ቤት ፍርዲ ናይ ላውስትራሊያ፡ ©shutterstock.com/Greg Brave (ref: 1051621895)

ዝተረፉ ካልኦት ምስልታት ብጽቡቕ ምትሕብባር ናይዞም ዝስዕቡ ውድባት/ ማሕበራት ኢዮም ቐሪቦም፡

p24 ኮሞንወልዝ ናይ ላውስትራሊያ ኮንስቲቱሽን ዓንቀጽ 1900፡ ኦሪጅናል ህዝባዊ ቅዳሕ፡ ምስሊ ምትሕብባር ናይ ጊፍትስ ኮለክሽን፡ ፓርሊያመንት ሃውስ ላርት ኮለክሽን፣ ክፍሊ ፓርሊያመንታሪ ላገልግሎት፣ ካንበራ ACT

p40 ሄርድ ኢስላንድን መክዶናልድ ኢስላንድን ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ላውስትራሊያዊ ኣንታርክቲክ ክፍሊ፡ ©Commonwealth of Australia, photograph by L. E. Large (ref:1892A2)

p52 ሰር ዶናልድ ብራድማን ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ብራንድማን ሙዘዩም ኦፍ ክሪክት ሰር ዶናልድ ብራድማን ላውስትራሊያዊ ተስት ካፕ ለቢሱ ከሎ፡ ብ1932 ዓ.ም-1932 ዓ.ም ዝተሳእሎ ላውስትራሊያን ሲዝን ምስሊ

p54 ዶ. ፊዮና ዉድ AM፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይቲ ናሽናል ላውስትራሊያ ደይ ካውንስል

p55 ፕሮፌሶር ፍረድ ሆሎውስ ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ፍረድ ሆሎውስ መሰረት፣ photograph by Frank Violi

p56 ዶ. ጀይምስ ምወኪ AM፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ላውስትራሊያዊ ናይዛ ዓመት ስልማት

p56 ፕሮፌሶር ሚቸለ ሳይመንስ፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይቲ ናሽናል ላውስትራሊያ ደይ ካውንስል

p61 ዶ. ካተሪን ሀምሊን AC ምስሊ ብምትሕብባር ናይ Hamlin Fistula Relief and Aid Fund

p71 ሎርድ ላሚንግቶን ላብ ፈደረሽን ማዓልቲ፡ ብ1901 ዓ.ም ንህዝቢ ላብ ብሪስበን እናተዛረበ፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ክፍሊ-ሃገር ላይብራሪ ናይ ኩንስላንድ - by H.W. Mobsby (ref: 47417)

p72 ኤዲዝ ኮወን፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይቲ ናሽናል ሙዘዩም ኦፍ ላውስትራሊያ

p73 ዶረሲ ማክለር፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይቲ ስተይት ላይብረሪ (State Library of NSW)

p76 ናይ መረቐ ክሽነ፡ ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ክፍሊ-ሃገር ላይብራሪ ናይ ኒው ሳውዝ ወልስ (Mitchell Library) ተማሃሮ ቁልዑ፡ ናጻ መረቐን ዳቦን ክዕደሉ፡ ይስርዐ። በልሞር ኖርዝ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ፡ ኤን.ኤስ.ዳብልዩ፡ 2 ነሓሰ 1934 ዓ.ም ስእሊ፡ ብሳም ሁድ (ref: H&A 4368)

p77 ሓደ ውጉእ ወተሃደር ላብ ኮኮዳ ትራክ (KokodaTrack)፡ ብምትሕብባር ናይቲ ላውስትራሊኣዊ ናይ ኩናት መዘክር፡ (ref: 014028)

p81 እዲ ማቦ፡ ምስሊ ብፍቓድ ናይ በርኒታን ጋይል ማቦን ዝተባዝሐ

p82 ዶ. ቪክቶር ቻንግ ምስሊ ብምትሕብባር ናይ ቪክቶር ቻንግ ናይ ልቢ መጽናዕቲ ኢንስቲትዩት (Victor Chang Cardiac Research Institute)

መዘኻኸሪ

